# መቓልሕ ትግራይ

ብቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ በብኽልተ ሰሙን ዝሕተም ጋዜጣ  30 ሓምለ 2012 ዓ/ም ሕታም 636 ብነፃ ዝዕደል



## “ስትራቴጂክ ትልሚ ልምዓት 25 ዓመታት ትግራይ ኣብ መስርዕ ዝማዕበላ ሃገራት ክትድልደል ዘኽእላ እዩ”

ዶክተር ኣብርሃ ኪሮስ ምክትል ዋና ዳይሬክተር ኢንስቲትዩት መፅናዕትን ምርምርን ፖሊሲ ትግራይ

ብይርጋ ኣብርሃ

እቲ ድሕሪ 25 ዓመታት ንትግራይ ኣብ መስርዕ ዝማዕበላ ሃገራት ክትስራዕ ዘኽእላ ስትራቴጂክ ትልሚ ልምዓት ትግራይ ኣብ ደገን ወፃእን ዘለው ሙሁራትን መንግስትን ትግራይ ፍሉይ ትኹረት ሂቦም ይሰርሕሉ ምህላዎም እቲ ኢንስቲትዮት ኣፍ ሊጡ።

ምኽትል ዋና ዳይሬክተር እቲ ኢንስቲትዩት ዶክ ተር ኣብርሃ ኪሮስ፣ ብፍሉይ ምስ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕትት ከምዝበልዎ፣ እቲ መፅናዕትን ምርምርን ኣብ መላእ ዓለም ኣብ

ናብ ገፅ 4 ይዘውር ...



## ኣብዚ ዓመት ኣብ ትግራይ ልዕሊ 700 ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዛት ተጣይሸን

ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት መፅናዕትን ምምሕያሽን ኢንተርፕራይዛት ወ/ሮ ኣፀደ ገ/ኪዳን

ብኣሸናፊ ዘውዴ

ኣብ ትግራይ ኣብ 2012 ዓ.ም ልዕሊ 700 ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዛት ከም ዝተጣየሻን ልዕሊ 6 ሽሕ ነባራት'ውን ብምጥንኻር ንኣስታት 8162 ወገናት ዕድል ስራሕ ከምዝተፈጠረ ኤጀንሲ ኣናእ ሽተይን ማእኸለዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብቲ ኤጀንሲ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት መፅናዕትን ምምሕያሽን ኢንተርፕራይዛት ወ/ሮ ኣፀደ ገ/ኪዳን ምንቅስቓስ ኢንተርፕራይዛት ኣመ ልኪተን ምስ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ኣብ ዝገበርኦ ቃለ መሕትት፤ ኣብ ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን

ናብ ገፅ 2 ይዘውር ...



## ህወሓትን ተናሓናሕቲ ውድባትን ንሃገርን ዓለምን መርኣያ ዝኸውን መረፃ ከሳልጡ ትፅቢት ይግበር

**ነበርቲ ከተማ መቐለ**

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

መንእሰይ ኑሩ ስዒድን ወይዘሪት ትርሓስ ካሕ ሳይን፣ ኩሉ ነገር ትሕቲ ህዝቢ ትግራይ ስለ ዝኾነ ህወሓትን ተናሓናሕቲ ውድባትን ኣብ ሕማም ቫይረስ ኮረና ግቡእ ጥንቃቐ ወሲዶምን ኣብ ልዕልነት ሕጊ ተሞ ርኵሶምን ንሃገርን ዓለምን መርኣያ ዝኸውን መረፃ ከሳ ልጡ ትፅቢት ንገብር ኢሎም፡፡

ከም መብርሂ መንእሰይ ኑሩ ስዒድ፣ ኣብ ቀፅሪ ኣርባዕተ ኪሎ ዝነቀጠ ውልቀ መላኺ ጉጅለ ብል ፅግና፣ ኣብ ተወለድትን ሚድያን ትግራይ፣ ዝወሰዶ ወፍሪ ዓፈና፣ ብደም ዝተፅሓፈ ሕገ መንግስትን ስርዓት ፌደራልን ኣሊኻ፣ ትማሊ ተፈቲኑ ዝወደቐ ስርዓት ኣሃዳውያን ንምምላስ ዝግበር ጉምብሕ ጥልዕ ኣብ

ናብ ገፅ 2 ይዘውር ...

## ኣብ ቅብሊት ምሃብን ምሕታትን ፀገም ምህላዉ ተገሊፁ

ብግርማይ ተኽለብርሃን

ሎሚ ዘበን ኣብ ትግራይ ኣብ ምሃብን ምሕታትን ቅብሊት ፀገም ምህላዉ ስዒቡ መንግስቲ ክረኽቦ ዝግ ባእ ዝነበረ ኣታዊ ከምዝሰኣነ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ።

ኣብ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ክልል ትግራይ ኣተሓ ባባሪ ትምህርትን ስልጠናን ግልጋሎት ዓማዊልን ኣይተ በላይ ገብረወልድ ከም ዝበልዎ፤ ገለ ነጋዶ ቅብሊት ኣብ ምሃብ፣ ህዝቢ እውን ቅብሊት ኣብ ምሕታት ዓብዪ ፀገም ስለዘሎ እቲ ክፍተት ንገለ መደናገርቲ ነጋዶ በሪ ዝኸፍትን መንግስቲ ትግራይ'ውን ክጥቀመሉ ዝነበረ እቶት ንውልቀ ረብሐኦም የውዕልዎ ኣለዉ።

ኣብ 1500 ቫት ተመዝገብትን ብስርዓት ቅብሊት ዘይህቡን ነጋዶ መፅናዕቲ ከምዝተገበረ ዝገለፁ እቶም መተሓባባሪ፣ ካብዚኣቶም እቶም 70 ሚኢታዊ ፈፂሞም ቅብሊት ዘይህቡን ወይ ሰብ እናመረፁ ቅብሊት ዝህቡን እዮም። እቶም 30 ሚኢታዊ ድማ ንተገልገልቶም ብስርዓት ቅብሊት ከምዝህቡ ተረጋጊፁ እዩ።

ኣብዚ ዓመት ልዕሊ 6 ነጥቢ 7 ቢልዮን ብር ኣታዊ ንምርካብ ዝተተለመ እንትኾን፣ ብሰንኪ ቅብ ሊት ዘይምሃብን ዘይምሕታትን ክሳብ ሕዚ ዝተ ኣከበ 5 ነጥቢ 25 ቢልዮን ብር ጥራሕ ከምዝኾነ ኣይተ በላይ ኣፍሊጦም።

ሓደ ሓደ ነጋዶ ቕብሊት ዘይህቡን ኮነ ኢሎም ዘይሕጋዊ ቅብሊት ዘዳልዉን ኣለዉ። ብካሊእ ገፅ ድማ ነቲ ነጋዳይ በብእዋኑ ተኸታቲልካ ረብሕኡ ኣረዲእካ ክሰጋገር ኣብ ምግባር፣ ቫት ምስተመዝገበ ኣቐራርፅኡን ሒሳብ መዝገቡን ተኸታቲልካ፣ ሕጊ ንዘየኽብር ነጋዳይ ናብ ሕጊ ኣብ ምውሳድ ዘሎ ፀገም እቲ ኣታዊ ግብሪ ዘንእሶ ዘሎ ምኽኑ እቶም መተሓባበሪ ኣገንዚቦም።

እቲ ብሰንኪ ቅብሊት ዘይምሃብን ዘይም ሕታትን ንስእኖ ዘለና ገንዘብ ልምዓት ትግራይ ንድሕሪት ዝጎትት ምኳኑን ዘለናሉ ጊዜ፣ እዋን መኸተን ምኳኑ ብምርዳእ ንመንግስቲ ብእቶት ሓገዝ ክንገብር ይግባእ፤ ተመዝገብቲ ቅብሊት ትክ ክለኛ ሒሳብ መዝገብ ኣዳሊዎም ብምቕራብ፤ ኣብ ልምዓት ክልሎምን ኣብቲ መኸተን ልዑል ግደ ንክ ፃወቱ ኣይተ በላይ ፀዊዖም።

**ዝኸበርኩም ተገልገልትና**

**እዋናውን ተኣማንን ዜና ካልኦት ዓበይቲ ሓበሬታታት ህዝብን ክልል ትግራይን ሃገርን ዓለምን ተኸታቲልኩም like, share comment ብምግባር ንክትሳተፉ ንዕድም ።**

**Facebook: https://www.facebook.com/TigrayCAB/**

**Youtube: Tigray Communication Affairs Bureau**

**Twitter: https://twitter.com/TigrayCAB**

**ወጋሕታ ምዕራፍ ብራኸ ትግራይ ንኪጋሃድ፣ ኮሮና ቫይረስ ንመክት !**

# ቅንያት ወረዳታት

## ሕንጣሎ

ኣብ ወረዳ ሕንጣሎ ልዕሊ 2 ነጥቢ 3 ሚልዮን ፈልሲ ንክትከል ከምዝተዳለወን ካብዚ ልዕሊ 337 ሽሕ ተኺሊ ከምዝተተከለን ቤት ፅሕፈት ሕርሻን ገጠር ልምዓትን እቲ ወረዳ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ ቤት ፅሕፈት ሕርሻን ገጠር ልምዓትን እቲ ወረዳ መተሓባበሪ ዘፈር ቁጠባ ኣይተ ጎይትኦም ተስፉይ ከምዝበልዎ፤ ኣብዚ ዓመት ኣብቲ ወረዳ ልዕሊ ክልተ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ፈልሲ ንምትኻል ተዳለዉ ከምዘሎን እዚ ብተሳትፎ መላእ ህዝቢ እቲ ወረዳ ንክትከል ስራሕቲ ምልዕዓል ብምስራሕ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ኣብ ትሻ ዓተ ጣብያታት 337 ሽሕ ከልሲ ከምዝተተከለን ካብዚ ኣብ ጣብያ ፍረወይኒ ጥራሕ 45 ሽሕ ፈልሲ ተተኪሉ፡ ፡ እቲ ተተኪሉ ዘሎን ንቐፃሊ ዝትከልን ፈልሲ ፅዒቁ ሓምለዋይ ከባቢ ክፍጠር እንተኮይኑ ሕ/ሰብ ብተኸታታሊ ነቶም ተኸልታት ክኹስኩስን ማይ ከስትዮምን ይግባእ።

ዋና ኣማሓዳሪ እቲ ወረዳ ኣይተ ደስታ ግርማይ ብወገኖም፣ ንክትከል ዝተዳለወ 2 ነጥቢ 3 ሚልዮን ፈልሲ ሙሉእ ብሙሉእ ንምትካል ተኸታታሊ ሽውዓተ መዓልቲ፣ መዓልቲ ፈልሲ ምትካል ምኺኑ ሕ/ሰብ ፈሊጡ በብጣብይኡን ከባቢኡን ንኽኸትት ብምሕባር፣ ሓምለወይቲ ትግራይ ንምፍጣር ነካይዶ ዘለና ተኸላ ፈልሲ ኣብ ኩለ መዳይ መኸተ ኮይንና እነካይዶ ዘለና ብምኺኑ ሕ/ሰብ ከይተዘናገዐ ኣብ መኸተ ቫይረስ ኮሮናን ካልኦትን እውን ብዕቱብ ክንቀሳቐስ ከምዝግበእ ኣገንዚቦም፤ ክብል ካብ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን እቲ ወረዳ ከኢላ ፐረስ ሙሴ በየነ ፀብፂቡ፡፡

## ዞባ ደቡብ

ከም ክልል ሎሚ ዘበን ክረምታዊ ማእቶት ብዕፅፊ ንምዕባይ እናተሰርሐሉ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ ገለ ከባብታት ዓፋርን ሱዳን ኣምበጣ ዝፍልፍለሉ ኩነታት ስለዘሎ ሓረስቶት ልዑል ጥንቃቐ ንክገብሩ ቤት ፅሕፈት ሕርሻን ገጠር ልምዓትን ዞባ ደቡብ ኣፍሊጡ፡፡

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ሕርሻ ዞባ ደቡብ ኣይተ ሃይለ ታደለ ከም ዝበልዎ፣ ኣምበጣ ኣብ ሰሜን ምዕራብ ኬንያን ዓፋርን ዝፍልፈለሉ ኩነታት ከምዘሎን መጠኑ እውን ካብቲ ዝነበረ ብሓሙሽተ ዕፅፊ ዝዓቢ ስለዝኾነ፣ ነዚ ንምጥፋእ ሰፊሕ ምድላውን ዓብዪ ስራሕ ምስራሕን የድሊ፡፡ ስለዚ ሓረስታይን መላእ ህዝብን ክዳለዉን ሎሚ እውን ከም ሕሉፍ እዋን ብመልክዕ ሰራዊት ልምዓት ንክከትት ምድላው ንክገብር ይግባእ።

ኣብ ገለ ከባብታት ዓፋር መዋስንቲ ራያ ዓዘቦን ራያ ኣላማጣን ዝኾኑ ቦታታት ዓፋር ሊያሎን መጋለን ኣምበጣ ይፍልፍል ስለዘሎ እዚ ንምጥፋእ ምስ ዓፋር ምርድዳእ ተገይሩ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ብቐፃልነት ምክትታል ወሳኒ ምኺኑ ብምርዳእ፤ ሓረስቶት ዘራእቶም ብባልዓትን ወራር ኣምበጣን ከይጥቃዕ ቀትርን ለይትን ዘራእቶም ክከታተሉ ከምዘለዎምን ወራር ኣምበጣ ኣብ መሬት ትግራይ ከይኣተወ ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ከየብፀሐ ንክጭፍጨፍ ኩሉ ናተይነት ስምዒት ብምሓዝ ንክሰርሐሉ ብኣግኡ ክዳለዉ ከምዘለዎ እቶም ሓላፊ ኣተሓሳሲቦም፡፡

## ኣሕስኣ

ኣባላት ቤት ምኽሪ ወረዳ ኣሕስኣ ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብ/ክ/መ/ትግራይ ዝቐረበ ምክያድ 6ይ ክልላዊ መረፃ ብሙሉእ ድምፂ ምፅዳቖ ምምሕዳር ወረዳ ኣሕስኣ ኣፍሊጡ።

ዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ ኣሕስኣ ኣይተ ተኽላይ ተስፋይ ከም ዝበልዎ፣ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ንምቕፃል መበል 6ይ ጊዜ ዝካየድ መረፃ ምውሳኑ እቲ መረፃ ታሪኻውን ተኣማንን ኮይኑ ንኽሓልፍ ዝግበር ከይዲ ኩሉ ህዝብና ብልዑል መንፈስ ክሳተፍ ይግባእ ምስ በሉ ብፍላይ ድማ እቲ መረፃ መሰል ዓርሰ ውሳነ ዓርስኻ ብዓርስኻ ምምሕዳርን ኢሉ'ውን ጉዳይ ምንባርን ዘይምንባርን እዩ።

ኣፈ- ጉባኤ ወረዳ ኣሕስኣ ኣይተ ነጋሲ ተኽለ ብወገኖም፣ እዚ መስተንክራዊ መረፃ ብኣባላት ቤት ምኽሪ እታወረዳ ዓንቀፅ 48 ንኡስ ዓንቀፅ 2ን3ን ድሕሪ ብዙሕ ዘተን ክትዕን ምክያድ ብሙሉእ ድምፂ እንትፀድቕ እዚ መረፃ ብሸርሕታት፣ ተንኮላትን ተለኣኣኸትን ባንዳታትን ከይተሰኮንና ውሽጣዊ ዓቕምና ብምጥንኻር መረፃና ብዓወት ከም እንዛዝሞ ኣይንጠራጠርን ክብሉ ገሊፆም።

ተሳፍቲ እቲ ህፁፅ ጉባኤ ዝኾኑ ኣይተ ገ/ሄር ኪ/ማርያምን ኣይተ ተክአ ፍስሃየን ብሓባር ከም ዝበልዎ እዚ ኣብ ቁርፂ እዋን ዝግበር መረፃ ህዝብና ብውሽጣውን ደጋውን ፀላእቱ ከይተምበርከኸ ሎሚ እውን ከም ትማሊ ከም እምኒ ዓረ ፀኒዑ ዕውት መረፃ ከም እነካይድ እምነተይ እዩ ክብሉ ምግላፆም መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ርክብን ሓበሬታን እታ ወረዳ መምህር ግደይ ሓጎስ ፀብፂቡ፡፡

## ሰሓርቲ ሳምረ

ኣብ ወረዳ ሰሓርቲ ሳምረ ከተማ ፊናርዋ ብቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ዝተሰርሐ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ምምራቑ እቲ ቢሮ ኣፍሊጡ።

ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይን ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓትን ዶ/ር ኢ/ር ገብረመስቀል ካሕሳይ ከምዝሓበርዎ፣ ኣብታ ወረዳ ከተማ ፊናርዋ ብመንግስቲ ትግራይ ብሓደ ነጥቢ 3 ሚልዮን ቅርሺ ዝተሃነፀን ኣርባዕተ ክፍልታት መምህሪ ዘለዎ እዩ ። ህዝቢ ወረዳ ሳምረ ካብ ቀደም ጀሚሩ ኣብ ጎኒ ውድቡ ኾይኑ ዝሰርሕን ኣብ እዋን ወራር ደርጊ እውን ብብልሓት ሄሎኮፍተር ዝማረኸን ህዝቢ ዘለዋ ወረዳ እያ። ሐዚ እውን ከም ቀደሙ ነቲ ፖለቲካዊ ቅልውላው ከምዝምክቶ ፃት ትኣክል ኣይጣራጠርን ክብሉ ገሊፆም።

ዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ ሳምረ ኣይተ ብርሃኑ መሓሪ ብወገኖም፣ ዘለናሉ እዋን ሓድነትና ብምስጣም ኩለ-መዳይ መኸተ ንገብረሉን ከምዝኮነን ቫይረስ ኮሮና ጥራሕ ዘይኾነስ ብብርኪ ሃገር ዘጋጥም ዘሎ ፖለቲካውን ቁጠባውን ቁልውላው ቀሊል ኣይኮነን ኩሉ ነዚ ተረዲኡ ካብኡ ዘድሊ ንምፍፃም ክዳለዉ ኣለዎ ኢሎም፡፡

እቲ ዝተሰረሐ ቤት ትምህርቲ ኣካል እቲ መኸተን ምስላጥ ልምዓት ትግራይን ሓደ ከም ዝኾነን ድኽነትን ድንቁርናን ኣብ ምጥፋእ ዝህልዎ ግደ ልዑል እዩ። ሓረስታይ ወረዳ ሳምረ እውን ብዝተፈላለየ መንገዲ ማእቶቱ ከድንፍዕ ከምዝግባእን ን6ይ ጊዜ ዝካየድ ክልላዊ መረፃ እውን መሰሉን ዘረጋግፀሉ ምኺኑ ብምግንዛብ ዝደልዮ ውድብ ንክመርፅ ብገንኡ ምድላው ክገብር ከምዝግባእን ሰላምን ምርግጋፅን ከባቢኡ ቆቃሕ ኮይኑ ንክከታተል እቶም ዋና ኣመሓዳሪ ፀዊፆም፤ ክብል ከኢላ ፐረስ ቤት ፅሕፈት ርክብ ህዝብን መንግስትን እቲ ወረዳ ኣጀብ ሳህለ ፀብፂቡ፡፡

## ኣብዚ ዓመት ኣብ ትግራይ ...
## ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ኢንተርፕራይዛት ንምጥያሽን ንምጥንኻርን ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምውጋን ዘተባብዕ ውፅኢት ተረኺቡ እዩ፡፡

ኣብ 2012 ዓ/ም፣ 793 ሓደሽቲ ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ከም ዝተጣየሻ ዝገለፃ እተን ዳይሬክተር፤ እተን ዝተጣየሻ ኢንተርፕራይዛት ኣብ ዘፈራት ጨርቀ መርቅን ኣልባሳትን፣ ቆርበትን ውፅኢት ቆርበትን፣ ኣብ ኣግሮ ፕሮሰሲንግ፣ ኬሚካልን ውፅኢት ኬሚካልን፣ ኣብ ሓፂን መፂንን ዕንፀይትን፣ ኣብ እታወትት ኮንስትራኽሽን ኣብ መኣድንን ገይፀ መይፅን እየን፡፡

ን6118 ነባራት ኢንተርፕራይዛት ዝተፈላለየ ደገፍን ክትትልን ብምግባር ዓቕሞም ዘዕብይሉ ኩነታት ከም ዝተፈጠረ ዝገለፃ ወ/ሮ ኣፀደ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ብገንዘብን ናውትን ልቓሕ ክረኽቡ ብምግባር ስራሕቶም ንክስፋሕፍሑ ብትኹረት ከም እተሰርሐን መስርሕን መሸጥን ቦታ ክረኽቡ ብምግባር ኣብ ዝሓፀረ እዋን ውፅኢታዊ ኮይኖም እዮም፡፡

ንኣናእሽቱን ማእኸለዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንደስትሪ ተወዳደርቲ ኮይኖም ንምቕፃል ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ደገፋት ኢንዳስትርያል ኤክስቴንሽን ዝተውሃበ ኮይኑ እቲ ሓደ ኣርባዕተ ተግባር ተኮር ስልጠና ምሃብ ዘካትት እዩ ዝበላ እተን ዳይሬክተር፤ እዚኦቶም ድማ ምትእትታው ካይዘን፣ ምሃብ ስልጠና መዕበዪ ዓቕሚ፣ ምትእትታው ቴክኖሎጅን ምሃብ ስልጠና ምህዞ ስራሕን እዮም፡፡

ሓደሽትን ነባራትን ኢንተርፕራይዛት ዘለዎም ጥንኩር ጎኒ ብዝግባእ ብምልላይ ኣጠናኺሮም ክቕፅልሉን ዘለዎም ሕፅረታት ድማ ንክስተኻኽሉን ብልዑል ክትትል ከምዝተሰርሐ ወ/ሮ ኣፀደ ኣገንዚበን።

## መረፃ 2012 ዓ/ም ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ኣሃዳውያን ንምምላስ ዝግበር ጉምብሕ ጥልዕ ኣብ ባይታ ዘይሰሪ ከንቱ ሕልሚ እዩ፡፡

ብተወሳኺ ህዝቢ ኣብ ሕማም ቫይረስ ኮረናን ወፍሪ ምረፁንን ዝተማልአ ኣፍልጦ ረኺቡ ዝሓሸ ከይመርፅን ማዓልቲ ሓመድ ድብኦም ከይቀላጠፍ ሕዱር ስግኣት ስለ ዝፈጠረሎም ነዚ ንምጭዋይ ዝተኣለመ ውዲት ምኺኑ ተገንዚብና ብጥንቃቐ ክን ፍፅሞ ይግባእ ኢሎም፡፡

ንእስቲ ትርሓስ ካሕሳይ ብወገና፣ ጉዳይ መረፃ ዝኾነ ኣካል ይኹን ትካል ከም ዕምበባ ዘበርክተልካ ህያብ ወይ ዝኸልአካ መሰል ዘይኮነስ ብደም ካብ ዝተረጋገፁ መሰላት ሕገ መንግስቲ ፌደራል ሓደ ስለ ዝኾነ፣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ስለ ዘይቐሪ፣ ዘኳንፈና ግዳማዊ ተፃብኦታት፣ ብበትሪ ሓድነት እናመከትና ናብ ሸቶ ክነብፅሖ ትፅቢት ይግበረልና ኢላ፡፡

እቶም ኣቦ መንበር ብልፅግና ኢሎም ንባዕሎም ዝሰመዩ ቀዳማይ ሚንስተር፣ ቅድም ክብል ብዘይፍቓደይ መረፃ ኣብ ዘካየደት ክልል ዝርከባ ኣዴታት ፀሊም ክኽደና እየን ምባ ሎም ዝዝከር ኮይኑ ካብ ሓፂን ዝተረረ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ምስ ተዓዘቡ ግና ክልተ ዘረባ ክዛረቡ ምጅማሮም መንእሰይ ኑሩ ስዒድን ንእስቲ ትርሓስ ካሕሳይን ብሓባር ገሊፆም።

ኣእዳውና ብፅሬት ብምሕላው፣ ምንኽኻእ ብምውጋድን፣ ካልኦት ሓበሬታታት ፀረ ቫይረስ ኮሮና ብውነ ብምጭባጥን ናብ ተግባር ነሽርፎ!!



# ርእሰ ዓንቀፅ

## መረፃ ደራኺ ፅልዋ ነዕርፈሉ ፖለቲካዊ መስርሕ'ዩ

ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ድሌት መረፃ የብሉን፡፡ ኩሎም መስርሕ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ፀራሪት ናብ ፍፁማዊ ምልኪ ንምስግጋር ዝሃልል ዘሎ ሓይሊ ጥፍኣት እዩ፡፡ ጉዳይ መረፃ እውን ፎኩስ ቢሮክራስያዊ ኣርእስቲ ኣይኮነን፡፡ የግዳስ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ህዝባዊ ተቐባልነት ዘረጋግፀሉ መስርሕ እዩ፡፡ ብሄራትን ብሄረሰባትን ኢትዮጵያ ቃሕ ዝበሎም፣ ዝኣመንሉ ፖለቲካዊ ውክልና ዝህብሉ ሰረት ዲሞክራስያዊ ስርዓት እዩ፡፡ እዚ ብስርዓትን ሕግን ዘይምፍፃም ድማ ዓብዪ ውሻይ ዘስዕብ ታሪኻዊ ጌጋ እዩ፡፡ ኣሸንባይ መቐረት ፍትሕን ማዕርነትን ዝረኣየ ህዝቢ ኣብ ፍፁማዊ ወታሃደራዊ መሪሕነት ማርሻል ዝርከቡ መንግስታት እውን ንኣመሉ መረፃ የካይዱ፣ ይዛረቡ ይምድሩ እዮም፡፡ መሪሕነት እቲ ሃገር ዝምርሕ ዘሎ ጉጅለ ግና ፖለቲካውን ስትራቴጂካውን ዓቕሚ ዘይብሉ፣ ኣርዑት ባርነት ዝተቐበለ መትከል ኣልቦ ነፋሒቶ የማንን ፀጋምን ዝናጋዕ ድሌት ጐይቶቱ ንምዕዋት ደው ዝበለ'ዩ።

ቀንዲ ትኹረቱ ድማ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ምምሕያሽ ወይ ድማ ካብ ሰረቱ ሚሒኻ ምፍራስ እዩ፡፡ ኣብ መተካእትኡ ፀረ ፌደራሊዝምን ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝኾነ ስርዓት ኣሃዳውነት ምትካል እዩ፡፡ በዚ ኣቢልካ ድማ ድሌት ሚሊዮናት ቀቢርካ ንውልቀ ጉጅለታት ንምትካል ዝዓለመ እዩ፡፡ ብወገን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ድማ ነዚ ሽርሒ ብትብዓት ይቃወምዎ፡፡ ከመሓይሽ ዝኽእል ነገር እንተሃልዩ ድማ ብመስርሕ ከይዲ ሕገ-መንግስቲ ክኸውን ከምዘለዎ እናተቓለሰሉ ዝመፁ ጉዳይ እዩ፡፡

እዚ ጉጅለ ውልቀ መላኺ ንምኳን ብቐፃልነት እውን ኣብ መንበረ ስልጣን  ንምፅናሕ ኩሎም መማረፅታት ከምዝጥቀም ምርዳእ የድሊ፡፡ ንኣብነት እውን ኩሎም ወታሃደራውን ፀጥታውን ሓይልታት ተጠቒሙ ህዝቢ ትግራይ ንምምብርካኽ ፈተነ ፃዕረ ሞት ከካይድ ከምዝኽእል ምእማት ይከኣል እዩ፡፡ ይኹን እምበር ዓቕምን ወነን ከ ኣለዎ ዶ ካሊእ ሕቶ እዩ፡፡ እዚ ዓፋኒ ጉጅለ መረፃ ኣብ  ከምዘየካይድ ሕዚ ነፂሩ ኣሎ፡፡

**ብኣንፃሩ ህዝቢትግራይ** ጉዳይ መረፃ ናይ ሞትን ሕየትን ከምዝኾነ ፣ ካብዚ ወፃኢ ዝተዓፀወ ምኻኑ ኣፍሊጡ ኣሎ ፡፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኸፈለ መባእ ደም ሓፋሽ ህዝቢ ወናኒ ሉኣላዊ ስልጣን ንምኳን እዩ፡፡ እምበር ሚጉላን ስብሕትን ሒዙ ኢድ ክነስእ ፍፁም ዘይሕሰብ እዩ፡፡ ነዚ ፍፁማዊ ናፅነት ዝትንክፍ ሓይሊ እንተሃልዩተሳዓሪ እዩ፡፡ ንፁግን ውዳቕን እዩ፡፡ ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ብቓልሱ ዘረጋገፆ ዴሞክራስያዊ መሰሉ ተጠቒሙ መረፃ ከካይድ ፖለቲካዊ መራሕቱ ክመርፅን ኪዳን ከሐድስን እዩ፡፡ እዛ መሰል እዚኣ ዘይትትንከፍ ቀንዴል ክብረትን ሃለዋትን እያ፡፡

ስለዚ ዛጊድ እውን ገዘፍቲ ፖለቲካዊ ንጥፈታት መንግስቲ ትግራይ ዓሚሙ፡፡ ሰፊሕ ምርድዳእ ዝፈጥሩ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ እምነት ዘለዎም ውድባት ዘካተተ መድረኽ ምፍጣሩ ዓብዪ ዓወት እዩ፡፡ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ፀጥታውን ስራሕቲ ማእኸል ስሕበት ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምኳኑ ብምእማን ምስ ዝተቐበሉ ሓይልታት ዝስራሕ ዘሎ ንጥፈታት ኣዝዩ ዝነኣድ ታሪኻዊ ፍፃመ እዩ፡፡ ኩሎም ንጥፈታት ድማ መኸተ ማእኸል ዝገበሩ፣ ታሪኻውያን ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ዝኣልምዎ ዘለዉ ጥፍኣት በታቲኹ ብቐፃልነት ሓመድ ድብ ፀላእቲ ዘረጋግፅ እዩ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ነኒባዕሉ ተባሊዑ ከም ህዝቢ ንሓዋሩ ክፀንት ሕዚ እውን ብዘይዕረፍቲ ይስራሕ ኣሎ፡፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈጠሩ ካሕዳማትን በላዕቲ መባእ ከውሊ ብምግባር ዝፋሓስ ዘሎ ማእለማ ቡርኩት እዩ፡፡ ነዚ ብምሉእ ዓቕሚ ንምምካት ድማ ሓይሊ መንእሰይ ደራኺ ፅልዋ ከዐርፍ ይግባእ፡፡ ብጀካ ህዝቢ ትግራይን ትግራይን ምንባር ኣይከኣል እዩ፡፡ ነዚ ርሱን ፖለቲካዊ መድረኽ ድማ ህ.ወ.ሓ.ትን ህዝቢ ትግራይ ኩለመዳያዊ ምንቅስቓስ ኣብ ትግራይ ብምግባር ቅድሚ መረፃ፣ ኣብ እዋን መረፃን ድሕሪ መረፃን ስዒቡ ክፍጠር ዝኽእል ኩነታት ኣብ ሰላምን ድሕንነትን ትግራይ ብዝተወሃሃደ ኣገባብ ድማ ክንሰርሕ ይግባእ፡፡ ትግራይ ምስዓር ከምዘይከኣል ፀላእትና ክርድኡ ምግባር፣ዝኾነ ወራሪ ኣብ መሬት ትግራይ ሓራሪ ከምዝኾነ፣ ትግራይ ብሕታዊት ማእኸል ዲፕሎማሲ ሰላምን ቅሳነትን ዝዓሰላ፣ ገዚፍ ኢንቨስትመንት ዝሳለጠላ ሓያል ምዕባለ ዝወነነት መንግስታዊ ማሓውር ዘለዋ ዘይትትንከፍ ዘይትቑርጠም ፅዴና ምድሪ ከምዝኾነት ሰሪሕና እነሪኣሉ እዋን እዩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ ጉጅለ፣ብሰንኪ እቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ዓለምለኻዊ ለበዳ ኮቢድ 19 ሰበብ ገይሩ፣ ኣብ መንበረ ስልጣን ንምፅናሕ፣ ፍፁማዊ ምልካዊ ኣሃዳዊ ስርዓት ንምትካል ዝሃቀነ ስራሕ ይዓምም ኣሎ፡፡ መረፃ ኣብ እዋኑ ኣይካየድን፡፡ ድሕሪ ክራማት ሕጋዊ ተቐባልነት ዘለዎ መንግስቲ ኣይህሉን፡፡ ኢትዮጵያ ናብ ዘይትወፆ ደማዊ ኲናትን ነውፅን ክትኣቱ እያ፡፡ ኩሎም የማንን ፀጋምን ዝተኣከቡ ፀረ ወያነ ሓይልታት ኣነ ክመርሕ ብዝብል ድሌት ዳሜራ ጥፍኣት ከም ዝውላዕ ንፁር ሓቂ እዩ፡፡

ስለዚ ድማ ብኣንፃሩ ትግራይ ክልላዊ መረፃ ብምክያድ ሰላማዊ፣ ነፃ ፍትሓውን ዲሞክራሲያውን መረፃ ብምክያድ ህዝቢ ትግራይ ንዓለም መልእኽቲ ከሕልፍ'ዩ። እዚ ብምግባር ድማ ደራኺ ፅልዋ ነዕርፈሉ ፖለቲካዊ መስርሕ'ዩ። ዝተማልአ መንግስታዊ ትካላት ዝወነነት፣ ዓርሳ ዝኸኣለት ክልል ንኽትህልወና ለይትን ቀትርን ንሰርሐሉ ከደምትን ተለኣኣኽትን ቀራሲምና ንፁር መስመርናን ፅኑዕ ዕላማናን ስዒርና እንወፀሉ መድረኽ እዩ፡፡

# ብርዒኣንበብቲ



## ዝብእስያ ኣብ ዘይፈልጥዎ ዓዲ ከይዱ ቆርበት ኣንፁፉለይ በለ"

ሰላም እንዳ ምስንዳእ ጋዜጣ መቓልሕ ትግራይ ከመይ ቐኒኹም እናበልኹ ናብ መበገሲ ፅሑፈይ ክመልሰኩም።

እንዳ ምስንዳእ መቓልሕ ሓደ ብጣዕሚ ዝወረደን ዝረኸቦን ዘረባ ዕሱባት ከካፍለኩም ፍቐዱለይ።

እሞ ከም ወዮ "ዝብኢስያ ኣብ ዘይፈልጥዎ ዓዲ ከይዱ ቆርበት ኣንፀፉለይ በለ" ከምዝተብሃለ ብስርቕን ብምጭብርባርን ዝፍለጡን ባህር ያቶም ዝሓብኡ ሓደሽቲ ዕሱባት ብከውሊ ዶላር ኣሜሪካን ዓረብ ኤሜሬት ተኸዊሎም ዝተውሃቦም ገዛ ዕዮ ተሰፈኛ ንጉስ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ክሰርሑ ክብሉ መን ትበሉኻ መን ትብል ከምዝብሃል መተሓባበርቲ "ፈንቅል ብሃልቲ ጉሒላታት ጠላማት ብትግራዋይነት ዝተጐልበቡ ዕሱባት ኣብ ልዕሊ ውላድ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ውድብ ህወሓት ፀለመን ማይ ዘይዓኩት ፈኸራ መንግስቲ ኣብ ዝወነነን ውልቀ ተሌቪዥናት መሸኮት ውጥም ቅልቅል እናበሉ የደንቁሩና ኣለው።

እሞ ንሶም ቡብ እንተበሉ ከምወዮ ህዝባዊ ውግንንኡ ዘይለቐቐን ክብሪ ህዝቡ ዘቐደመ መራሒና ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ሎሚ ቅነ ኣብ ዝሃቦ መግለፂ ዘስመዐና መቕበሪኦም ዝፍንቅልዎ እምኒ እንተሃልይዎም እምበር ንሶም ይኹን ጐቶቶም ከምዝፈልጥዎ ውድብ ህወሓት ይኹን ህዝቢ ትግራይ ብታሪኹ ካብ ድፋዕ ፈንቂሉ መሊሱ ዝቐብር እምበር ብምልሓስ ዝፍንቀል ከምዘይኾነ ቕድሚ ዳግም ምልሓሶም ዝሓይኹ ደው ኢሎም ክሓስቡ ዕድል ክንህቦም፤ እንተ ንሕና ግን ብመስዋእቲ ዘረጋገፅናዮ መሰል ዓርሰ ምሕደራና ንምርግጋፅ ብመሪሕነት መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ ትግራይን ውድብ ህወሓት እናተመራሕና 6ይ ክልላዊ መረፃና ተኣማኒ፣ ሰላማዊ፣ ዴሞክራሲያዊ፣ ፍትሓዊ ኾይኑ ንከዛዘም ብመንነትን ክብሪ ህዝቢ ትግራይ ምስ ዘይተደራደሩ ተናሓናሕቲ ውድባት ትግራይ ኣፈላላይና እናፀበብና መረፃና ንምዕዋት ሓቢርና ንሸባሸብ ኣለና፤ እንተተለኣኣኹቲ ብልፅግና ከምዝቐሰለ ከልቢ ደው ኢልኩም ንብሑ፤ እንተንሕና ከምወዮ ግመል ጉዑዘና ንቕፅል ኣለና። ሰላም ቕነ።

**ኣስረስ ኣረሩ (ጫሕማይ)**
**መቐለ**


ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ስብሓት ገ/እግዚኣብሄር

ኣሰናዳእትን ኣረምቲ ፅሑፍን
- ይርጋ ኣብርሃ
- መስፍን ገ/ትንሳኤ
- ኣሸናፊ ዘውዴ

ኣሰናዳእቲ
- ግርማይ ተ/ብርሃን
- ተስፋልደት ገ/ማርያም
- ብርሃን ገ/መድህን
- ተሻለ ገ/እግዚኣብሄር

ዲዛይን፣ ለይኣውትን ግራፊክስን - ስንዳዮ ኣፅብሃ
- ፀሃይ ገብረ

ክትትልን ምክፍፋልን ውፅኢት ሕትመት - ዕፃይ ሓጎስ
ልምዓት ምልክታን ኣድቨርታይዝመንትን - ሃ/ሚካኤል ከበደ
ቑፅሪ ሞባይል 0932349104 - 0344-41-90-25

477 መቐለ
ፋክስ/Fax 40 74 62

03 44 40 26 26
03 44 40 93 44


**ሓበሬታ**

ክቡራት መንበብቲ፣ ኣብ ዓምድታት፣ ዜናታት፣ ፅሑፋት ወይ ፎቶ ግራፋትን ዘለኩም ርኢቶ ብኣድራሻና Webmail info@tig-gpr.org ወይ Gmail tiggpr1120gmail.com ንክትልእኹልና እናሓበርና ስለእቲ ተሳትፎኹም ኣቐዲምና ነመስግን።


መቓልሕ ትግራይ
ሓምለ 1985 ዓ.ም ተጣይሹ
መበል 27 ዓመት ፤ ቁፅሪ 636
30 ሓምለ 2012 ዓ.ም


**ጉንበት 20 እምነ ሰረት ማዕርነትን ብዙሕነትን እያ !**

## ሰሙናዊ መልእኽቲ ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ

# “ንሶም ንቑልቁል እንትወርዱ-ንሕና ንዓቕብ እናመረሽና፣ ኣብ ዝትረኸሉ ወሳናይ ግጥም ብዓወት መሰስ ንምባል ክንረባረብ ኢና”!!

“ንሶም ንቁልቁል እንትወርዱ-ንሕና ንዓቕብ እና መረ ሽና፣ ኣብ ዝትረኸሉ ወሳናይ ግጥም ብዓወት መሰስ ንምባል ክንረባረብ ኢና”!! ቅድሚ ኩሉን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ ንተኸተልቲ ሃይማኖት እስልምና፣ እንኳዕ ንመበል 1441 ኢድ ኣል ኣድሃ /ዓረፋ/ ብሰላም ኣብፀሐኩም! ኣብፀሐና! ዝብል ናይ ሰናይ ትምኒቱ መልእኽቲ ብሽም ህዝቢ ትግራይ እንተመሓላልፍ ሓበን ይስመዖ።

ህዝብን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ፣ ሓድ ነቶም ከም ዓረ ኣስጢሞም ብመልክዕ “ሰራዊት መኸተ መረፃ” ተወዲቦም ፣ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ግንባራት ወፊሮም ዝዓምዎም ተግባራት ውፅኢታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ይውግኑ ኣለው።

ብምኳኑ ፣ህዝብን መንግስቲን ትግራይ 6ይ ክልላዊ መረፃ ትግራይና፣ መንነትና ዝውስነሉ፣ ነዚ ናይ ሞትን ሕየትን ዓብዪ ኩነት፣ ንምዕዋት ዓቕሞም ጠሚሮም ይረባረቡ ኣለው። እዙይ ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ መድረኽ ዝካየድ፣ “መኸተ መረፃ”፣ኣብ መንጎ ልምዓታዊን ዲሞክራስያዊ ሓይልን፣ ክራይ ኣካቢ ፅግዕተኛ ፀረ-ዲሞክራሲ ኣምባገነን ኣራት ኪሎ ጉጅለን ፣ናይ መወዳእታ ግጥም ዝካየደሉ ወሳናይ ዓብይ ውራይ እዩ። ብሓፂሩ 6ይ ክልላዊ መረፃ ፣ ካብቶም ዝሓለፉ ሓሙሽተ ፣መረፃታት ፍሉይ ዝገብሮ መሰረታዊ መቐይሮ ጉዳይ ኣሎ። 6ይ ክልላዊ መረፃ መን ሰዓረ ፣ ወይ ንትግራይና ዘመሓድር መንግስቲ ናይ ምጥያሽ ጉዳይ ኣይኮነን። 6ይ ክልላዊ መረፃ፣ ህዝቢ ትግራይ ቅድሚ 29 ዓመታት ፣ብደሙን ኣዕፅምቱን ዘረጋገፆ መሰል ዓርሰ ውሳነ ዳግም መረፅኡ ብካርዲ ኣዕዊቱ ፣በዓል ቤት ለኣላዊ ስልጣን ምኳኑ ፣ ንፈተውትን ፀላእትን ዝእውጀሉ እዩ።

እዙይ እዩ፣ ኮምሽን መረፃ ትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ ቤት ምኽሪ ትግራይ ካብ ዝሸሙ ፅባሕ ጀሚሩ፣ ፣ከይወዓለ ከይ ሓደረ ብግዜ የለን መንፈስ፣ 6ይ ክልላዊ መረፃና፣ ሰለማዊ፣ ነፃ፣ግልፂ ፣ኣሳታፊ ዲሞክራስያዊ ፣ሕጋውን ተኣማንን፣ ኮይኑ ንክዛዘም ዛጊድ ዓበይቲ ተግባራት ምውጋን ጀሚሩ ኣሎ። ስለዝኾነ ተወዳደርቲ ተመዝጊቦም ኣለው። እዚ ጅማሮ “ተፅግበካያ ጣይታስ ኣብ መጎኣ እንተላ ተዕግብ“ ዘርእይ እዚ ናይ ኮምሽን መረፃ ትግራይ፣ ተስፋ ዝህቢ ፅቡቕ ጅማሮ፣ ዋዒኡ ፣ሓልዩ ንኽዘልቕ ፣መንግስቲን ህዝብን ትግራይ ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ዝወዳደሩ ፖለቲካዊ ፓርትታት፣ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላትን ፣ ኣብ ጎኒ እቲ ኮምሽን ተሰሊፎም እጃሞም ብምውፋይ፣ ንዓለም ኣብነታዊ ዝኾነ ሓዱሽ ታሪኽ ከም ዘመዝገቡ ተስፋ ይግበር።

ጎና ጎኒ ምንቅስቓስ 6ይ መረፃና ኣብዚ ሰሙን እዙይ ኣብ ትግራይና፣ ካብ ዝተሰመዑ ዓበይቲ ጉዳያት ሓደ፣ ኣብ ፅባሕ ምዝዛም 6ይ ክልላዊ መረፃና ፣ ብሓዱሽ መንግስቲን ናህሪን፣ ትግበርኡ ዝጅመር፣ ማለት ኣብ ቀፃሊ 25 ዓመታት ትግራይና ናብ ዝለዓለ ብራኽ ብምብፃሕ ምስ ዝማዕበለ ሃገራት ተርታ ዘሰልፍ ሓባሪ ኩሉ መደያዊ ጉዕዞ ህዳሴና ዝኾነ ስርቴጂካዊ ትልሚ ፣ተፃፊፉ ይውዳእ ምህላው እዩ። ስለ ዘኾነ እዚ፣ ኣዮኺ ትግራይና ፣ኣድልዎ መሐንኮልን ጥራሕ ይወገደልና፣ ዝተረፈ ትግራይና ብደቃ ንደቃ ዝብል ብሩህ ጉዕዞ ህዳሴና፣ ናብ መሬት ዝወርድ፣ 6ይ ክልላዊ መረፃና ብዝተሓሰቦ ኣገባብ ምዝዛም ወሳናይ ቅድመ ኩነት ከም ዝኾነ ክስመረሉ ይግባእ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከተማን ገጠርን ዘሎ፣ ህዝብና ኮረና ቫይረስ እናተኸላኸለ “ወፍሪ መለስ ንሓምለዋይ ልምዓት” ብዝብል መሪሕ ቃል ዝተጀመረ ተኸላ ፈልሲ የሳልጥ ኣሎ። ሓረስታይ ትግራይ እውን እዋን ዘርኢ ከየምልጦ ይወቅዕ ዘሎ ፅቡቕ ዝናብ፣ፀንቂቑ ብምጥቃም ምህርቱ ንምስሳን ቀትርን ለይትን ይረባረብ ኣሎ። ኣብ መቐለ ዘሎ ህዝቢና ኮረና ቫይረስ ንምምካት ጀሚርዎ ዘሎ ምጥቃም፣መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ኣጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ።

እዚ ተስፋ ዝህብ ምንቅስቓስ ኣብ ሙሉእ ትግራይ ተጠናኺሩ ክተኣታቶ ኣለዎ። ብሓፂሩ ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ኩነታት ናይ ውሽጥን ደገን ከምኡ እውን ተለኣእኽቶም ዝኾነ ባንዳታት ንዘናፍስዎ ሓድነቱ ንምሽርሻር ዝዓለመ፣ በለካ ለኽዕካ ወረታቶም እዚኑ ከይሃበ፣ መዓንጥኡ ሸጥ ኣቢሉ ውዳበታቱ እናሳጣጠመ፣ ኣብ ስራሕ ቦትኡ ከባቢኡን መንበሪኡን፣ ሰላም ብምሕላው ፣ኣብ ዝተዋፈረሉ ዓውደ ስራሕ ይረባረብ ኣሎ። ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ድማን ህዝብና ፣ኩሉ ዓይነት መስዋእትነት ንምኽፋል ድርብ ክብሪ ምኳኑ ኣሚኑ፣ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ኩሉ ብምግባሩ ፣ትግራይና ዓዲ ስራሕ፣ ሕግን ሰላምን ኮይና ትቕፅል ኣላ።

ይኹን ዳኣ እምበር፣ ሰላምን ፣ዲሞክራስን ልምዓት ምርግጋፅ ዘይንታዮም ዝኾኑ ጎበጥቲ ሓይልታት ትምክሕቲ፣ ዕድመ መንበረ ስልጣኖም ንምንዋሕ ዘይናቶም መሬት ብነ ፍጢ ወሪሮም ብምሓዝ ዝለመድዎ ምምንዛዕ ፣ መዓርን ፀባን ሓረስታይ እናተርእዮም ሎሚ እውን ከም ትማሊ ፣ ብህውከ ትን ዕግርግርን ፣ ቀትሪ ምድሪ ብደዎም ይሓልሙ ኣለው። ብምኻኑ ኣብዚ ዘላናሉ ወሳናይ መድረኽ ዝተወሰደና መሬት ክንምልስ ኢና ፣ፌደራል መንግስቲ፣ ኣብ ትግራይ ኣትዩ ከም ድሌቱ ይፈትፍት። ብሓፂሩ ሕንኽ ከይበሉ ህዝብን መንግስቲን ትግራይ ብሓይልን ብጠመንጃን ክንብርከኽ ኣለዎ ኢሎም በቑልዕ ኩናት ኣዊጆም ኣለው።

በዞም ሓይልታት ትምክሕቲ ዝዝወር ኣራት ኪሎ ዓሪዱ ዘሎ ኣምባገነናዊ ጉጅለ ድማ፣ብቀንዱ ኣብዚ እዋን እዙይ ብሄር ፣ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዓቕሉ ስለ ዘፅብበሉ ኣቓልቦ ህዝቢ ንምቕያር፣ ብሓፈሻ እዚ ኣምባገነናዊ ገጅለ፣ ኣብ ዝሓለፈ ክልተን ፈረቓን ዓመታት፣ ዝፈፀሞም ይቅር ዘይበሃ ሉን፣ከዊልካ ዘይኽወል እከይ ኣሬሜናዊ ተግባሩን ንምድብስባስ ኣብዚ ሰሙን ባዕሉ ዘዳለዎ ሕቶ፣ ብቴሌቭዥን ፋና ቀሪቡ ብቋንቋ ትግርኛ ሰማዕን ተመልካትን ዘየብሉ፣ ብሓደ ሰብ ዝተሰርሐ ድራማ ባዕሉ ተዋሳኢ ተመልካታይን ኮይኑ ዛዚምዎ ኣሎ።

መራሒ ጉጅለ ኣራት ኪሎ ፣መንግስትን ህዝቢን ትግራይ፣ መረፃ ከካይድ ኢና ስለ ዝበሉ ጥራሕ ተዳልየ ኣለኹ፣ኣዴታት ተጠንቀቓ ፣ደም መናእሰይ ክፈስስ እዩ ፣መሰረተ ልምዓት ክዓኒ እዩ ብምባል ተጠሊዑ ኣብ ኣደባባይ ዝፈከሮ ፈኸራ፣ ብስብከት ቋንቋ ትግርኛ ሰላሕታ ወራር ንምክያድ፣ኣነ ንህዝቢ ትግራይ ኣይወግን ክብል ተሰሚዑ። እዙይ ንኣዳም ገረሞ ዘብል ኣበሃህላ እዩ፣ ጥራሕ ከይኮነስ “ ዝኣኽለንያ ገይረንስ በኣለማርያም ይብላ” ካብ ምባል ካሊእ ክበሃል ፍፂሙ ኣይኽእል፣ ህዝቢ ትግራይ እኮ ቅድሚ ክልተ ዓመት ፈረቃን በዚ ኣምባገነናዊ ጉጅለ ኣራት ኪሎ ዘሎ ኣብ ልዕሊኡ ኩናት ተኣዊጅዎ ሓሰራ መከርኡ ሪኡ እዩ። ብምኻኑ ኣብዞም ዝሓለፉ ዓመታት 120ሽሕ ደቂ ትግራይ ካብ መረበቶም ተመዛቢሎም እዮም። ገሊኦም ድማ ኣብ ዘለናኑ ክ/ ዘመን ንክፍፀም ክትሓስብ ይትረፍ ዘይትሓልሞ ብእምኒ ተቐጥቂጦም ክቕተሉን ሬስኦም ድማ ኣብ ኣደባባይ ክጉተት ተገይሩ እዩ። ብኣኻሓት ዝቑፀሩ ድማ ግዳይ ማእሰርቲ ኮይኖም እዮም ። ብሓፈሻ ጎረሮ ህዝቢ ትግራይ ክዕፆ ዝገበረ እዚ ሓይሊ ኣብዚ ሰሙን ብይኾን ዶኾን ደንበርበር ማለት ብሓፈሻሓድነቱ ከም ብረት ኣስጢሙ ይምርሽ ንዘሎ ህዝብን መንግስቲን ትግራይ፣ብቀንዱ ድማ ኣብ መሪሕነት ህወሓት ጋግ ክፈጥረለይ ይኽእል እዩ ብምባል ብቛን! ትግ ርኛ ዘስምዖ ሃተውተው ፣ እቲ ፅግዕተኛ ጉጅለ ኣብ ክወዖ ዘይ ኽእል ረግረግ ተረግሪጉ ዓቕሉ ፀቢብዎ ከም ዘሎ ብግልፂ ዘርኢ እዩ።

ብሓፂሩ እዚ ኣምባገነናዊ ጉጅለ ስልጣን ካብ ዝሓዘሉ ሰዓት “ንሶም ወይ ኣነ“ብምባል ህዝቢ ትግራይን ብሄራዊ መንግስቲ ትግራይን ንምብርካኽ፣ ዝፍፀም ማእ ለያ ዘየብሉ ውዲታትን ሸረሒታትን ዋላ ሎሚ ዓቕሉ መስ ፀበቦ ኣሉ ቀጠን እንተበለ ፣እከይ ተግባሩ ታሪኽ መዝ ጊቡዎን ይምዝግቦን ስለ ዘሎ ፣ ናይ ግዜ ጉዳ እምበር ካብ ተሓታትንዝምለጥሉ ዕድል ፈፂሙ የለን።

ኣብ መወዳእታ ኣብዚ እዋን እዙይ ብሓይልታት ትምክሕትን ናይ ደገ ፀላእትን ሳንባ ዘተንፍስ ኣምባገነናዊ ጉጅለ፣ ብኹሉ ዓይነት ኣገባብ ኣብ ትግራይ ዘብፅሖ ዘሎ መድልዎን በደልን ንህዝብን መንግስትን ትግራይ፣ ከም ዓረ የጠንክሮም እምበር ኣየንበርክኾምን። ዋላካ ኣልፍ ኣሜጋ ድሌትን ባህግን ህዝቢ ትግራይ፣ ሰላም ዲሞክራሲን ልምዓት እንተኾነ፣ ካብዚ ዕማም እዙይ ደፊኦም ጥፍኣት ከጥፍእዎ ንዝህቅንሉ ግንባሩ እምበር ፈፂሙ ሕቑኡ ኣይህብን። ስለዙይ ጉጅለ ኣራት ኪሎ፣ኣብዚ ናይ መወዳእታ መበል 12 ሰዓት ዘላቶ ብጣዕሚ ፀባብ ዕዱል ምስ ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ዘተ ምክያድ እዩ እንተዘየለ ንሶም ንቑቁል እንትወርዱ ፣ ንሕና ንዓቕብ ኣብ እንምርሽሉ፣ ተራኺብናሉ ዘለና ናይ መወዳእታ ወሳናይ ግጥም ብዓወት መሰስ ንምባል፣ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጉኒ መንግስቱ ዓሲሉ፣ ተዓፂፍካን ተዘርጊሕኻን ሞት ሓደ ኣይኮነን ብምባል፣ ቀንዲ ውራያቱ እናወንዘፈ ሸርሒታትን ውዲታትን፣ ናይ ውሽጥን ደገን ፀላእትን፣ ተለኣእኽቶም ባንዳታትን ጠላማትን በጣጢሱ፣ ከም ወትሮ መልሓሶም ክሓ ይኩ ገይሩ ንዓለም ዘስደምምኣንፃባራቒ ዓወት ከም ዘመዝግብ ንፃት እውን ዘጠራጥር ኣይኾውንን።

**ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስቲን ክልል ትግራይ**
**መቐለ**

# “ስትራቴጂክ ትልሚ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ዝርከባ ዓበይቲ ትካላት ብላዕለዋይ መሪሕነትን ተመራማራይነትን ዝፍለጡ ተጋሩ ምሁራን ይሳ ተፉሉ ኣለው።

ኣብ 9ተ ርእሲ መፅናዕቲታትን ኣብ ውሽጦም 20 ንኡሳን ክፍላት መፅናዕትን ዘካተተ ምርምር ኣብ ምክያድ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝርከቡ 105 ላዕለዎት ተመራመርቲ ይሳተፍሉ ከምዘለው ሓቢሮም። እቶም ላዕለዎት ተመራመርቲ ተጋሩ ሙሁ ራት የካይድዎ ዘለው መፅናዕትን ምርምርን ፀገም ህዝቢ ትግራይ ብዘላቕነት ቐሪፉ ትግራይ ኣብ መስርዕ ዝማዕበላ ሃገራት ዓለም ንምስራዕ ዘኽእላ እዩ ኢሎም።

እቶም ምርምራት ድሕሪ 25 ዓመታት ጥሜት ኮነ ድርቂ ዘይረኣየላ ትግራይ ብምፍጣር ዘበናዊትን ምዕብልትን ትግራይ ምፍጣር፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ልምዓት ህዝብና ውሑስ ምግባርን ንምዕቡል ተመኩሮ ልምዓት ዝተፈላለያ ሃገራት ብምጥቃም ምስ ጭቡጥ ኩነታት ትግራይ ኣዛሚድካ ተግባራዊ ልምዓት ምርግጋፅ ከምዝኾነ ዶክተር ኣብርሃ ሓቢሮም።

እቶም ምርምራት ብቴክኖሎጂን ፍልጠትን ዝተሓገዙ ስለዝኾኑ፣ እቶም ውፅኢታት መፅናዕትን ምርምርን ኣብ ባይታ ኣውሪድካ ናብ ጭቡጥ ልምዓት ብምቕያር ትግራይ ድሕሪ 25 ዓመታት ኣብ መስርዕ ዝማዕበላ ሃገራት ንምስራዕ ዘኽእሉ እዮም ኢሎም።

ኣብ መላእ ዓለም ዝለዓለ ብርኪ ትምህርቲ ዝወነኑ ልዕሊ 3 ሽሕ ሙሁራት ተጋሩ ሓሳባቶም፣ ቴክኖሎጂን ፍልጠቶምን ናብ ሓደ ወዲቡን ብሳይንሳዊ መፅናዕቲ ኣደጊፉን ንረብሓ ህዝቢ ትግራይ ከውዕል ብፍሉይ ኣዋጅ ዝተጣየሸ እዚ ኢንስቲትዩት፣ እቶም ዝተረኸቡ ምርምራት ናብ ባይታ ኣላጊቡ ልምዓት ትግራይ ከረጋ ግፅ ብከቢድ ፃዕሪ ይነጥፍ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ትግራይ ብ4.6% በቢ ዓመቱ ትኽትም ምህላዋ ዝገለፁ ዶክተር ኣብርሃ፣ ድሕሪ 25 ዓመት መጠን ምኽታም ገጠራት ትግራይ ናብ 65% ከምዝዓቢ ተሓሳቢ ተጌሩ ነቲ ገጠርን ከተማን ዘተኣሳስር ብቴክ ኖሎጂን ብፍልጠትን ተደጊፉ ዝልውጥ ስትራቴጂ ምሕንፃፁ ድኽነት ነበረያ ነበረ ምግባር ጥራሕ ዘይኮነስ ትግራይ ተምሳሌት ስሉጥ ምዕባለ ዓለምና ምግባር እዩ ኢሎም።

እቶም መፅናዕትታት ኣብ መዳይ ቁጠባ ኣብ ሜካናይዜሽን ሕርሻ፣ ቱሪዝም፣ ማኑፋክቸሪንግን ልምዓት ከተማ፣ መሰረተ ልምዓት ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርትን ስርዓት ምሕደራን ዴሞክራታይዜሽንን ትኹረት ዝገበሩ እንትኾኑ፣ ብፍላይ ዝዓበየ ትኹረት ኣብ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን ብምግባር ኣብ ዕደና፣ ምፍልፋል ፀዓት፣ ኣርኪዮሎጂ ካልእን ከምዘካትት ዝሓበሩ እቶም ምኽትል ዋና ዳይሬክተር፤ ፀዓት ካብ ማይ፣ ንፋስ፣ ፀሓይን ከርሰ መሬትን ብምርካብ ማንም ክቕርፆን ደው ክብሎን ዘይኽእል ሓይሊ ንምፍጣር ስትራቴጂክ ትልሚ 15 ዓመት ኣካል እቲ መፅናዕቲ ምኳኑ ገሊፆም።

ምንካይ ብኽነት፣ ምርግጋፅ ማሕበራዊ ፍት ሕን ልምዓትን ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳርን በቲ ኢንስቲትዩት ትኹረት ተዋሂቡዎም መፅናዕቲ ይካየ ደሎም ከምዘሎ ብፍላይ ኣብ ስርዓት ምሕደራን ሰናይ ምምሕዳርን ዝጠመቱ 16 ዓበይቲ መፅና ዕቲታት ተሰኒዶም ከምዘለውን ናብ መንግስቲ ቀሪ ቦም ብቤት ምኽሪ ፀዲቖም ናብ ስራሕ ክኣትው ትፅቢት ከምዝግበርን ኣረዲኦም።

እቲ ሕዚ ንትግራይ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ክባ ኣእቲኻ ንምጭፍላቕ ዝግበር ሸርሒ ፋሽኑ ዝሓለፎ ከምዝኾነን፣ ህዝቢ ትግራይ ዝያዳ ኣብ ቅልፅሙ ዝኣምን ህዝቢ ኮይኑ ዘርእዮ ዘሎ መኸተ፤ ትግራይ ናብ መስርዕ ዝማዕበላ ሃገራት ንምፅምባር ኣብ ዝግበር ጉዕዞ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ፀዊዖም።

እቲ ኢንስቲትዩት 10 ደኳትርን 6 ካልኣይ ዲግሪ ትምህርቲ ዝወነኑ፣ ኣብ ዓለም ለኸ ሕትመታት ብርክት ዝበሉ መፅናዕቲታትን ምር ምራትን ዘሕተ ሙን ዘካየዱን ሊቃውንቲ ሓቐፉ ይሰርሕ ዘሎን መፃኢት ትግራይ ንምግሃድ ዝተ ጣየሸ ኢንስቲትዩት ምርምርን መፅናትን ፖሊሲ ትግራይ እዩ።

# ግተት

ብመስፍን ገ/ትንሳኤ

መረረው ኢሎም ክፅውዕዎ ልቡ ሃሴት መሊኡ ገፁ ኣስናን ጥራሕ ክሳዕ ዝመስላ ይሕጎስ ይፍሳህ። እንተ ግተት ትብል ቃል ግና ፈፂሙ ኣይፈትዋን። በዛ ሽም እዚኣ ንዝፀወዖ ኩሉ፣ ቁልጭ ይብሎ እሞ ዓይኑ ሊሐ ኣምሲሉ ከም ተፊን ብግዳም ይጥምተካ። ኣብ ዘይመልአ ድማ ይገታገት። ግተት ኢዱን ሽጋራን ናይ ሓደ ሕርካም ክልተ ገፅ እየን ኢልካ እንተተወራረድካ ከይረታዕኻ ዓዲ ኣይት ውዕልን።

እንሆ ኣብዛ ቅፅበት እኳ ሓደ ኢዱ ሽጋራ ሓደ ኢዱ መወፅ ሒዙ የማን ፀጋም ንቕድሚት ንድሕሪት ክየ ነዞ ይብል ኣሎ። ሽጋራ ስሕብ ኣቢሉ ማእኸላይ ደበና ዝመስል ትኪ ምስ ትምቡኽ የብል እሞ፣ ንምንታይን ከመይን ከም ዝምውፅ? ብወግዒ ከይተረደአ፣ ነታ ሽጋራ ብመወፅ ቀይሩ፣ ቀዳሞት ቆሎ ኣስናኑ ንላዕልን ንታሕትን ሓፀፅ ሓፀፅ የብሎም።

መረረው ኣብ ነባር መዕርፎ መካይን ከተማ መቐለ፣ ሓደ ቅልፅሙ ማዕፆ መኪና ድግፍ ኢሉ፣ ደጋጊሙ ሽኸት ሽኸት... ይብል ኣሎ። ወለዱ ዝሰመይዎ ሽም ጥምቀቱ ግተት ዓይኖም ይብል። ኣብቲ መዕርፎ መካይን በዚ ሽም እዚ ዝፈልጥዎ ውሑዳት እዮም። ከም ሓኸሊ ድሙ ካብ ገዝኡ ንደገ ምስ ወፅአ መዋዕልቱ ከም ታርጋ መረረው ዝብል ሳጓ ለጢፎምሉ እዮም። መረሮው መኪና ዝስቀል ሰብ ዝሕል ክብሎ ከሎ፣ ምስ ካልኦት ተሓጋገዝቲ መኪናን ወያላታትን ከይኑ ከም ሕሱም ይተዓለቕ።

ዘውፈሮ ዋኒን ክሳዕ ዝዝንግዕ ምስኦም ክተዓለቕ ፀኒሑ፣ ሓደ ነገር ውን ይብሎ እሞ ናብ መኪናኡ ገማዕ ይብል። ሽዑ ንሽዑ ቆሎን ካልእ ሽቓጣትን ሒዘን እናዘራ ንዝሸቅጣ ንኡሳት ደቂ ኣንስትዮ ብጥቕኡ ምስ ዝሓልፋ፣ ካብ ትሕዝቶኣን ቁንጥር ኣቢሉ ይኅስመለን። ኣብ ርእሲኡ ይኅተን፣ ይቑርጥጠንን የኾርየንን። ናብ ዋኒነን ዝሓልፋ ካልኦት ኣዋልድ እንትርኢ እሞ ከም ገለ ይገብሮ።

ብዘይሕንከት ክማስየን፣ ይዝንጥለንን ክኅተንን። እንሆ ነዚ ዝተገንዘበ ሓደ ተቐፃፃሪ ቀፅሪ መዕርፎ መካይን፣ ሕርቕ ኢሉ ፅግዕ ኢሉ፣ ንመበል ሳካልኣይ ግዘ ቅፅዓት በይኑ፣ ሳልሳይ ዝደግም እንተኾይኑ ካብቲ ቦታ ከም ዝባረር ኣፈሪሙዎ እዩ። መረረው ግና መስምዒ እዝኒ ኣይተዓደሎን ክባሃል ይካኣል። ኩሉ ኩነታት መረረው ንዝተዓዘበ ኣብ ርእሲ ርሱን ቁልዕነቱ፣ ኣታዓባብያ እናበደለቶ ከም ዝዓበየት ካብ ኩሉ ኩነታቱ ምድምዳም ይካኣል።

ምኽንያቱ ሓሳቡን ጭዋድኡን ንከይናበቡ ካብ ዝሰማምዑ እዋናት ዘቑፀሩ ይመስሉ። መረረው፣ ክንዲ ምኽንያት ስምዒት ካብ ዝኹብኩቦም መናእሰይ ሓደ ምዃኑ ዕለታዊ ምንቅስቓሳቱ ቁልጭ ኣቢሎም የርእዩኻ። ሕዚ ግና መኪና ዝስቀሉ ሰባት ስለ ዝመፅኡ እተዉ እተዉ እናበለ፣ ሓውሲ እናደፍአ ክዳጉኖም ክብል ሓደ ተሰቃሊ ከይትነኽኣኒ ምስ በሎ፣ ፀርፊ ኣቐዲሙ ተደሊኻ ውረድ ክብል ኣፉጠጠሉ። እቲ ወዲ ሓኒቑ ፈጥፈጥ ከብሎን ስኽን ክብልን ሓደ ኮነ።

መራሒ መኪና ኮራርዩ ነገር ምስ ኣዘሓሓሎ፣ መኪና መልኣት እሞ ሞተር ክተምውቕ ፀኒሓ፣ ንሸነኽ ሽኸት ተበጊሳ ክትሕምበብ ጀመረት። መረረው ንተጓዓዝቲ ይትረፍ መሸፈኒ ኣፍ ግበሩ ክብሎም፣ ንባዕሉ ክገብር ፍቓደኛ ኣይኮነን። እቲ ዘገርም ግና መሸፈኒ ኣፍ ዘይምግባሩ ኣይኮነን። መሸፈኒ ኣፍ ንዝገበሩ ተጓዓዝቲ ኮላይ ክሕጭጭን ክማስን ምፍታኑ ካብቶም ማሓዙቱ ፍሉይ ይገብሮ።

ኣረ ገናሒ መኪና እንተዘየጠንቅቖስ፣ መሸቀጢ ኣፎም ካብ ገፆም ቀንጢጡ ክድርብዮ ንድሕሪት ኣይምበለን። ሕማቕን ፅቡቕን እናለፍለፈ ፀኒሑ፣ ሕሳብ ኣውፅኡ ክብል ወዝቢ ሕንጥሽይ ክብል ከሎ፣ ኣብ ቅድሚኡ ዝፀንሑ መወልወልን ካልኦት ኣጭርቕትን የማነ ፀጋም ብትን ኣበሎ። ክስዕል ከሎ ድማ ኣየጋ ጥምካ፣ ማእኸላይ ምንቅጥቃጥ መኪና የልዕል፡፡

ኣሰለፈሽ ረዳ፣ ክትስዕል ውዒላ ሕንጥሽይ ክትብል ትሓድር ሚስክን ኣደ መረረው እያ። ኣብ ገዝኣ ካብ ትውዕል ዕድመ ክልተ ኅርዞ ሓሊፉ እዩ። ሃጥ እንተበለ ኣብ ግምባር ገዝኣ ናብ ዘሎ ድንኳን ሰለይ እናበለት ከይዳ፣ ቡን፣ ሽኮር፣ ዕምበባ፣ ዕጣን፣ ዑድን ክርቢትን ካብ ምዕዳግ ዝሓልፍ ወነን ጉልበትን ኣየጥረየትን። ብዓንተቦኣ ሕዱር ሕማም ቆሪኑ ስለ ዝኣሰራ መዋዕልቲ ንእዲ ካብ ትኸውን ሓያሎ ገይራ እያ።

ዓይኖም ፈርጊ ባዓል ገዛኣን ህቡብ ኣላዩ መኪናን ነይሩ። ብኣካል ስጋ እናሃለወ ይጥውራ ነይሩ። ከም ቆቛሕ ፀፃሕቲሩ ካብ ምቕላብ ወፃኢ ግና እዚ ዝባሃል ቀዋሚ ንብረት ሓዲጉላ ክባሃል ኣይካኣልን።ንሱ ምስ ሞተ ዳርጋ ሰለስተ ዕያል ንቀብሪ ወፂኦም ክባሃል ይካኣል። ምኽንያቱ ነብሱ ኣብ ኣፀደ ገነት የንብራ እምበር ሓመድ ኣዳም ካብ ዝለብስ ኣደን ወድን ሙዉቕ ናብራ ተሰናቢቶም ንኅደና ድኽነት «ሀ» ኢሎም ዝጀመሩሉ ሳዓት እዩ።

መኪና ሽኸት በፂሓ ኣብ ትምለሰሉ ኣጋጣሚ፣ መረረው ንመራሒ መኪና ደው ኣብላ ኢሉ፣ ሓደ መንነቱ ዘይተፈልጠን ካበይ ይመፅእ ከም ዘሎ ብዕሊ ከየረጋገፀን ኣብ መንገዲ ትርፊ ፅዒንዎ። ኣብታ መኪና ክልቲኦም ጥራሕ መሸፈኒ ገፅ ከይገበሩ ኣፍ ንኣፍ ተወሃሂቦም እናዕለሉ መቐለ ክኣትዉ፣ ኣብ ከባቢ ኵሓ ተሳፈርቲ ጠቍሞምዎ እቲ ትርፊ ተታሒዙ ናብ መወሸቢ ኣተወ።

ዓይኖም ፈርጊ «ኢነ ትረ» ዝዓይነታ ዓባይ ባዓልቲ ተስሓቢት ጣልያን ስራሕ መኪና ይመርሕ ነይሩ።ስለዚ ሃገር ኣቛራፂ ወይ ነዊሕ ተጓዓዛይ ምዃኑ እዩ።ንባዓልቲ ቤቱ ቀዋሚ ንብረት እኳ ኣይግደፈላ እምበር ንእዋኑ ዝሃልኩ ከም ጣፍ፣ ፋሓም፣ በጊዕ፣ ሽኮር፣ ክዳን ወዘተ ኣሕልዩዋ ኣይፈልጥን። ግዳ ሎሚ ኮይኑ ሓምለ ኮይኑ ካብ ዝመውት ንነዘ ኅጀ ኣዝያ ኣብ ርእሲ ምዝሓላ፣ ንኣሰለፈሽ ካልእ ሕማም ተደሪብዎ፣ ጥዕና በርኪቱላ ኣይፈልጥን።

ዓይኖም ፈርጊ፣ ቅድሚ 23 ዓመት ኣቢሉ ብሕማም ኤች ኣይ ቪ ተጠቒዑን ተሳቒዩን ንዓለም ተሰናቢቱዋ ከይዱ። ንሰበይቱ ኣሰለፈሽ ረዳ ዘውረሳ ብሕታዊ ነገር እቲ ሕማም ጥራሕ ነይሩ። ብድሕሪኡ ካብ ጥዕና ብሕማም ዝዋዓለተን ብቃንዛ ዝሓደረተን ቀትርን ለይትን ይበዝሓ። ኣብ ልዕሊኡ ስግኣት፣ ሓሳብን ጭንቀትን እናተፈራረቑ ኣላሽ ኣቢሎምዋ እዮም።

ኣሰለፈሽ ረዳ፣ ናይ ሎሚ ገዳዳ! ዝኾነ ዓይነት ጉዕዞ ታሪክ ሃልይዋ ኣይፈልጥን። እቲ ሳዓልስ ናይ ቀደማ ነይሩ። ካበይ ከም ዝመፀ ዘይተነፀረ ረስኒ ግና ጠቕሊሉ ክወስዳ ዝደለየ ይመስል።

መረረው ምሸት ምሸት፣ ሰትይ ኣምሽዩ እናመፅአ፣ ካብ ምትፋእን ንዓኣ ምግፋዕን ወፃኢ፣ ሓሙሽተ ሳንቲም ደጕምዋ ኣይፈልጥን። ሎሚ ግና ልክዕ ከም ኣቡኡ ዓብዩ ሽልማት ሒዙላ መፂኡ ኣሎ። ናይ ቃንዛ ሽልማት፣ ንዘልኣለም ናይ ምፍናው ስነ ስርዓት ተማሊኡ ኣምሽዩ መፂኡ።

ከም ዘይሕደር ስለ ዘየለ፣ ፀሓይ ምስ በረቐ መሬት ምስ ወገሐ፣ ደቂሳ ተርፍድ ዝነበረት፣ ዘይልሙድ ኣንጊሃ ናብ ደገ ኣፍ ገዝኣ ወፂኣ፣ ኣምሪራ ትስዕል ነበረት። ኮማንድ ፖስት (ግብረ ሓይሊ) ገዛ ንገዛ እንትፍትሹ ኩነታት ኣሰለፈሽ ቃሕ ስለ ዘይበሎም ጠርጠሩዋ። ቅርብ ኢሎም መጠን ሙቐታ እንተሰፈርዎ ሰብነታ ኣይ ከም ወትሩን። ልዕሊ 40 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ረስኒ ክወቅዕ ፀኒሕዎም።

እታ ወትሩ ኣብ ኣጉዶኣ ትውሽብ ዝነበረት ሚስኪነይቲ፣ ገዛ ቀይራ ናብ ካልእ እንዳ መወሸቢ ሒዞምዋ ከይዶም። ብቐረባ ምስኣ ካብ ዝነብሩ ቀንድን ብሕታውን መረረው እዩ። ንቐዳድም ንዕኡ ኣብ መዋፈሪ መካይን ክእልሹ ዝተዋፈሩ መኸበርቲ ሕጊ፣ ሓቲቶም ረኺብዎ። ትድለ ኣለኻ ምስ በልዎ ከይተ ስምዑኒ ኢሉ፣ ትዕቢትን ስንባደን ተሓዋዊሶም ጋሃን ማሃን ገበርዎ።

ዝዋዓልኩዎ ገበን ኣይብለይን ፈፂመ ኣይከይድን ኢሉ ምስ ሰብ ሕጊ ተፋጠጠ። ግዲ ኣይብልካ ንካልእ ጉዳይ ኢኻ ትድለ ኢሎም ከረድእዎ እንትፍትኑ፣ ልቢ ኅበዝ ኣብ ደረቱ ኮይኑ ኣይፋለይን ክብል ኣቕበፀን ነቐፀን። ሕጊ ከፈፅም ምስ ተኣዘዘ ከምልጥ ፈተነታት ኣካይዱ። ብጥንቃቐ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ኣውዒሎም ወሰድዎ።

እቲ ሽውዓተ ማዓልቲ ዓቐብ ኮይነን ዝተርኣየኦ መረረው ሽውዓተ ወርሒ ተበይንዎ ንበይኑ ተኣሰረ። ኣድኡ ብቐደማ ሕምምቲ ስለ ዝነበረት ኣብ ክልተ ቅነ፣ እቲ ሓዚላ ዘባፀሐቶ እንኮ ወዳ ዘምፀኣላ ሽልማት ሓዚላ፣ ቃንዛ ኣብ መሬት ሓዲጋ፣ ካብዛ ምድሪ ንሓዋሩ ተሰናቢታ ከደት። ሓመድ ድበ ተፈፂሙ፣ ካብ ፍልሖ ብዝተፅሓፈላ ግጥሚ ሰናይ ቅነ፡፡

ወይ እዛ ሰበይቲ ኣዝያ እያ ተሕዝን፣
ትርፎ ኣዕፅምቲ ስጋ ኣይተማልኣትን፣
ዘይእልፊ ሕራሮት ደም ኣይለገሰትን፣
ይቕረ ጅማት መትኒ ኣየምፀአትን፣
ሕማቕ ውላድ ሽንቲ እንተዝኸውን፣
ኣሰለፈሽ ጉህያ ኣይምሞተትን፡፡

ኣሰለፈሽ ረዳ፣ ክትስዕል ውዒላ ሕንጥሽይ ክትብል ትሓድር ሚስክን ኣደ መረረው እያ። ኣብ ገዝኣ ካብ ትውዕል ዕድመ ክልተ ኅርዞ ሓሊፉ እዩ። ሃጥ እንተበለ ኣብ ግምባር ገዝኣ ናብ ዘሎ ድንኳን ሰለይ እናበለት ከይዳ፣ ቡን፣ ሽኮር፣ ዕምበባ፣ ዕጣን፣ ዑድን ክርቢትን ካብ ምዕዳግ ዝሓልፍ ወነን ጉልበትን ኣየጥረየትን። ብዓንተቦኣ ሕዱር ሕማም ቆሪኑ ስለ ዝኣሰራ መዋዕልቲ ንእዲ ካብ ትኸውን ሓያሎ ገይራ እያ።

ዓይኖም ፈርጊ ባዓል ገዛኣን ህቡብ ኣላዩ መኪናን ነይሩ። ብኣካል ስጋ እናሃለወ ይጥውራ ነይሩ። ከም ቆቛሕ ፀፃሕቲሩ ካብ ምቕላብ ወፃኢ ግና እዚ ዝባሃል ቀዋሚ ንብረት ሓዲጉላ ክባሃል ኣይካኣልን። ንሱ ምስ ሞተ ዳርጋ ሰለስተ ዕያል ንቀብሪ ወፂኦም ክባሃል ይካኣል። ምኽንያቱ ነብሱ ኣብ ኣፀደ ገነት የንብራ እምበር ሓመድ ኣዳም ካብ ዝለብስ ኣደን ወድን ሙዉቕ ናብራ ተሰናቢቶም ንኅደና ድኽነት «ሀ» ኢሎም ዝጀመሩሉ ሳዓት እዩ።

መኪና ሽኸት በፂሓ ኣብ ትምለሰሉ ኣጋጣሚ፣ መረረው ንመራሒ መኪና ደው ኣብላ ኢሉ፣ ሓደ መንነቱ ዘይተፈልጠን ካበይ ይመፅእ ከም ዘሎ ብዕሊ ከየረጋገፀን ኣብ መንገዲ ትርፊ ፅዒንዎ። ኣብታ መኪና ክልቲኦም ጥራሕ መሸፈኒ ገፅ ከይገበሩ ኣፍ ንኣፍ ተወሃሂቦም እናዕለሉ መቐለ ክኣትዉ፣ ኣብ ከባቢ ኵሓ ተሳፈርቲ ጠቍሞምዎ እቲ ትርፊ ተታሒዙ ናብ መወሸቢ ኣተወ።

... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ሳምረ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክ ትቐርቡ እንተዘይቐሪብኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኽኑ ሳምረ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ሰሓርቲ ሳምረ ምድብ መጋባእያ ሳምረ**

ብኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ዶ/ተምቤን፣ ብተኸሳሲ ኣይተ ፍቓዱ ወላይ ገ/ስላሴ ኣ/ሻ ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ጣብያ ማህበረስላሴ ቁሸት ማይመረብ ኣብ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ክትራን ገበን ንምፅራይ ተኸሳሲ ንክትቀርቡ ተደጋጋሚ ትእዛዝ ተዋሂቡ ኣብ ኣደራሻኹም ክትርከቡ ስለዘይኻኣልኩም ሐዚ እውን ንዕለት 11/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ስዓትን እንተዘ ይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኹኑ ወረዳ ደ/ተምቤን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሃገረ ሰላም**

## ዞባ ደቡብ

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ኣይተ ተስፋይ ገ/መስቀል ንጉስ፣ ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ዳባሽ ጥዑማይ እንደሻው ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ ዕዳ መኽፈሊ ናይ ኣፈ/ተኸሳሲት መንበሪን ደርጅትን ገዝአን ብሽም እኒ ሙሉ ጥዑማይ 3ተ ቁፅሪ ሰባት ዝፍለጥ መዋሰኒኡ ብምብራቕ ከፍቲ ቦታ ፣ ብምዕራብ መንገዲ ፣ ብሰሜን ቦሰና ፣ ብደቡብ ማሪቱ ገረማ ስፍሓቱ 108 ሜ/ካሬ ኣብ ከተማ ኮረም ቀበሌ 01 ቀጠና 3 ዝርከብ መንበሪን ደርጅትን /ሕውስዋስ / ገዝአን ብዘለዎም ኣፈ/ተኸሳሲት ንኣፈ/ከሳሲ ዝኸፍልኦም ዕዳ ብር 244,351.44 /ክልተ ሚእትን ኣርብዓን ኣርባዕተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ሓደን ብር ምስ 44/100 / ስለ ዘሎ እቲ ገዛ ተሸይጡ ንምኽፋል ቤት ፍርዲ ከተማ ኮረም ብመበገሲ ዋጋ ብር 152,067 /ሓደ ሚእትን ሓምሳን ክልተን ሽሕን ሱሳን ሸውዓተን/ ቅርሺ ተጫሪቱ ክሸየጥ ክት ጫረቱ እትደልዩ ሰዓራይ መኽበሪ ጨረታ ካብቲ ጠቅላላ ዋጋ 25% ሚኢታዊ ሽው ክኽፍል ዝኽእል እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ 15 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣታዊ ዝገብር ሰብ ንዕለት 1/13/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ክሳብ 6፡30 ቀትሪ ክትጫረቱ እትደልዩ ሰባት ኣብቲ ቦታ ብኣካል ቐሪብኹም ክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ኮረም ይዕድም፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ኮረም**

ኸሳሲ፡- ክ/ኣላማጣ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1 መለሰ ኣስፋው ሃፍቱ ኣድራሻ ወረዳ እንዳሞኾኒ ጣብያ እምባሓስቲ/ዞባ ከተማ መቐለ፣ወረዳ ሰሜን ጣብያ መስፍን ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ኢ.ፌ.ድ.ሪ.ገበን ሕጊ ዓንቀፅ 670 ዝተደንገገ ብምትሕልላፍ ዝተፈፀመ ክትራን ገበን ኣብ ከተማ ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ክሲ ተኸሲስኩም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 07/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ክ/ኣላማጣ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይ ኹም ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምኳኑ ቤት ፍርዲ ከተማ ኣላማጣ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ ኣይተ ንጉስ ኪሮስ ሓድጉ ወኪል ስዩየም ኪሮስ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ግደይ ታደግ ፈራደ ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ዕዳ መኽፈሊ ናይ ኣፈ/ተኸሳሲ መንበሪ/ደርጅት/ሕውስዋስ/ ገዛኦም ኣብ ከተማ ኮረም ቀበሌ 03 መዋሰኒኡ ብምብራቕ ሽብሬ ኣበጋዘ ፣ ብምዕራብ መንገዲ ፣ ብሰሜን ሽሪዓ ቃዲ ቤት ፅሕፈት ፣ ብደቡብ ኣይተ ድሎ ነጋ ስፍሓቱ 325 ሜ/ካሬ ብመበገሲ ዋጋ ብር 725,208፡40/ ሸውዓተ ሚኢትን ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕን ክልተ ሚኢትን ሾሞንተን ቅርሽን 40/100/ ቤት ፍርዲ ከተማ ኮረም ኣጫሪቱ ክሸየጥ ስለዝተኣዘዘ ቀሪብኩም ክትጫረቱ እትደልዩ ሰዓራይ መኽበሪ ጨረታ ካብቲ ጠቅላላ ዋጋ 25% ሽው ከትሕዝ ዝኽእል እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ 15 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣታዊ ክገብር ዝኽእል ዝኾነ ሰብ ንዕለት 08/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ክሳብ 6፡00 ጨረታ ስለዝካየድ ኣብቲ ቦታ ብኣካል ቐሪ ብኹም ክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ኮረም ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ኮረም**

ኣፈ/ኸሰስቲ፡- እኒ ኣይተ ፀጋይ ተረፈ፣ ኣፈ/ ተኸሳሲት፡- ወ/ሮ ሸዋየ ኣብርሃ ሞንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ መሰረት ኣብ ከተማ ኣላማጣ 01 ቀበሌ ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቕ መንገዲ ፣ብምዕራብ መነሃርያ ፣ብሰሜን ታደሰ ፀጋይ፣ብደቡብ መነሃርያ ስፍሓቱ 75.95 ካሬ ሜትር ዝኾነ ደረጃ A 1ይ ብሽም ፀጋይ ተረፈ ሃበ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ጨረታ ብር 55872 /ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢተን ሰብዓን ክልተን ምስ 82/100 ተጫርቱ ክሸወጥ ስለዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 2፡30 ክሳብ 4፡30 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብኣካል ቀሪብኩም ንክትጫረቱ ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

ሓበሬታ፡-ጨረታ ዘሸነፈ ወገን ካፍቲ ዘሸነፎ መጠን ገንዘበ 25% በቲ ጨረታ ዕለት ሒዙ ዝቐርብን 75% ድማ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ሒዙ ክቐርብ ኣለዎ፡፡

**ከተማ ኣላማጣ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ምብራቕ

ኸሳሲት፡- ወ/ሮ ሄዋን ጠዓመ ኢታይ፣ ተኸሳሲ ኣይተ መለስ ዕቋር ምሩፅ ኣብ ሞንጎ ዘሎ ብናይ ሓዳር ምፍራስን ንብረት ክፍፍልን ዝብል ፍታብሄር ክርክር ተኸሳሲ መልሲ ብፅሑፍ ብ 3ተ ቅዳሕ ሒዙ ንዕለት 12/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክቐርብ እንድሕር መልሲ ሒዙ ዘይቐርብ ድማ ጉዳዩ ብዘየለሉ ክምዝርአ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወንበርታ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡- ኣይተ ሃይለገብሪኤል ብሩክ ሃይሉ ኣድራሻ ወ/ሳ/ፃ/እምባ ጣብያ ማ/ መገልታ ቁሸት ዓዲ ግባ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ምብፃሕ ገበን ክርክር ተኸሳሲ ንዝቀረበሎም ክሲ ንዕለት 04/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪቦም ንክከራኸሩ እንተዘይተኸራኸሮም ግና ጉዳዮም ብዘየ ለውሉ ከም ዝረአ ፃ/እምባ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወ/ሳ/ፃ/እምባ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፃ/እምባ**

ኸሳሲ፡- ወ/ሳ/ፃ/እምባ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ኣብርሃ ገ/ሂወት ይግዛው ኣድራሻ ወ/ሳ/ፃ/እምባ ናይ ሕዚ ወረዳ ክልተ ኣዉላዕሎ ጣብያ ሳዝ ቁሸት ቁ/ዓዲ መረታ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 07/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ፃ/እምባ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳዮም ብዘየለውሉ ከም ዝረአ ፃ/እምባ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወ/ሳ/ፃ/እምባ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፃ/እምባ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡- ኣይተ ኣንበሰ ደስታ ወለቆርቆስ ኣድራሻ ወ/ጉ/ምካዳ ጣ/ገ/ሰበያ ቁ/ዓረጊት መንጎ ዘሎ ናይ ፈተነ ቅትለት ገበን ክርክር ንስኹም ተኸሳሲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 15/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀ ሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓድግራት**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ብርሃነ ሃይሉ ወልዱ ኣ/ሻ ሳ/ፃ/እንባ ጣብያ ኩማ ስብሓ ቁ/ዓዲሊዔዶ መንጎ ዘሎ ናይ ት/ዕ/ር/ምፍፃም ገበን ክርክር ንስኹም ተኸሳሲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ማእ ኸላይ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ዓዲግራት ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 12/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቅረቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቀሪብኹም ጉዳይኹም ብዘየ ለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ።

**ዞባ ምብራቕ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዓድግራት**

መመልከቲ፡- ሌ/ኮ ተክለብርሃን ታፈረ ባህታ ተፀዋዒት ወ/ሮ ብርቄ ረጋሳ ብራ ሞንጎ ኣብ ዘሎ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ተፀዋዒት ወ/ሮ ብርቄ ረጋሳ ብራ ንዕለት 14/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ ፍ/ሄር መጋባእያ ቀሪብክን ኣብ ምጥፋእ ውሳነ ምልክታ ሓሳብ ንክትህባሉን ዘይትቀርባ እንተኾይንክን ግና ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝወሃብ ምኳኑ ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድግራት ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድግራት**

ኸሳሲ ዛላኣንበሳ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ ፡- 1.ኣይተ ተወልደ ዘርኣይ ወለስላሰ ፣ 2.ኣይተ ዳዊት ገዛኢ ግርማይ ፣ 3.ኣይተ ፀጋይ ገ/መድህን ኣብርሃ ሞንጎ ብዛዕባ ዘሎ ናይ ከቢድ ጉድኣት ኣካል ዝብል ገበን ክሲ ቀሪብልኩም ኣብ ኣድራሻኹም ተኣሊሽኩም ስለ ዝተሰኣንኩም ንዕለት 20/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ጉሎምኻዳ ዛላንበሳ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተብሃለ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኳኑ ዛላኣንበሳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ጉሎ መኸዳ ቤት ፍርዲ ዛላንበሳ**

ኸሳሲት ናይ ዓርሰ ሓገዝ ገዛ ምስራሕ ሕ/ስራሕ ማሕበር ኣቦ መንበር ኣይተ ካሕሳይ ገ/መድህንኣድራሻዓዲግራት 05፣ ተኸሳሲ ፡-ኣይተ ሃ/ስላሴ ደስታ ኣድራሻ መቐለ ክ/ከተማ ሓድነት መንጎ ዘሎ ናይ ውዕሊ ገንዘብ ክርክር ንስኹም ተኸሳሲ መፍቀዲ ምልክታ መልሲ እንተሃሊይኩም መፍቀዲ ምልክታ ንዕለት 15/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓዲግራት ፍትሃብሄር መጋባእያ ቁፅሪ 9 መፍቀዲ ምልክታ ሒዝኩም ንክትቐርቡ መፍቀዲ እንተዘይቀሪብኩም ድማ ቤት ፍርዲ እዚ መዝገብ ብዘየለኹምሉ ውሳነ ከምዝህብ ከተማ ዓዲግራት ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ከተማ ዓዲግራት ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ጋይም ሓልቦ ገብራይ ኣድራሻ ወረዳ ኢሮፕ ከተማ ዳውሃን ክሲ ንምስማዕ ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ቀትሪ ናብ ወ/ኢሮፕ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተብሃለ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹሙዎ ተራእዩ ዝውሰን ሙኳኑ ቤት ፍርዲ ወ/ኢሮፕ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ኢሮፕ**

ኸሳሲት፡- ወ/ሮ ሙዘይ ብርሃነ ማውጫ

ተኸሳሲ፡- ኣይተ ብርሃነ ገ/ሰላሴ ገ/ሄር ኣድራሻ ወ/ሳ/ፃ/እምባ ጣብያ ኣግኣዚ ቁሸት ዓዲ ኣይፈላ ሞንጎ ብዘሎ ናይ ሓዳር ክርክር ተኸሳሲ ንዝቀረበሎም ክሲ ንዕለት 27/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ቀሪቦም ንክከራኸሩ እንተዘይተኸራኸሮም ግና ጉዳዮም ብዘየለውሉ ከም ዝረአ ፃ/እምባ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወ/ሳ/ፃ/እምባ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፃ/እምባ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ

ተኸሳሲ፡- ኣይተ በሪሁ ገ/መስቀል ሃፍቱ ኣድ ራሻ ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ ጣብያ ዛሬማ ቁሸት ዛሬማ ብዝተኸሰስክምዎ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ዝብል ገበን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮኡ 20/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናብ ወረዳ ኣፅቢ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከም ዝውሰን ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣፅቢ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ኣፅቢ**

ከሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ወ/ክ/ኣዉላዕሎ

ተኸሳሲ፡- ሃለቃ ኣረጋዊ ኣብረሃ ገ/ፃድቓን ኣድራሻ ከተማ ውቕሮ ጣብያ ደደቢት ዞን-1 ንዘተኸሰስኩምሉ ብናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ጉዳይ ንስኹም በዚ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ቆፀሮ ስለዘለኩም ንዕለት 8/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናብ ቤት ፍርዲ ወረዳ 2ተ ኣዉላዕሎ ንኽትቐርቡ ኣንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝዉሰን ምኻኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ 2ተ ኣዉላዕሎ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ክልተ ኣዉላዕሎ ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ**

ናብ ገፅ 10 ይዘውር ...

# ውሕስና ምግቢ



# ምስላጥ ክረምታዊ ወፍሪ ንዘላቒ ልምዓት መፍረያይነት

**ብግደይ ታደሰ ካብ ወረዳ ላ/ማይጨው**

ፍርያትን መፍረያይነት ሕርሻ ንምስሳን ፈለማ ክስርሑ ካብ ዝግበኦም ንጥፈታት ሓደ ጎቦታትን ሸንጥሮታትን ምሕዋይ እዩ። እቲ ዝተባሕጎ መሬት ምድሓን ወሳኒ ጉዳይ እዩ። ዝባ ደሙ መሬት ንምሕዋይ ድማ ፈልሲ.ታት ምትካልን ተሸናኺንካ ምዕባይን ድማ ዝሸበደ ተግባር እዩ።

እዙይ ድማ ካብ ምትንኻፍ እንስሳ ዘቤት ነፃ ምግባር ይሓትት። ብመሰረት እዚ ሎሚ ዓመት ኣብ 15 ጣብያታት ወረዳ ላዕላይ ማይጨው ልዕሊ 1 ነጥቢ 4 ሚልዮን ፈልሲ ክትከሉ ተታሒዞ ነይሩ። ክሳብ ሕዚ ከባቢ 907 ሽሕ ፈልሲ ናብቲ ዝትኽለሉ ቦታ ተጓዒዒ።

እዙይ እውን እቲ ጥቓ ጥቓ 297 ሽሕ ፈልሲ ብጉልበት፣ 4 ሚእቲ ሽሕ ፈልሲ ብኦራል፣ 180 ሽሕ ፈልሲ ብሓገዝ ክልል እንትኾን ዝተረፈ 30 ሽሕ ፈልሲ ድማ ብውልቀ ተጓዒዒዞ። ክሳብ ሕዚ ኣብ መፋስስ ኣስታት 340 ሽሕ ፈልሲ ተተኺሉ።

ኣብ ውልቀ ካዓ ከባቢ 291 ሽሕ ፈልሲ ተተኺሉ። ኣብ ጎቦ መቆሎ 50 ሽሕ ፈልሲ ንምት ካል ተተሊሙ ልዕሊ 50 ሽሕ ፈልሲ ተተኺሉ፤ መለስ ፓርክ ተባሂሉ ኣብ ዝፅዋዕ ድማ 48 ሽሕ ፈልሲ ንምትካል ተታሒዞ 5,600 ፈልሲ ተተኺሉ።

ብተወሳኺ ኣብ ትካላት ልዕሊ 30 ሽሕ ፈልሲ ዝተተኸለ እንትኸውን ብሓፈሻ ክሳብ ሕዚ ካብ 1 ነጥቢ 4 ሚልዮን ንዕቅብ ዝኣክል ፈልሲ ኮይኑ 717 ሽሕ ፈልሲ ንምትካል ተኻኢሉ እዩ። ኣብዚ ልዕሊ 3 ሽሕ ሓረስታይ፣ 4,380 መንእሰይን 9,810 መንእሰይ ተሳትፍቲ ኮይኖም።

ሕዝ እውን እዚ ስራሕ ተጠናኺሩ ይቕፅል ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ ጎድና ጎድኒ እቲ ስራሕቲ ተኸላ ሰፊሕ ስራሕቲ ምሕብሓብ ተበራቲዑ ይቕ ፅል ኣሎ። ምስኡ ድማ እቲ ሓረስታይ ስምዒት ናተይነት ተሰሚዕዎ ይሰርሕ ምህላውን ዝተረፈ ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ንምዝዛም ይስራሕ ከም ዘሎን ቤት ፅሕፈት ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ወረዳ ላዕላይ ማይጨው ኣፍሊጡ።

ጎድኒ ጎድኒ ፈልሲ ተኸላ ድማ ስራሕቲ ምዕፃፍ መፍረያይነት ትኹረት ተዋሂቡዎ ይስረሑ ኣሎ። ከም ወረዳ ካዓ ናብራ ሓረስታይ ዝልወጥ ፓኬጅ ንምጥቃም ሰፊሕ ፃዕሪ ዝግበር ዘሎ እዩ።

ኣብ ሓፈሻዊ ወረዳ ታሕታይ ማይጨው ክሳብ ሕዚ ክዝራእ ዝግበኦ ስፍሓት መሬት ኣስታት 14 ሽሕ ሄክታር ብምዝራእ ከባቢ 306 ሽሕ ኲንታል ንምርካብ ትልሚ ተታሒዞ ኣብ ምንቅስቓስ ይር ከቡ።

ካብዚኦም ኣዕታር ከይሓወሰ 13,720 ሄክታር ብዘራእቲ ተሸፊኑ እዩ። ኣብዚ ንጥፈታት እዚ ዝሳ ተፉ ሓረስታይ 14,341፣ መንእሰይ 7,344 ደቂ ኣንስትዮ 6,810 እንትኾና ብድምር 28,495 ተጠ ቀምቲ እዮም።

ኣብ ውልቀ ካዓ ከባቢ 291 ሽሕ ፈልሲ ተተኺሉ። ኣብ ጎቦ መቆሎ 50 ሽሕ ፈልሲ ንምት ካል ተተሊሙ ልዕሊ 50 ሽሕ ፈልሲ ተተኺሉ፤ መለስ ፓርክ ተባሂሉ ኣብ ዝፅዋዕ ድማ 48 ሽሕ ፈልሲ ንምትካል ተታሒዞ 5,600 ፈልሲ ተተኺሉ።

ብተወሳኺ ኣብ ትካላት ልዕሊ 30 ሽሕ ፈልሲ ዝተተኸለ እንትኸውን ብሓፈሻ ክሳብ ሕዚ ካብ 1 ነጥቢ 4 ሚልዮን ንዕቅብ ዝኣክል ፈልሲ ኮይኑ 717 ሽሕ ፈልሲ ንምትካል ተኻኢሉ እዩ። ኣብዚ ልዕሊ 3 ሽሕ ሓረስታይ፣ 4,380 መንእሰይን 9,810 መንእሰይ ተሳትፍቲ ኮይኖም።

ሕዝ እውን እዚ ስራሕ ተጠናኺሩ ይቕፅል ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ ጎድና ጎድኒ እቲ ስራሕቲ ተኸላ ሰፊሕ ስራሕቲ ምሕብሓብ ተበራቲዑ ይቕ ፅል ኣሎ። ምስኡ ድማ እቲ ሓረስታይ ስምዒት ናተይነት ተሰሚዕዎ ይሰርሕ ምህላውን ዝተረፈ ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ንምዝዛም ይስራሕ ከም ዘሎን ቤት ፅሕፈት ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ወረዳ ላዕላይ ማይጨው ኣፍሊጡ።



**ፍርያት ንምዕፃፍ ዝተሰላሰለ ምልስላስ መሬት**

ነቲ ዝተታሕዘ ትልሚ ንምዕዋት 18,500 ኲንታል መዳበርያ ኣብ ረብሓ ክውዕል ዝተትሓዘ ጥቓ ጥቓ 17 ሽሕ ኲንታል ኣብ ረብሓ ዝወዓለ እዩ። ኣብዚ ሓረስታይ 8,212 መንእሰይ 2,583 ደቂ ኣንስትዮ ድማ 1,367 ተጠቀምቲ እዚ ማኣዲ እየን።

ብወገን ሙሩፅ ዘርኢ ወሲድካ ድማ 422 ኲንታል ንምጥቃም ተሃቂኑ 210 ኲንታል ኣብ ረባሓ ዝወዓለሉ ኩነታት ተራእዩ፤ ኣብዚ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ካዓ ሓረስታይ 1,037 መንእሰይ 384 ደቂ ኣንስትዮ ድማ 157 በፂሖም ኣለዉ።

ብዋናነት ካብ 15 ጣብያታት ወረዳ ላዕላይ ማይ ጨው እተን 11 ጣብያታት ብጣፍ ክላስተር ዝተወደባ ምዃነን ይፍለጥ፤ ንሳተን ካዓ ጣብያታት ሓፀቦ፣ ለሳልሶ፣ ደብረ ቃል፣ መደጎ፣ ዱራ፣ ደብረ ብርሃን፣ ሰግ ላሜን፣ ምሬና፣ ማይወይኒ፣ ሓዱሽ ዓድን ዓዲ ፀሓፍን ምዃነን ተገሊፁ።

እዘን ሕዚ ዝተዘርዘራ ጣብያታት ኣብ 102 ክላስተር ዝተወደባ እየን። ኣብዘን ክላስተር ዝተወደበ ህዝቢ ንምጥቃስ ሓረስታይ 4,588፣ መንእሰይ 1,070 ደቂ ኣንስትዮ ድማ 986 እዮም።

ኣብዘን ክላስተራት ኣስታት ሓደ ሽሕን ሸሞንተ ሚእትን ሄክታር ጣፍ ንምዝራእ ተታሒዞ 1,450 ሄክታር ጣፍ ተዘሪኡ እዩ። መዳበርያ ዝምልከት ከባቢ 3 ሽሕ ኲንታል እንትኸውን ብርክት ዝበለ ሙሩፅ ዘርኢ ጣፍ ተጠቒሞም እዮም።

እዚ እንትባሃል እቲ ሓረስታይ ስቕ ኢሉ ናብ ስራሕ ሃንደለቕ ኢሉ ዝኣተወ ኣይኮነን። ካብ ሰናይ ጉሓቱ ንዝግበረሉ ኣስተምህሮ ኣብ ምትግባር ዘተ ባብዕ ስራሕቲ ዝተሳለጠሉ ኩነታት ምንባሩ በዓል ሞያ ስነ-ዝራእቲ እቲ ወረዳ መንእሰይ ወላይ ኣብርሃ ከም ዝተወከሰ ሰራሕተኛ ርክብ ህዝቢ እቲ ወረዳ ኣብራህሪሁ።

ሓፈሻዊ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ክራማት ዝሓሸ ዝርገሓ ዝናብ ኣሎ ተባሂሉ ስለ ዝውሰድ፣ እተን ዝነጠባ ማይ ብሸንቱ ፈሲሰን ከይተርፋ፣ እናተኣለያ ናብ ግራት ዝኣትዋሉ ኩነታት ብሰፊሑ እናተሰርሓሉ ዝርከብ እዩ።

መፍረያይነት ንምዕፃፍ ካብ ዘኽእሉ ሚሽጥራት ገሊኦም፣ ዘበናዊ ድኹዒ ብፅሬት፣ መጠንን ግዜን ኣብ ምጥቃም ዝሐሸ ኣፈፃፅማ ተራእዩ፤ መሳ መሳ እዚ ብመስመር ኣብ ምዝራእ ዝነበረ ዓንቀፍቀፍ እውን ሳላ ግቡእ ፃዕሪ፣ ዝሓሸ ኣፈፃፅማ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

እዙይ ድማ እቲ ሓረስታይ ዕዳጋ መሰረት ገይሩ፣ እቶም ዝተዘርኡ ዝራእቲ ስርዓት ኤክስቴንሽን መሰረት ገይሩ ዝተሰርሐ ስራሕ ሓጋዛይ ስለ ዝኾነ፣ ናብ ዝለዓለ ስግግር ንምብፃሕ ዕድል ዝፈጥር እዩ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ምስላጥ ዘላቒ ልምዓት፣ መፍረያይነት ንምዕፃፍ እቲ ሓረስታይ ዘበናዊ ናው ትታት ሕርሻ ንምጥቃም ዕድል ዝፈጠረ ነይሩ። እዚ ኣብ ከይዲ ምዝራእ ዝነበረ ንጥፈት ኣብ ምሕብሓብ እውን ተበራቲዑ ክም ዝቕፅል እቲ ወረዳ ሓቢሩ።

# ጮምዓ :- ንማሕበረሰባዊ ልምዓት

**ብኣሸናፊ ዘውዴ**

ብርክት ዝበሉ ነበርቲ ከተማ መቐለ ኣብ እምባ ጮምዓ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ዘዘውትርሉ ኩነታት እናተፈጠረ ይመፅእ ኣሎ። ሓደ ሓዲኦም ድማ ንምሕዳስ፣ ንምንፋስን ንፁህ ኣየር ንምርካብን ብተኸታታሊ ጊዜ ዝኸድሉ ቦታ እዩ። በቢ ዓመቱ ኣብ እምባ ጮምዓ በዓል መስቀል ብድምቐት ዝኽበረሉ ቦታ ብምዃኑ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ልምዓት እናተወገኑ መፂኦም እዮም።

ኣብቲ ቦታ ዝሳለጡ ስራሕቲ ልምዓትን ዝኽበር በዓል መስቀልን ዝመርሕ "ማሕበር መስቀል ጮምዓ መቐለ" ዝብል ማሕበር ብምጥያሽ ኣብቲ ቦታ ዝኽበር በዓል መስቀል ብዝግባእ ብምብዓልን ንዝተፈላለዩ ረብሓታት ንምውዓልን ከምኡ'ውን ስራሕቲ ልምዓት ንምስላጥን ትኹረት ገይሩ ከም ዝሰርሕ ኣቦ መንበርን መስራትን ማሕበር መስቀል ጮምዓ መቐለ ኣይተ ገ/ህይወት ተ/ሃይማኖት ይገልፁ።

ማሕበር መስቀል ጮምዓ መቐለ ኣብ 2007 ዓ.ም ተጣይሻ። ሽውዓተ መስረቲ ኣባላት ሓዊሱ ልዕሊ 10 ሽሕ ኣባላት ኣለዉዋ። እታ ማሕበር ክልተ ዓበይቲ ዕላማታት ሒዛ እንትጣየሽ፣ በዓል መስቀል ጮምዓ መቐለ ብድምቐት ብምብዓል ብብርኪ ዓለም ንክፍለጥ ብምስራሕ መስሕብ ቱሪዝም ክኸውን ንምግባርን እቲ በዓል ዝካየደሉ እምባ ጮምዓ ብዝግባእ ብምልማዕ ተጠቃምነት ሕ/ሰብ ንምርግጋፅን ኣብ ምንቅስቓስ ትርከብ።

በዓል መስቀል ጮምዓ መቐለ፣ በቢ ዓመቱ ብድምቐት ክኽበር ብምግባርን ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምውጋንን ብርክት ዝበሉ በፃሕቲ ዓዲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ንክመፁ ብትኹረት እናተሰርሐ ከም ዝመፀን ንቐፃሊ ድማ ተጠናኺሩ ከም ዝስራሕን ኣይተ ገ/ህይወት የገንዝቡ።

እምባ እንዳ ኢየሱስ ምሉእ ብምሉእ ዝለምዓሉ ኩነታት ንምፍጣር ብትኹረት ይስራሕ ኣሎ። ኣብ 2009 ዓ.ም ኣስታት 18 ሄክታር መሬት ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ብምውጋን 30 ሽሕ ዝተፈላለዩ ተኽልታት ብምትኻል ልዕሊ 90 ሚኢታዊ ተኽልታት ፀዲቖም። ከምኡ'ውን ኣብ 2012 ዓ.ም 28 ሽሕ ተኽልታት ብምትኻል መሊኦም ንክዓብዩ ድማ ምስ ዝተፋላለዩ ትካላት ብምትሕብባር ይስራሕ ኣሎ።

እምባ ጮምዓ ብምልማዕ ሕ/ሰብ ናብቲ ከባቢ ብምኻድ ዝዘናግዕሉ፣ ዝሕደስሉን ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ዘሳልጥሉን ኩነታት ንምፍጣር ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ። ከምኡ'ዉን ኩነታት ፀባይ ኣየር መቐለ ንምንባር ምችው ንክኸውን ርኡይ ብፅሒት ኣለዎ።

ክሳብ ሐዚ እታ ማሕበር ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናወገነት ዝመፀት ኮይና፣ ኣብ እምባ ጮምዓ ዝኽበር በዓል መስቀል ካብ ሰብ ሃፍቲ ገንዘብ ብምትእኽኻብ ዘድልዩ ናውትታት ብምምላእን ሕ/ሰብ ኣለዓዒልካ ብዝግባእ ንክበዓል ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይውገኑ እዮም።

ከምኡ'ውን ኣብቲ ከባቢ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ልምዓታት ይሳለጡ ኣለዉ። በቢ እዋኑ "ፕሮፖዛል" ብምቕራፅ ንሰብ ሃፍትን ትካላትን ብምሕታት እቶም ስራሕቲ ይሳለጡ እዮም። ብመሰረት'ዚ ምስ ትካል ሱር ኮንስትራኽሽን ብምትሕብባር ብልዕሊ 19.8 ሚልዮን ብር ናብቲ እምባ ዝወስድ መንገዲ ክፅረግ ተገይሩ። ኣብቲ እምባ 700 መናእሰይ ንሓደ ዓመት ዝተሳተፍሉ ዕቀባ ሓመድን ማይን ብምስላጥ 4.1 ሚልዮን ብር ዝዋግኡ ልዕሊ 4000 ኩንታል ስርናይ ብማገረት ተኸፊሉ። ምምሕዳር ዞባ መቐለ መስመር መብራህቲ ብምዝርጋሕን ትራንስፎርመር ድማ ካብ ሜቴክ ብምምፃእን ሓይሊ መብራህቲ ከም ዝኣተዎ እቶም ኣቦ መንበር ኣረዲኦም።



ኣቦ መንበርን መስራትን ማሕበር መስቀል ጮምዓ መቐለ ኣይተ ገ/ህይወት ተ/ሃይማኖት

• • • • • • • • •

እታ ማሕበር ልዕሊ 3.8 ሚልዮን ብር
ን16 ገባራት ብምክሓስ 36 ሄክታር መሬት ዋንነት
ብምርካብ ተወሰኽቲ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናወገነት መፂኣ
እያ። ኣብ 36 ሄክታር መሬት ክስራሕ ዝኽእል ዝተፈላለዩ ስራሕቲ
ልምዓት ንምንፃር ምስ መቐለ ዩኒቨርስቲ ብምትሕብባር ልዕሊ 2.8
ሚልዮን ብር ወፃኢ ብምግባር ፕላን ብምድላው ልዕሊ 3.2 ቢልዮን
ብር ዝውድኡ ዝተፈላላዩ ስራሕቲ ልምዓት ንክውገኑ ሳይት
ፕላን ተዳልዩ።

• • • • • • • • •

ኣብ እምባ ጮምዓ ጠጠው ኢሉ ዘሎ መስቀል ንምትኻል ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝተሳተፍሉ ኮይኑ መሰረት እቲ መስቀል ብትእምት እንትስራሕ እቲ መስቀል ድማ ብኣይተ ኣሸናፊ ሃይሉ ተሰሪሑ። እቲ መስቀል ናብ ቦትኡ ንምንባር ድማ ብሓገዝ ትካል መስፍሕ ኢንዳስትርያል ኢንጂነሪንግ እዩ። ስለዚ እቲ ሐዚ ኣብቲ ቦታ ዝረአ ዘሎ 52 ዝንውሓቱ መስቀል ብሰለስተ ኣካላት ዝተወገነ እዩ።

እታ ማሕበር ልዕሊ 3.8 ሚልዮን ብር ን16 ገባራት ብምክሓስ 36 ሄክታር መሬት ዋንነት ብምርካብ ተወሰኽቲ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናወገነት መፂኣ እያ። ኣብ 36 ሄክታር መሬት ክስራሕ ዝኽእል ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ልምዓት ንምንፃር ምስ መቐለ ዩኒቨርስቲ ብምትሕብባር ልዕሊ 2.8 ሚልዮን ብር ወፃኢ ብምግባር ፕላን ብምድላው ልዕሊ 3.2 ቢልዮን ብር ዝውድኡ ዝተፈላላዩ ስራሕቲ ልምዓት ንክውገኑ ሳይት ፕላን ከም ዝተዳለወ ኣይተ ገ/ህይወት የረድኡ።

ብመሰረት ዝተዳለወ ፕላን እቲ ቦታ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዝውገኑ ኮይኖም ከም፣ መዘናግዒ ቦታታት፣ ሚኒ ሎጅ፣ ሜዳታት ስፖርት፣ ላይብረሪ፣ ማእኸላት ምርምር፣ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ኣዳራሻት፣ መዕረፊ ኣጋይሽ፣ መሻገሪ መንገዲ ብገመድ ካብ እምባ ናብ እምባን ካልኦትን ንምስራሕ ትልሚ ወፂኡ ናብ ተግባር ብምእታዉ ዛጊድ ኣብቲ ቦታ ክውገኑ ዝተሓሰቡ ስራሕቲ ፕላኖም ኣብ ምድላው ይርከብ።

እቲ ዝተዳለወ ፕላን ህዝቢ ክፈልጦን ርኢቶ ክህበሉን ብምግባር ህዝቢ ናተይነት መንፈስ ንክህልዎ ኣኺኢሉ እዩ። ብተወሳኺ ላዕለዎት ኣመራርሓ መንግስቲ ትግራይ'ውን ኣፍልጦ ንክህልዎምን ርኢቶኦም ንከዕርፍሉን ኣብቲ ቐፂሉ ዓመት ዝካየድ በዓል መስቀል መድረኽ ክዳለወ እዩ።

እቲ ፕላን ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ 10 ዓመት ኣብ ዘሎ ጊዜ ስራሕቱ ተዛዚሙ ግልጋሎት ምሃብ ክጅምር እዩ። ስለዚ ቀልጢፍኻ ናብ ስራሕ ንምእታው ካብ ሎሚ ዓመት ጀሚርኻ ምትእኽኻብ እቶት ንምግባር ምድላዋት እናተገበሩ እዮም። መብዛሕቱ ስራሕቲ ምስ ሰብ ሃፍቲ ወፃኢ ብምትእስሳር መቓቘልኻ ዝስራሕ ኮይኑ ዓቕምን ድልየትን ዘለዎም ሰብ ሃፍቲ ውሽጢ ዓዲ'ውን ክሳተፉ እዮም። ብሓፈሻ ኣክስዮን ብምሻጥ፣ ካብ ኣባላት ብዝርከብ ኣታዊ፣ መተኣኻኸቢ እቶት ቴሌቶን ብምክያድን ካልኦትን ብምጥቃም ዝስራሕ ኮይኑ ዝዓበየ ኣክስዮን ግና ናይታ ማሕበር ከም ዝኸውን እቶም ኣቦ መንበር የረድኡ።

ዛጊድ እቲ ፕላን ካብ ዝዳለዉ ሓደ ዓመት ዝገበረ ኮይኑ ብምሉእ ዓቕምኻ ናብ ተግባር ንምእታው ቫይረስ ኮሮና ማሕለኻ ዝኾነሉ ኩነታት ኣሎ። ሰብ ሃፍቲ ወፃኢ ናብ ሃገርና ኢሉ'ውን ናብቲ ከባቢ ክመፁ ብዘይ ምኽኣሎም ቐልጢፍኻ ናብ ስራሕ ንምእታው ኣይተኽኣለን።

ኮይኑ ግና ብውሱን መልክዑ ናብ ትግባር ዝተኣተወ ኮይኑ ስራሕቲ መዘናግዒ ቦታታትን ካልኦት ስራሕቲ መሰረት ልምዓትን ምውጋን ተጀሚሩ ኣሎ። ቀፂሉ ድማ ምስ ካልኦት ኣካላት ብምዃን ዝተረፉ ስራሕ ንምውጋን ሰፊሕ ምድላው ተገይሩ።

ማሕበር መስቀል ጮምዓ መቐለ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ስራሕቲ ኣጠናኺሩ ንክሰርሕን ካልኦት ስራሕቲ'ውን ንክውግንን ብማሕበር ካብ ምምራሕ ወፂኡ ብቦርድ ዝምርሐሉ ኩነታት ንምፍጣር ዝተፈላለዩ መፅናዕትታት እናገበረ ዝፀንሐ ኮይኑ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ናብ ኣባላቱ ብምቕራብ ከፅድቕ እዩ። ከምኡ'ውን ኣባላቱ ብስሩዕ መንገዲ ምምዝጋብ ብምጅማር ኣባላቱ ኣብ ልምዓት እቲ ከባቢ ዘለዎም ተሳትፎ ዘሕይልሉ ኩነታት ክፍጠር እዩ። ቐፂሉ ድማ ፈተውትን ተወለድትን ትግራይ ኣብ ዝርከብሉ ዝተፈላለያ ከተማታት ሃገርና ከምኡ'ውን ኣብ ኣሜሪካ፣ ኣውሮፓን ካልኦት ክፍለ ዓለማትን ቤት ፅሕፈት ንምኽፋት ትኹረት ገይሩ ከም ዝሰርሕ ኣይተ ገ/ህይወት ይገልፁ።

ኣብ መወዳእታ እታ ማሕበር ዋና ዕላምኣ በዓል መስቀል ጮምዓ ብዝግባእ ንምብዓልን ኣብቲ ከባቢ ኩሉ መዳያዊ ልምዓት ንምርግጋፅን ኮይኑ፣ ኩሎም ነበርቲ ከተማ መቐለ ብፍላይ ድማ መናእሰይ ንምርግጋፅ ልምዓት እቲ ከበቢ ዘይትካእ ሓገዞም ከበርክቱ ይግባእ።

# ብመድሓኒት ዝሓወየ መድሓኒት

**ብተስፋልደት ገ/ማርያም**

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዓለም ካብ ዝነበሩ ኣርባዕተ ዓበይቲ ስልጣነታት እቲ ሓደ ወናኒ ስልጣነ ኣክሱም ዝነበረ ህዝቢ እዩ። ኣብ ግዘ ስልጣነ ኣክሱም፣ ተጋሩ ንዓለም ዘበርከትዎም ውፅኢታት ቴክኖሎጅን ጥበብን ብዙሓት እዮም። ካብዚኣቶም ድማ ቅመማ መድሓኒት ሓደ እዩ። ኣክሱማውያን ካብ ተኽልታትን ካብ ውፅኢት እን ስሳን ተጠቒሞም ብርከት ዝበሉ ዓይነታት ፈውሲ ንዓለም ከም ዘበርከቱ ዝተፈላለዩ ሰነዳት ታሪኽ ይገልፁ። እቲ ጫፍ ዝበፅሐ ጥበብ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተዳኸመ ብም ኻዱ ህዝቢ ትግራይ ወናኒ ናይቲ ጥበብ ከምዘይነበረ ቀንዲ መግለፂ ጥምየትን ድሕረትን ኮይኑ ምንባሩ ተዘክሮ ትማሊ'ዩ።

ነታ ብድሕረት፣ ብሕማምን ድንቁርናን ዝተሳቀይት ዓዲ፥ ብቐረባ፣ ብስፍሓትን ብርትዓዊ ዋጋን መድሓኒት ክትረክብ ንምግባር ፋብሪካ መድ ሓኒት ኣዲስ ተጣይሹ። ኣብ 1989 ዓ/ም እኺ እንተተመስረተ ን12 ዓመታት ዝኣክል ፍሒት ክብል ኣይከኣለን ። እኺ ደኣስ ዝተበገሰሉ መጠን ካፒታል እናበልዐ ንተኸታተልቲ 12 ዓመታት ኣብ ከቢድ ዕዳ ክጥሕል ዝኸኣለ ትካል ትእምት ኮይኑ እዩ መፂኡ ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ።

ብዝልዓለ ኣክስዮን ናይ ትእምትን ዝተወሰነ "ሼር" ናይ ኢትዩጵያውያን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ኮይኑ ዝተመስረተ እዚ ትካል፣ "ናይ ውልቀ" ዝበሃል ፋብሪካ መድሓኒት ኣብ ዘይነበረሉ እዋን እዩ ተመስሪቱ። ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ እንትጣየሽ፣ ብብርኪ ሃገር ፋብሪካ መድሓኒት ዝበሃል ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ መድሓኒት ፋብሪካ ጥራሕ እዩ። ንሱ እውን ናይ መንግስቲ ኮይኑ፣ ቅድም ኢሉ ኣብ መዓስከር ንዝነበረ ሰራዊት ደርጊ እምበር ንህዝቢ "እዚ" ዝበሃል ተበፃሕነት ዘይነበሮን ደሓር እውን ዘመናውነት ዘየተኣታተወ ነይሩ። ካብኡ ቀፂሉ ዝዓበየ ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ክጅምር እንከሎ ብ54 ሚልዮን ካፒታል 20 ዓይነታት መድሓኒት ብምፍራይ ስርሑ ጀሚሩ። ነዚ ዝገበሩ 260 ዝኣኽሉ ሰራሕተኛ እውን ነይረምዎ።

ይኹን እምበር ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ እዙይ ጉልበት ክኾኖ ኣይከኣለን። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለፅናዮ፣ ናብ ዝለዓለ ክሳራ ካብ ዝጠሓሉ ትካላት ትእምት ሓደ ዩ ክኸውን ክኢሉ። ንተኸታታሊ 12 ዓመታት ኣብ ክፋእ ክሳራ ብምእታው ከባቢ 500 ሚልዮን ዕዳ ኣጥርዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ቀዳማይ ብዝግባእ ዘይምምራሕን ግቡእ ኣመራርሓ ዘይምርካብን እንትኸውን፣ ብኻልኣይ ደረጃ ኸኣ እታ ሃገር ንናይ ውሽጢ ዓዲ መድሓኒት እትህቦ ዝንበረት ትኹረት እኹል ዘይምንባሩን ስዒቡ ዝተፈጠረ ከምዝኾነ እዩ መካየዲ ስራሕ ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ኣይተ ሃይለ ገ/ሚካኤል ዝሕበሩ።

ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ናብ መኽሰብ ዝተሰጋገረ ካብ 2002 ዓ/ም ጀሚሩ እዩ። ዝነበረ 500 ሚልዮን ውህሉል ዕዳ ኣብ 2002 ዓ/ም እዩ ምኽፋል ጀሚሩ። ዕድኡ ወዲኡ ናብ ከስቢ ኣትዩ ዘሎ ኣብዞም ዝሓለፉ 3 ዓመታት ጥራሕ እዩ። ሕዚ ኣብ ዘተኣማምን ሃዋህውን መንገድን ድማ ይርከብ። ንኣብነት ዘፍርዮም መድሓኒታት



**መካየዲ ስራሕ ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ኣይተ ሃይለ ገ/ሚካኤል**

110 ዓይነት በፂሖም ኣለዉ። ብብርኪ ሃገር "ሃገር እትደልዮም ወሰንቲ ዓይነታት መድሓኒት" (Essential Drug Lists) ካብ 300-400 ይበፅሑ እዮም።

ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ካብዚኣቶም ነቶም 110 ከፍሪ ኣብ ዝኽእለሉ ዓቕሚ በፂሑ ኣሎ። ካብቶም መድሓኒታት እቶም 60 ዓይነት ብቀዋሚ እናተሰርሑ ናብ ህዝቢ ዝውዕሉ እንትኾኑ እቶም ከባቢ 50 ግን 'ትእዛዝ ክህሉ ከሎ' ጥራሕ ዝሰርሖም እዮም። ሰራሕ ተኛታቱ እውን ናብ 1250 ከባቢ ብምዕባይ ናይ ዓብዩ ፋብሪካ መልክዕ ሒዙ ኣሎ። ዘለዎ ሓፈሻዊ መጠን ካፒታሉ እውን 2.7 ቢልዮን ብር በፂሑ ይርከብ።

እዙይ ክኸውን ዝኸኣለ እታ ሃገር ንመድሓኒታት ውሽጢ ዓዲ ትኹረት ምሃብ ምጅማራ፣ መንግስቲ ስርሓይ ኢሉ ካብ ትካላት መድሓኒት እናገዝአ ናብ ህዝቢ ክበፅሕ ዝገበረሉ ኣንፈትን ኣሰራርሓን ምምዕርራይ፣ ናይታ ሃገር ጠለብ መድሓኒት እናወሰኸ ምምፅኡ፣ ኣብ ኣመራርሓ ዝተገበረ ሪፎርም ሓጋዚ ምንባሩ ወዘተ ብምኽኒ ዝሓሸ ዕዳጋ ክረክብ ምኽኣሉ ከምዝኾነ እዮም ኣይተ ሃይለ ገ/ሚካኤል ዝገልፁ።

ድኽመት ፋብሪካታት መድሓኒት ሃገርና ብፋብሪካ ኣዲስ ጥራሕ ዝግልፅ ኣይኮነን። እታ ሃገር ነዚ ዘፈር ዝሃበቶ ትኹረት ኣዝዩ ድኹም ምኻኑ ካብ ዘለዋ ኩነታት ምርዳእ ዝከኣል እዩ። ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራሕ ናይ 15 ቢልዮን ብር መድሓኒት ካብ ዓዲ ወፃኢ ኣታዊ (import) ገይራ እያ። ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ፣ ኣብዚ ዕዳጋ ዘለዎ ምኢታዊ እንተርኢና ካብ ኣርባዕተ ምኢታዊ ኣይዓብን። ብድማር ናይ ኩሎም ፋብሪካታት መድሓኒት ሃገርና ተደሚሩ እንተኮነ እውን ካብ 10 ምኢታዊ ንላዕሊ ዝሸፍን ኣይኮነን። እዚ ማለት ዘሎ ቀረብ ናይታ ሃገር ጠለብን ዘይጠዓዓም ምኻኑ እዩ ዘርኢ።ስለዚ እቲ ናይ " ፋርማሲቲካል ሴክተር" እንተሰሪሕካሉ ዓብዩ ዝላ ምምፃእ ዝከኣለሉ ዓውዲ ስለ ዝኾነ፣ ንቀፃሊ ናይ ምስፍሕፋሕ ስራሕ እናሰርሑ ከምዝኸዱ እዮም ኣይተ ሃይለ ዝገልፁ።

**ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ናብ መኽሰብ ዝተሰጋገረ ካብ 2002 ዓ/ም ጀሚሩ እዩ። ዝነበረ 500 ሚልዮን ውህሉል ዕዳ ኣብ 2002 ዓ/ም እዩ ምኽፋል ጀሚሩ። ዕድኡ ወዲኡ ናብ ከስቢ ኣትዩ ዘሎ ኣብዞም ዝሓለፉ 3 ዓመታት ጥራሕ እዩ። ሕዚ ኣብ ዘተኣማምን ሃዋህውን መንገድን ድማ ይርከብ። ንኣብነት ዘፍርዮም መድሓኒታት 110 ዓይነት በፂሖም ኣለዉ። ብብርኪ ሃገር "ሃገር እትደልዮም ወሰንቲ ዓይነታት መድሓኒት" (Essential Drug Lists) ካብ 300-400 ይበፅሑ እዮም።**

**ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ካብዚኣቶም ነቶም 110 ከፍሪ ኣብ ዝኽእለሉ ዓቕሚ በፂሑ ኣሎ። ካብቶም መድሓኒታት እቶም 60 ዓይነት ብቀዋሚ እናተሰርሑ ናብ ህዝቢ ዝውዕሉ እንትኾኑ እቶም ከባቢ 50 ግን 'ትእዛዝ ክህሉ ከሎ' ጥራሕ ዝሰርሖም እዮም። ሰራሕተኛታቱ እውን ናብ 1250 ከባቢ ብምዕባይ ናይ ዓብዩ ፋብሪካ መልክዕ ሒዙ ኣሎ። ዘለዎ ሓፈሻዊ መጠን ካፒታሉ እውን 2.7 ቢልዮን ብር በፂሑ ይርከብ።**

ካብዚኣቶም ሓደ፣ ኣብ ዝሓለፈ 2 ዓመት ዝተጀመረ ፕሮጀክት ከምዘሎ ድማ ይዛረቡ። እቲ ፕሮጀክት ካብ 65-70 ሚልዮን ዶላር ክውድእ እዩ ተባሂሉ ዝሕሰብ እንትኸውን እንግሊዛውያን ሰብ ሃፍቲ ብ42 ሚልዮን ዶላር (ብ49 ምኢታዊ ብፅሒት) ሒዞም ዝኣተውሉ ምስ ፋብሪካ ኣዲስ ብሓደ (joint venture) ኮይንካ ዝስራሕ ዘሎ ፕሮጀክት እዩ። " እዙይ ምስተዛዘመ ንጠለብ እታ ዓዲ ብዝሓሸ ክምልስ እዩ ዝብል ትፅቢት ኣሎ" ዝበሉ ኣይት ሃይለ፣ ልዕሊ 200 መድሓኒት ናብ ምፍራይ ከመዘብፀሖም እዮም ዝዛረቡ።

ቀንዲ ዕላማ እዚ ምስፍሕፋሕ ናይ ደገ ዕዳጋ ንምርካብን ኤክስፖርት ንምጅማር እዩ። ጠለብ መድሓኒት እዛ ሃገር ልዑል ስለ ዝኾነ በቲ ሓደ፣ ፋብሪካ ኣዲስ እውን ዓቕሙ ገና ስለ ዝኾነ በቲ ካሊእ እኺ ቅድሚ ሕዚ ሰደድ ምግባር እንተዘይተኽኣለ፥ እዚ ምስተ ዓወተ ግን ካብ 10 ናይ ኣፍሪካ ብሉፃት ፋብሪካታት መድሓኒት ሓደ ከምዝገብሮምን ሕዚ ካብ ዘሎ ዓመታዊ ሽይጣት ብዕፅፊ ብምውሳኽ፣ ብዓመት ልዕሊ 3 ቢልዮን ሽይጣት ክህልዎም ከምዝኽእሎምን እዮም ኣይተ ሃይለ ዝዛረቡ።

ትካላት ትእምት(APF) ሓዊሱ ፍረ እቲ ን17 ዓመታት ዘካየዶ ቃልሲ እየን። ሕዚ እውን ክሕልወን፣ ክኸናከነን፣ ክሓተን ኣለዎ። ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ከምቶም ካልኦት ትካላት ትእምት ኣብ ህዝቢ ትግራይ ብመልክዕ ምግባረ ሰናይ ዝተፈላለዩ ቁጠባውን ማሕበራውን ፀገማት ሕብረተሰብና ዝፈትሑ ስራሕቲ እናሰርሓ ዝርከብ ትካል እዩ። ንኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል ምስ ካልኦት ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ከተማ ዓድ ግራት ሓደ ሙሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ሰሪሑ ንሕብረተሰብ ኣረኪቡ እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ወልዋሎ ፋብሪካ መድሓኒት ኣዲስ ዝበሃል ናይ ባዕሉ ጋንታ ብሽክሌት ኣጣይሹ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ሰገናት እናመልመለ ኣብ ምስልጣን ዘሎ ትካል እዩ። ነዚ ጋንታ ዝኸውን ድማ በብዓመቱ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር በጀት እናመደበ ስፖርት ብሽክሌት ናብ ዝለዓለ ብርኪ ዕብየት ንምስግጋር ብተወፋይነት እናሰርሐ ይርከብ። ብድምር እቲ ፋብሪካ ንዝተፈላለዩ ምግባረ ሰናይ ስራሕቲ ዝውዕል በብዓመቱ ልዕሊ ሽዱሽተ ሚለዮን ብር ወፃኢ ከምዝገብር ካብቲ ፋብ ሪካ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመላኽት፡፡

ብሓፈሻ ፋብሪካ መድሓኒ ኣዲስ ኣብ ዕብየት ቁጠባ ክልልና ይኹን ሃገርና ርኡይ ዝኾነ ተራ እናተፃወተ ዝርከብ ዘሎ ትካል እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ እውን በብዓመቱ ብሚልዮናት ዝቑፀር ገንዘብ እናውፀአ ማሕበራውን ቁጠባውን ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ንምፍታሕ ዝለዓለ እጃም ብምፅዋት ኣብ ኩለ መዳይያዊ መኸተ ገዚፍ ኣበርክቶ እናተፃወተ ይርከብ ብዝሰርሖም ዘለው ስራሕቲ ናይ እማን ናይ ህዝቢ ትካል ምኻኑ ኣመስኪሩ እዩ።

... ካብ ገፅ 6 ዝዞረ

## ዞባ መቐለ

**ንመፈለምታ ግዜ ዝወፀ ጨረታ**

**ኣንበሳ ኢንተርናሽናል ባንኪ አ/ማ ብኣዋጅ ቁፅሪ 97/90፣98/90ን216/92ን ብዝታውሃቦ ስልጣን መሰረት ቀፂሎም ተዘርዚሮም ንዝርከቡ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንምሻጥ ይደሊ።።**

| ተ.ቁ | ሽም ተለቃሒ | ሽም ንብረት ኣትሓዚ | ኣለቃሒ ጨንፈር | ንብረት ዝርከበሉ ኣድራሻ | | | | ስፍሓት ቦታ | ናይበዓል ቤትነት መረጋገፂ ምስክር ወረቐት | ዓይነት ንብረት | ናይ ጨረታ መልዓሊ ዋጋ | ጨረታ ዝካየደሉ ዕለትን ሰዓትን |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | ከተማ | ወረዳ | ቀበሌ | ገዚ.ቁ | | | | | |
| 1 | ሃ/ቃ ተስፋይ ገ/መድህን ወ/ገርግስ | ሃ/ቃ ተስፋይ ገ/መድህን ወ/ገርግስ | እንትጮ | እንትጮ | ኣሕፈሮም | 01 | - | 158.40 ካ/ሜ | ም/መ/ማ/እ/ማዝ/1661 | ድርጅት | 2,349,412.61 | መስከረም 19/2013 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3፡00-5፡00 |
| 2 | ኣቶ ኣክሊሉ ዘርአዳዊት ደሞዝ | ኣቶ ኣክሊሉ ዘርአዳዊት ደሞዝ | ዉቕሮ-ማራይ | ዉቕሮ-ማራይ | ታ/ማ/ጨው | 03 | - | 145.20 ካ/ሜ | 935/19/ሳፐ/2002 | ድርጅት | 1,901,555.45 | መስከረም 20/2013 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3፡00-5፡00 |
| 3 | ኣቶ ኣክሊሉ ዘርአዳዊት ደሞዝ | ኣቶ ኣክሊሉ ዘርአዳዊት ደሞዝ | ዉቕሮ-ማራይ | ዉቕሮ-ማራይ | ታ/ማ/ጨው | 03 | - | 226.8 ካ/ሜ | 1705/ሳ/ፐ/19/7/99 | ድርጅት | 763,793.24 | መስከረም 20/2013 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት 8፡00-10፡00 |
| 4 | ኣቶ ባህልቢ ገ/መድህን ኣታይ | ኣቶ ባህልቢ ገ/መድህን ኣታይ | ማይ-ጋባ | ማይ-ጋባ | ወልቃይት | ሓጎስ | - | 169.1 ካ/ሜ | ም/መ/ማ-2317/08 | ድርጅት | 967,390.18 | መስከረም 22/2013 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት 8፡00-10፡00 |
| 5 | ኣይተ ጎትኣም መዝገበ | ወ/ሮ ሓዳስ በርሀ | ማይጨው | ማይጨው | ማይጨው | 02 | - | 271.35 ካ/ሜ | 970/ማ/2000 | ድርጅት | 5,221,157.22 | መስከረም 20/2013 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት 8፡00-10፡00 |
| 6 | ኣቶ ሓዱሽ ካልኣዩ | ኣቶ ሓዱሽ ካልኣዩ | ማይጨው | ማይጨው | ማይጨው | 04 | - | 400 ካ/ሜ | 1339/09/2001 | ድርጅት | 843,837.57 | መስከረም 21/2013 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3፡00-5፡00 |
| 7 | ኣቶ ሓዱሽ ካልኣዩ | ኣቶ ሓዱሽ ካልኣዩ | ማይጨው | ማይጨው | ማይጨው | 04 | - | 200 ካ/ሜ | 3064/ማ/2005 | ድርጅት | 420,663.72 | መስከረም 21/2013 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት 8፡00 10፡00 |

**መተሓሳሰቢ**

1)ተጫረቲ ናይ ጨረታ መበገሲ ዋጋ ርብዒ 1/4 ወይ ድማ 25% ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ናይ ክፍሊት ሰነድ/CPO/ ብምቕራብ ወይ ድማ ብጥረ ገንዘብ ብምትሓዝ ክጫረቱ ይኽእሉ።

2) ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብቲ ሰንጠረዥ ዝተቐመጡ ንብረታት ዝርከብሉ ኣድራሻ እዩ።

3) ናይ ተጫረቲ ምዝገባ ዝካየድ ንጉሆ ንዝካየድ ጨረታ ካብ 3፡00-4፡30 እንትኸውን ድሕሪ ቀትሪ ንዝካየድ ጨረታ ድማ ካብ 8፡00-9፡30 ይኸውን።

4) ናይ ጨረታ ኣሸናፊ ኣሸናፊ ምዃኑ ካብ ዝፈለጠሉ ዕለት ጀሚሩ ዝተረፈ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ/15/ መዓልቲ ኣጠቓሊሉ ክኸፍል ይግባእ።እንተዘይከፊሉ ግን ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ተሰሪዙ ዘትሓዞ ገንዘብ ኣይምለሰሉን።

5) ኣብቲ ጨረታ ዝተሸነፉ ተጫረቲ ዘትሓዝዎ ገንዘብ ይምለሰሎም።

6) ኣብቲ ዝተጠቐሰ ሰዓት እቲ ጨረታ እንተዘይተወዲኡ ክናዋሕ ይኽእል እዩ።

7) እቲ ንብረት ናብ ናይ ገዛኢ ስም ንክዘውር ባንኪ ናብ ዝምልከቶ መንግስታዊ ኣካል ደብዳቤ ይፅሕፍ።

8) እቲ ንብረት ኣብ ዝመሓላለፈሉ ግዜ ንመንግስቲ ዝኽፈል ዝኾነ ይኹን ክፍሊት ወይ ግብሪ ቫትን ወሲኹ ገዛኢ ይኸፍል።

9) እቲ ባንኪ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ በቲ ጨረታ ኣይግደድን።

10) ናይቲ ባንኪ ናይ ልቓሕ መምርሒ ንዝኸተሉ ተጫረቲ ናይ ዝገዝእሉ ዋጋ ካብ ሓምሳ ሚኢታዊ/50%/ ዘይበልፅ ናይ ልቓሕ ግልጋሎት ክመቻቸወሉ ይኽእል።

11) ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣንበሳ ኢንተርናሽናል ባንኪ ኣ/ማ ሰሜን ሪጂን ፅ/ቤት ብቀጥታ ስልኪ ቁፅሪ 034-241-63-53 ደዊሎም ክሓቱ ይኽእሉ።

1. ኣብ ተራ ቁፅሪ ሓደ ንዝተቐመጠ ንብረት ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ሰዓት ብባንኪ እንትጮ ቅርንጫፍ ኣቢሎም ምጉብናይ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 034-449-05-69/0639 ሓበሬታ ምሕታት ይኽእሉ።

2. ኣብ ተራ ቁፅሪ 2ን 3ን ንዝተቐመጡ ንብረታት ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ሰዓት ብባንኪ ዉቅሮማራይ ቅርንጫፍ ኣቢሎም ምጉብናይ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 034-668-07-42/766 ሓበሬታ ምሕታት ይኽእሉ።

3. ኣብ ተራ ቁፅሪ ኣርባዕተ ንዝተቐመጠ ንብረት ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ሰዓት ብባንኪ ማይ-ጋባ ቅርንጫፍ ኣቢሎም ምጉብናይ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 034-459-93-45/46 ሓበሬታ ምሕታት ይኽእሉ።

4. ካብ ተራ ቁፅሪ 5ተ-7ተ ንዝተቐመጡ ንብረታት ብዝምልከት ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ሰዓት ብባንኪ ብማይጨው ቅርንጫፍ ኣቢሎም ምጉብናይ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 034-777-07-00/0325 ሓበሬታ ምሕታት ይኽእሉ።

**ኣንበሳ ኢንተርናሽናል ባንኪ ኣ/ማ**
**ሰሜን ሪጂን ፅ/ቤት**

## ዞባ ማእኸል

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡-ኣይተ በሪሁ ፀጋይ ቪዛን ጣብያ ዕ/ጀጋኑ ቁሸት ዕ/ረቡዕ መንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ኣካል ምጉዳል ገበን ክሲ ተኸሳሲ ኣብ ቆፀራካ ክትቐርብ ስለዘይኻኣልካ ጉዳይኻ ብዘየለኻሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ፈሊጥካ ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ቀትሪ ናብ ወረዳ እገላ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ እገላ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ወ/ወ/ለኸ፣ ተኸሰስቲ፡- 1 ኣይተ ኣርኣያ ሃይላይ ተክላይ ኣድራሻ ወረዳ ወ/ለኸ ጣብያ ዕ/ሓሙስ ቁሸት እንዳ መስቀል

2 ኣይተ ሃይላይ ወላይ ገ/ስላሴ ኣድራሻ ወረዳ ወ/ለኸ ጣብያ ዕ/ሓሙስ ቁሸት እንዳ መስቀል ኣብ ሞንጎኦም ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ተኸሰስቲ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ንክትቐርቡ ተኣዚዝኩም ብኣድራሻኹም ሰለዝተሳኣንኩም ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ናይ ቀትሪ ናብ ምድብ መጋባእያ ወረዳ እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ ቀሪብኩም እምነት ክሕደት ቃልኩም ንክተስምዑ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝዋሃብ ምዃኑ ወረዳ እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ምድብ መጋባእያ ወረዳ**
**እንዳባፃሕማ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኸሳሲ ሃ/ገ/ተንሳይ ፀጋይ ፣ ተኸሳሲ ፡- ወርዒ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ማሕበር ወኪል ሙሉ ገ/ሂወት

ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈ/ ክትዕ ኣብ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ከተማ ባዕኸር ዝርከብ ናይ ድርጅት ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቕ ፅርግያ ብምዕራብ ክፍቲ ቦታ ፣ ብሰሜን ፅርግያ ፣ ብደቡብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዘዋስኖ ስፍሓቱ 1380 ሜትር ካሬ ሓደ መክዚን ሰለስተ ገዛውቲ ዘለዎ ሻወርን ሽንቲቤትን ተለሲኑ ዘይተወድአ ብመበገሲ ዋጋ ብር 1250850.60 /ሓደ ሚልዮንን ክልተ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትን ሓምሳን ብር /ምስ 60/100 ተጫሪቱ ንዕዳ መኽፈሊ ክኸውን ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 15/01//2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 6፡00 ናይ ቀትሪ ብግልፂ ጨረታ ስለዝካየድ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ሰዓትን ገዛን ተረኺቡ ክጫረት ዝደሊ ተጫራታይ ተረኺቡ ንክጫረት ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ ።

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ፡- 1 ኣይተ ዘናዊ ገ/ስላሰ ገ/ማርያም ኣድራሻ ወረዳ ጋንታ ኣፋሹም ጣብያ ሓጋረጋ ቁሸት ሰምሃል መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ክሲ ተኸሳሲ ተደሊኹም ክትርከቡ ስለዘይኸኣልኩም ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም ክትቐርቡ ስለ ዘይኸኣልኩም ንዕለት 30/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ናይ ክሲ መዝገብኹም ናብ ዝርከበሉ ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጮ ንኽትቐርቡ ክትቐርቡ እንተዘይኽኢልኩም ግና ኣብ ልዕሌኹም ዝቐረበ ክሲ ብዘየለኹምሉ ዝረአ ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ቤት ፍርዲ ወረዳ እንትጮ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊተኸሳሲ፡- ህፃን ሰለሙን ኣልጋነህ ሃይሉ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ከ/ስርቂ ገበን ኮይኑ ተኸሳሲ ንዝቐረበሉ ክሲ ኣብ ኣድራሻኡ ከተማ ዓ/ዓዲ ቀበሌ 03 ስለዝተሰኣነ ንዕለት 14/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ናብ ወ/ከተማ ዓ/ዓዲ ቤት ፍርዲ ንክቐርብ እንተዘይቀሪቡ ግና ጉዳዩ ብዘየለሉ ተራእዩ ከምዝውሰን ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ።

**ከተማ ዓብይ ዓዲ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡- ኣይተ ገ/ፃድቅ ስዩም ኣድራሻ ወረዳ ዓደዋ ጣብያ ማይ ጥዑም ቁሸት ፅጌሬዳ ንዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ንዕለት 14/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 እምነት ክሕደት ቃል ንምስማዕ ዝተቆፀርኩም ምኻንኩም ፈሊጥኩም ኣብ ቆፀሮኹም ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይ ኹም በዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ፈሊጥኩም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ።

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ወ/ቐይሕ ተኸሊ ፍትሒ ተኸሳሲ ኣይተ ነጋሲ ካልኣዩ በየነ ኣ/ሻ ወ/ቐ/ተኸሊ ጣብያ ገ/ምለ ስለይ ቁሸት ሳትያ ብዝተኸሰስክምሉ ገበን ከቢድ ኣካል ጉድኣት ክሲ ንምሰማዕ ንዕለት 26/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ናብ ወረዳ ቐ/ተኸሊ ቤት ፍርዲ ቅረቡ እንተዘየቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ናይ ክሲ ምስማዕ ተሓሊፉ ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምዃኑ ነፍልጥ ክብል ወረዳ ቐ/ተኸሊ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ቐ/ተኸሊ ወረዳ ቤት ፍርዲ**

ኣፈ/ኸሳሲ፡- ደደቢት ማ/ፋይናንስ ጨንፈር ዓ/ዓዲ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ፡- ንጉሰ ምላው ተ/ጆወርግስ ኣድራሻ ወረዳ ከተማ ዓ/ዓዲ ቀበሌ 03 ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክርክር ኣመልኪቱ ናይ ኣፈ/ተኸሳሲ ንብረት ዝኾነት ባጃጅ ኮድ ትግ -01-13029 ሞደል ኣቱል ዝኾነት ግምታ 129,903.26 ዝኾነት በዚ ዝተጠቐሰ መበገሲ ዋጋ ንዕዳ መፈፀሚ ብጨረታ ክትሸየጥ ብዝተኣዘዘ መሰረት ዝጫረት ዝደሊ እንተሃልዩ ንዕለት 11/1/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 6፡00 እንትኾውን ውፅእት ጨረታ ድማ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 8፡00 ይቐሪብ ኣብ ከተማ ዓብይ ዓዲ ደደቢት ማ/ፋይናንስ ተረኺብኩም ክትጫረቱ ትኽእሉ ምኻንኩም ቤት ፍርዲ ዓብይ ዓዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ከተማ ዓብይ ዓዲ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡-ን/ወረዳ ኣምበራ ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ ኣይተ ሓዱሽ መኣዛ ገ/ስለሴ ኣ/ሻ ወረዳ ቆላ ተምቤን ጣብያ ጉያ ቁሸት ዳምስመረ ነባሪ ዝኾኑ ተኸሳሲ ተኸሲስሉ ዘሎ ሕጊ ገበን ልዕሊ 12 ዓመት ስለዘቕፅዕ እዚ ማለት ድማ ተኸሲስሉ ዘሎ ገበን ብዘየለሉ ዝረኣይ ስለዝኾነ ተኸሳሲ ዝተኸሰሰ ምኻኑ ንምንታይ ከም ዝተኸሰሰ መን ከምዝኸሶሰን ናይ ምፍላጥ ሕገ መንግስቲ መሰል ስለዝኾነ/ ስለዘለዎ/ ተኸሳሲ ንዕለት 7/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ይቕረብ ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ወረዳ ኣምበራ ቤት ፍርዲ**

ናብ ገፅ 12 ይዘውር ...



# ረ ዊ ና



# ዝበልዐ - መንዐ

ብተስፋልደት ገ/ማርያም

ዘይተመጣጠነን ስርዓት ኣመጋግባ ኣብ ውሽጢ ምግቢ ዝርከቡ መጠን ንጥረ መኣድናት ንወዲ ሰብ ካብ ዘድልዮ ንላዕሊ ወይ ድማ ትሕቲ መጠን እንትኸውን ዝተዛበዐ ጥዕናዊ ፀገም ይፍጠር። ዝተመጣጠነን ጥዑይን ስርዓት ኣመጋግባ እንትበሃል፣ ኣካላት ደቂ ሰብ ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ማለት እውን ኣብ ምንቅስቓስ ኣካል፣ ኣብ እዋን ጥንሲ፣ ምጥባውን ካልኦትን ዘድሊ ኣእምሮኣዊ ንቕሓት፣ ስሩዕ ስርዓተ ምሕቓቕ ምግቢ ብዓይነትን መጠንን ብእኹል መልክዑ ኣማሊኡ እንትርከብ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሰውነት ደቂ ሰባት ዝርከቡ ፈሰስትን ንጥረ ቅመማትን ንምምጥጣን ዘኽእል ኣመጋግባ ዘይናወፅ ዑደት ህይወት ኣብ ምፍጣር ዓብዪ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኮይኑ ግና ብሰንኪ ጥዑይ ስርዓት ኣመጋግባ ዘይምኽታል ምንቅስቓስ ዑደት ህይወት እንተተዛቢዑ ብኡ ልክዕ ብቐፃልነት ስርዓት ጥዕና ተዛቢዑ ክተርፍ ይኽእል። ኣብ 2019 ዓ/ም ፈረንጂ ዝወፀ መፅናዕቲ ውድብ ጥዕና ዓለምን ትካል ውድብ ሕቡራት መንግስታት (ዩንሴፍ)ን ብሰንኪ ዘይምዕሩይ ስርዓት ኣመጋግባ ብዝፍጠር ድኽዳኽን ዕብራንን ኣብ ሃገራት ደቡብ ኤስያን ትሕቲ ሰሃራ ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪካን ዝርከቡ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህፃናት ብዝኸፍአ መልክዑ ተጠቂዖቲ ከምዝኾኑ የረጋግፅ። እቲ መፅናዕቲ ከምዝሕብሮ ብብርኪ ዓለም 144 ሚልዮን ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህፃናት ልዑል መጠን ድኽዳኽ፣ ዕብራንን ትሑት ክብደትን ከምዘለዎም የረድእ። ብመሰረት እቲ መፅናዕቲ ኣብ መላእ ዓለም ብድኽዳኽን ዕብራንን ካብ ዝተጠቕዑ ሓሙሽተ ህፃናት እቶም ክልተ ኣብ ሃገራት ትሕቲ ሰሃራ፣ እቶም ክልተ ድማ ኣብ ሃገራት ደቡብ ኤስያ ይርከቡ። እዚ ማለት ኣብ ዓለምና ካብቶም ሓሙሽተ እቶም ኣርባዕተ (80 ሚኢታዊ) ፀገም ድኽዳኽ ዘለዎም ህፃናት ኣብ ክልተ ዞባታት ክፍሊ ዓለም ጥራሕ ከምዝርከቡ እዮም።

ብመሰረት መፅናዕቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ዝርገሐ መጠን ድኽዳኽ ብብርኪ ዓለም ኣብ 2009 ዓ/ም ፈረንጂ ካብ ዝነበሮ 199 ሚልዮን ኣብ ውሽጢ 10 ዓመታት ናብ 144 ሚልዮን ነክዩ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ኣህጉረ ኣፍሪካ ኣብ 2009 ዓ/ም ፈረንጂ ካብ ዝነበሮ 22 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚልዮን ኣብ 2019 ዓ/ም ፈረንጂ ናብ 29 ሚልዮን ክብ ኢሉ ይርከብ። እዚ ዘርእየና ድማ ብብርኪ ዓለም መጠን ድኽዳኽ ህፃናት ብኣስታት 55 ሚልዮን እኳ እንተነከየ ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ግና ብልዕሊ ሓሙሽተ ሚልዮን ከምዝወሰኸ እዩ። ድኽዳኽ ብምኽንያት ሕፅረት ምግብን ዘይምዕሩይ ዝኾነ ኣመጋግባን ዝፍጠር ኮይኑ ኣብ ዝውለዱ ህፃናት ምስ ዕድመ ዘይመጣጠን ትሑት ዓቕን ቁመት ወይ ዝሕታለ ዕብየት ኣካልን ኣእምሮን ዘስዕብ ፀገም ጥዕና እዩ። እዚ ፀገም ብሰፊሑ ዝፍጠር ሓደ ህፃን ካብ ዝጥነሰሉ እዋን ጀሚሩ ክሳብ ክልተ ዓመት ዝመልኦ ኣብ ዘለዉ ሓደ ሽሕ መዓልታት እንትኸውን 17 ምኢታዊ እዚ ፀገም ኣብ እዋን ጥንሲ ከምዝፍጠር ዝተፈላለዩ ሳይንሳዊ መፅናዕቲታት ይትንትኑ። ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ናይ ሕርሻ ምህርቲ ኣፍረይቲ ካብ ዝኾና ሃገራት ሓንቲ ዋላ እንተኾነት ካብ ዓለም ብዝለዓለ ብርኪ ብዘይምዕሩይ ስርዓት ኣመጋግባ ዝተጠቕዑ ክፉላት ሕብረተሰብ ዘለውዋ ሃገር ምዃና ዝተፈላለዩ መፅናዕትታት የመላኽቱ። ኣብ ዜጋታት ዝርኣዩ መብዛሕቲኦም ፀገማት ጥዕና ድማ ምስ ዝተመጣጠነ ምግቢ ዘይምምጋብን ሕፅረት ስነ-መኣዛን ተተሓሒዞም ዝመፁ ምዃኖም የረድእ። እቶም መፅናዕትታት ኣብ ህፃውንቲ፣ ነብሰ ፆር ኣዴታት፣ መጥበውቲ እኖታትን ኣረጋዉያንን ዝኸፍአ መልክዕ ሒዙ ከምዝርከብ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ካብ ዝኸሰቱ ሞት ህፃናት እቶም 45 ምኢታዊ ብምኽንያት ድኽዳኽን ምስ ድኽዳኽ ተኣሳሲሮም ብዝኸሰቱ ፀገማት ጥዕናን እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ድኽዳኽን ምስኡ ተኣሳሲሮም ዝመፁ ካልኦት ፀገማት ጥዕናን በቲ ሳይንሳዊ መዐቀኒ 30 (ሰላሳ) ነጥቢ ብልሒ ኣእምሮ ህፃናት ይንኪ። በዚ ምኽንያት ድማ 16 ምኢታዊ ህፃናት ትምህርቶም ይደግሙ። ብድኽዳኽ ዝተጠቕዑ ህፃናት ወሰንቲ ኣካላቶም ብኣግባቡ ዝማዕበሉ ስለዘይኮኑ ንሕማም ሽኮር፣ ልዑል ፀቕጢ ደም፣ ሕማም ልቢ፣ መንሽሮ፣ ምፍሳስ ደም ኣእምሮን ኣብዘይ እዋኖም ምእራግን ንዝኣመሳሰሉ ፀገማት ጥዕና ኣዝዮም ተጠቂዖቲ ከምዝኾኑ ሚንስተር ሓለዋ ጥዕና ሃገርና ኣብ 2011 ዓ/ም ዘውፅኦ መፅናዕቲ ይሕብር።

ኤጀንሲ "ስታስቲክስ ክልል ትግራይ" ምስ ዩኒቨርሲቲ መቐለ ብምሕትብባር ኣብ መወዳእታ 2011 ዓ.ም ኣብ ኩለን ወረዳታትን ምምሕዳር ከተማታትን ትግራይ ኣብ 11 ሽሕን ኣርባዕተን መራሕቲ ስድራ ማእኸል ዝገበረ መፅናዕቲ ኣጠቓቕማ ስነ-መዓዛ ኣካይዱ ነይሩ። ውፅኢት እቲ ዘካየዶ መፅናዕቲ ድማ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሚያዝያ 2012 ዓ/ም ዕላዊ ገይሩ እዩ። እቲ መፅናዕቲ ከምዘመላኽቶ ክልላዊ መጠን ድኽዳኽ 41 ሚኢታዊ፣ መጠን ዕብራን ሸሞንተ ነጥቢ ትሸዓተ እንትኸውን መጠን ትሑት ክብደት ድማ 21.2 ከምዝኾነ የረድእ።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ከተማታት ትግራይ ዝርገሐ ድኽዳኽ 34 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚኢታዊ፣ ትሑት ክብደት 16 ነጥቢ ክልተ ሚኢታዊ እንትኸውን ዕብራን ሸውዓተ ነጥቢ ሸሞንተ ሚኢታዊ ኾይኖም ተረኺቦም እዮም። ብተመሳሳሊ ኣብ ገጠር ከባቢታት ትግራይ መጠን ድኽዳኽ 43 ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊ ፣ ትሑት ክብደት 22 ነጥቢ ሽዱሽተ ሚኢታዊ፣ ዕብራን ድማ ትሽዓተ ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊን ከምዘኾነ የረድእ። እቲ ዝተሓተ መጠን ድኽዳኽ ኣብ ጋንታ ኣፈሹም 27 ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊ እንትኾን እቲ ዝለዓለ ድማ ኣብ ወረዳ ኦፍላ 62 ነጥቢ ሸሞንተ ሚኢታዊ ምዃኑ ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢት የመላኽት። ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ ከምዘመላኽቶ ብፍላይ ኣብ ገጠር ዝነብር ሓረስታይን ስድርኡን ልምዲ ስርዓት ኣመጋግብኡ ኣብ ፍርያት እኽልታት ዘተኮረ፣ ብኣንፃሩ ድማ ሃነፀትን ተኸላኸልቲ ሕማማትን ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ኣሕምልትን ፍረምረን፣ ተዋፅኦ እንስሳት ብዘማልአ ስርዓት ኣብ ምምጋብ ዘለዎ ግንዛበ ትሑት ምዃኑ የረጋግፅ። ካልእ ሓደ ህፃን ድሕሪ ዕድመ ሽዱሽተ ወርሒ ካብ ፀባ ጡብ ኣዶ ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶ ዘለዎም ዓይነታት ምግቢ ዘይምጅማር ካብቶም ጎሊሆም ዝረኣዩ ፀገማት ዘይምዕሩይ ስርዓት ኣመጋግባ እዮም። መንቀሊ ፀገማት ዘይምዕሩይ ስርዓት ኣመጋግባ እኹል መፍረያይነት እታዎታት ምግብን ቀረብን ዘይምህላዎም፣ ምንኣስ ዓቕሚ ምግዛእ፣ ሕብረተሰብና ኣብ ስርዓት ኣመጋግባ ዘለዎ ማሕበራውን ባህላውን ድሕረታት ምዃኖም ኣብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ምስጓም ጥዕናን ምክልኻል ሕማማትን መተሓባበሪ ኬዝ ቲም ስነ-መዓዛ ኣይተ መንግሽ ባህረስላሴ ዝሃቡና ሓበሬታ የረድእ።

ካብዚ ብምብጋስ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ሕብረተሰብ ብሰንኪ ዘይምዕሩይ ኣመጋግባ ካብ ዝኸሰቱ ሕማማት ንምክልኻልን ንምቕናስን ግንዛበ ናይ ምፍጣር ስራሕቲ እናሰርሐ ፀኒሑ እዩ። ብመሰረት እዚ እውን ኣብ 2025 ዓ/ም ፈረንጂ "ውሕስነት ስርዓት ኣመጋግባ ዝተረጋገፀላ፣ ጥዕንኡ ዝሓለወ፣ ዝተማልአ



**ኣብ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ከይዲ ስራሕ ምስጓም ጥዕናን ምክልኻል ሕማማትን መተሓባበሪ ኬዝ ቲም ስነ-መዓዛ ኣይተ መንግሽ ባህረስላሴ**

ናብራ ዘለዎ፣ መፍረያይነት ዕድመ ፀገብ ማሕበረሰብ ተፈጢሩ ምርኣይ" ዝብል ራእይ ተሓንጊጡ ኣብኡ ንምብፃሕ ዘኽእሉ ተግባራት ኣብ ምዕማም ይርከብ። ካብዚኦም ዜጋታት ክኽተልዎ ዝግባእ ምዕሩይ ስርዓት ኣመጋግባ፣ ክገብሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን ክትትላትን ማእኸል ዝገበሩን ግንዛበ ክፈጥሩ ዝኽእሉን ኣስተምህሮታት እናሃበ ምፅንሑን ሐዚ እውን ይቕፅል ምህላዉን ይፍለጥ።

ብመሰረት እዚ ድማ እቲ ቢሮ ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ብምዃን ዘይምዕሩይ ስርዓት ኣመጋግባ ስዒቦም ንዝመፁ ሕማማት ንምክልኻል ብሰብ ሞያ ጥሙር ጥዕና ኣቢልካ ንሕብረተሰብ ኣብ ስርዓት ኣመጋግባ ግንዛበ ናይ ምዕባይ ስራሕቲ እናተሰርሑ እዮም። ብምኽንያት ዝተዛበዐ ስርዓት ኣመጋግባ ዝመፁ ሕማማት ምልላይን ምቕራፍን ኮነ ዘይምዕሩይ ስርዓት ኣመጋግባ ከይህሉ ንምግባር ዘኽእል ፍልጠትን ክእለትን ምዕጣቕ ቁልፍን ወሳንን ይገብሮ። ብመሰረት እዚ ኩነታት ስርዓት ኣመጋግባ ንምሕያልን ኩሎም ኣብ ዕላማ ዝተትሓዙ ክፉላት ሕብረተሰብ ተጠቀምቲ ንምግባር ዘኽእል ኣንፈት ተዳልዩ ኣሎ። ኣብዚ ባእታ ብዋናነት ኣብ ግልጋሎት ኣዴታት፣ ኣባፅሕን ኣረጋዉያንን ማእኸል ዝገበረ ሽቶታት ዝሓዘ እዩ።

ብፍላይ ኣብ ኣዴታትን ህፃናትን ብዝርኣዩ ሕፀረታት ዝተመጣጠነ ምግቢ ዘይምምጋብ ስዒቦም ዝመፁ ሕማማት ንምኽልኻል ኣብ ገዛን ከባብን ዝርከቡ ሃፍተ ገነት ቅድሚ ናብ ዕዳጋ ምውራድ ስድራ ቤት ክጥቅምሎምን ክምገብዎምን ግንዛበ ምዕባይ እዩ። ብመሰረት እዚ እውን ኣደታትን ህፃናትን ንተዋፅኦ እንስሳት ዝኾኑ ስጋ፣ ፀባን ውፅኢት ፀባን፣ እንቁላሊሕ፣ ከብዲ፣ ኩላሊት፣ ዓሳ፣ ዘይቲ ዓሳን ካልኦትን ክምገቡን ስርዓት ስነ መዓዛ ክኽተሉን ንምግባር እናተሰርሐ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ውፅኢት ፍራምረን ኣትክልትን ካብ ዝኾኑ ፓፓዮ፣ ማንጎ፣ ኣራንሺ፣ ካሮት፣ ዱባ፣ ባናና፣ ኣቮካዶ፣ ሽኮር ድንሽን ካልኦትን ከምኡ እውን ካብ እኽልን ጥራምረን ከምኒ ዓተር፣ ብርስን፣ ሽምብራ፣ ስገም፣ ስንዳይን ጣፍን ምምጋብ ብጣዕሚ ጠቓምትን ወሰንትን ምዃኖም ምርዳእ የድሊ። ካልእ ሓንቲ መጥበዊት ኣደ ትምገቦ ካብ ዝነበረት ክልተ ዕፅፊ ብምውሳኽ እንተነኣሰ ኣብ መዓልቲ ሓሙሽተ ግዘ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዘለዎም ዓይነታት ምግቢ ክትምገብ ይግባእ።

ኣካላውን ኣእምሮውን ዕብየት ህፃውንቲ ንምጉልባት ድማ ካብ እዋን ጥንሲ ጀሚሩ ክሳብ ክልተ ዓመት እቲ ህፃንን ኣዶን ብዝረኽብዎ ኣመጋግባን ክንክንን ይውሰን። ህፃውንቲ ምስ ተወለዱ ሽዑ ንሽዑ ፀባ ጡብ ኣደ (ልግዐ) ምጥባው ክጅምሩ ምግባር ወሳኒ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ህፃውንቲ ምጥባው ኣብ ዝደለይሉ ግዘ ቀትርን ለይትን ሓዊሱ ኣብ መዓልቲ ካብ 10 ክሳብ 12 ግዘ ፀባ ጡብ ኣዲኦም ክጠቡ ከምኡ እውን ኩሎም ህፃውንቲ ንመጀመሪያ ሽዱሽተ ወርሒ ፀባ ጡብ ኣዲኦም ጥራሕ ክምገቡ ከምዝግባእ ሰብ ሞያ ሕክምና የገንዝቡ።

ብድምር ሕብረተሰብ ብፍላይ ድማ ኣዴታትን ህፃናትን እንታይነትን ጥቕምን ስርዓት ኣመጋግባን ስነ መዓዛን እኹል ኣፍልጦ ክሕዙ ብምግባር ዝተመጣጠነ ምግቢ ምድላው፣ ኣጠቓቕምኡ እኹል ፍልጠትን ክእለትን ክህልዎም ምግባር የድሊ። ብሰንኪ ጉድለት ስርዓት ኣመጋግባ ዝፍጠር ድኽዳኽ፣ ዕብራንን ትሑት ክብደትን ህፃናት ንምቕናስ ብፍላይ ድማ ህፃውንቲ ምስ ዕድሚኦም ዝመጣጠን ዕብየትን ንቕሓትን ሃልይዎም መፍረይትን መሃዝትን ክኾኑ ካብ ስርዓት ኣመጋግብኦም ጀሚሩ ኣድላዪ ክትትልን ምንክብኻብን ክግበር ይግባእ። ብሕፅረት ቫይ ታሚንን ማዕድንን ብሓፈሻ ድማ ብዘይምዕሩይ ኣመጋግባን ስነ-መዓዛን ዝመፅኡ ዘለዉ ሕማማት ሓደገኦም ብምግንዛብ ጥዕንኡ ዝተማልአ፣ ዝሓሸ ኣካላዊ ሰውነትን ብሩህ ኣእምሮን ዘለዎ ትውልዲ ምፍራይ ግደ ኩሉ ሕብረተሰብ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ድማ ካብ ስድራና ይጅምር። ኢድና ብሳሙናን ማይን ብምሕፃብ፣ ብምፍንታት ካብ ቀዛፊ ቫይረስ ኮሮና ባዕልናን ቤተሰብናን ንሓሉ።

... ካብ ገፅ 10 ዝዞረ

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት :- ወ/ሮ መርሃዊት ገ/ሄር ወኪል ወ/ሮ ታደል በርሀ ጠበቃ : መብራህቱ ዘነበ

ኣፈ/ተኸሰስቲ :- እኒ ኣይተ ብርሃነ ገ/ሄር 6ተ ቁሰባት ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ

ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ 06 ቀጠና 02 ዝርከብ ስፍሓቱ 386.99 ሜ/ካሬ ኣብ ልዕሊኡ 7ተ /ሸውዓተ/ ክፍሊ ገዛውቲ ዝዓረፎ መዋሰኒኡ ብምብራቅ መንገዲ ፣ ብምዕራብ ደጃት ኣባይ ፣ ብሰሜን ብርሃነ ገ/ሄር ፣ ብደቡብ መንገዲ ዝኾነ ብሽም መዋቲ ኣይተ ገ/ሄር ኣባዲ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ብር 709,707.76 /ሸውዓተ ሚኢትን ትሸዓንተን ሽሕን ሸውዓተ ሚኢትን ሸውዓተን ምስ 76/100 / ብግልፂ ጨረታ ተሸይጡ ንወረስቲ በብፅሒቶም ክከፋፈል ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 19/01/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 5፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ ግዜ ጨረታ ስለ ዝካየድ ኣብዚ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ናብቲ ንጨረታ ዝቐረበ ገዛን ቦታን ቀሪብኹም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኣይተ ተ/ብርሃን ዮሃላሽት ዝተብሃሉ ኣብ ከተማ ውቕሮ ማራይ ቀጠና 03 ዝርከብ ናይ ድርጅት ቦታ መዋሰኒኡ ብምብራቕ ዳዊት ኣረጋይ ብምዕራብ ገ/ማርያም እምባየ ብደቡብን ሰሜን መንገዲ ስፍሓቱ 5*28.75 ካሬ ሜትር ዝኾነ ናይ ከተማና መፅፈፍቲ ኮሚቴ ብዝወደኦ መሰረት ኣብ ር/መዝገብ ኣትዩ ሳይት ፕላን ይሰረሐለይ ስለ ዝበሉ ተቃዋማይ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ማዛጋጃ ከተማ ው/ማራይ ንክቐርብ ንሕብር ::

**ቤት መዛጋጃ ከተማ ው/ማራይ**
**ከይዲ ስራሕ መሬት ልምዓትን ምሕደራን**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት :- ወ/ሮ መርሃዊት ገ/ሄር ወኪል ወ/ሮ ታደል በርሀ ጠበቃ : መብራህቱ ዘነበ

ኣፈ/ተኸሰስቲ :- እኒ ኣይተ ብርሃነ ገ/ሄር 6ተ ቁሰባት ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክትዕ

ኣብ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ 01 ዝርከብ ስፍሓቱ 117 ሜ/ካሬ ኣብ ልዕሊኡ 9ተ /ትሸዓተ/ ክፍሊ ገዛውቲ ዝዓረፎ መዋሰኒኡ ብምብራቅ ሸክ ሲዒድ ዑመር ፣ ብምዕራብ ማሕቡብ መሓመድ ፣ ብሰሜን ሩባ ሩባ ፣ ብደቡብ መንገዲ ዝኾነ ብሽም መዋቲ ኣይተ ገ/ሄር ኣባዲ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ብር 849,101.10 /ሸሞንተ ሚኢትን ኣርባዓን ትሽዓተን ሽሕን ሓደ ሚኢትን ሓደን ምስ 10/100 / ብግልፂ ጨረታ ተሸይጡ ንወረስቲ በብፅሒቶም ክከፋፈል ስለ ዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ንዕለት 20/01/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 5፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ ግዜ ጨረታ ስለ ዝካየድ ኣብዚ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ናብቲ ንጨረታ ዝቐረበ ገዛን ቦታን ቀሪብኹም ንክትጫረቱ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ ::

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ተስፋይ ገ/ጅወርግስ ገ/መድህን ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ክ/ስርቂ ገበን ክሲ ኾይኑ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮ ተኣዘዝኩም ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለዝተ ሰኣንኩም ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቀሪብኩም እምነት ክሕደት ቃል ንክትህቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳኔ ዝወሃብ ምኻኑ ከተማ ኣኩሱም ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ኣኩሱም**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡-ኣይተ ሰለሙን ተወለደ በርሀ ኣብ መንጎኦም ብዘሎ ክትራን ገበን ክሲ ኾይኑ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮ ተኣዘዝኩም ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቀሪብኩም እምነት ክሕደት ቃል ንክትህቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኩም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳኔ ዝወሃብ ምኻኑ ከተማ ኣኩሱም ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ኣኩሱም**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡-ኣይተ የማነ ገ/ማርያም ገ/ሃንስ ወረዳ ኣሕፎሮም ጣብያ ኲዲ ቁሸት ዓዲ ሓያም ምንጎ ብዘሎ ናይ ክ/ስርቂ ገበን ክትዕ ኾይኑ ተኸሳሲ ኣብ ዕለት ቆፀሮን ኣብ መንበሪ ገዝኡን ስለዘይተረኸበ ንዕለት 11/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 5፡00 ንክትቐርቡ ኣብ ዕለት ቆፀሮኹም እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ከም ዝረአ ነፍልጥ ክብል ወ/ዓ/ኣ/ሮም ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ዓዲ ኣሕፎሮም**
**ቤት ፍርዲ**

ኣብ ከ/ዓ/ዓዲ ቀበሌ 01 ዝርከብ ጠቕላላ ስፍሓት ቦታ 41.01 ሜ/ካ ገዛ ዝዓረፎ ድማ 20.25 ካ/ሜ ዝኾነ መዋሰኒኡ ብምብራቕ - ተስፋይ ሓጎስ ብምዕራብ - ወርቅነህ ገ/ስላሴ ብሰሜን - ገርግስ ተላ ብደቡብ - ተስፋይ ሓጎስ ብስሕተት ወ/ሮ ዘነቡ በየነ ከምዝፀፈፈ ተገይሩ ብዕለት 30/11/2011 ዓ/ም ዝተኣወጀ ብስሕተት ስለዘኾነ ስለዚ እቲ ቦታ ክፀፍፍ ዝግብኦ ዝነበረ ብሽም ገ/ሄር ካሕሳይ ወለዝጉ ምኺኑ ተፈሊጡ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ ናብ ቤት ማዘጋጃ ከ/ዓ/ዓዲ ከ/ስ/ም/መ/ምሕደራን መፂኡ ንከፍልጥ ንሕብር፡፡

**ቤት ማዘጋጃ ከተማ ዓ/ዓዲ ከይዲ**
**ስራሕ መሬት ልምዓትን ምሕደራን**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ፡- ኣይተ ኮኮብ ገ/ክርድቶስ ለገሰ ኣድራሻ ከተማ ዓድዋ ቀበሌ ደብርቺ ቀጠና 2 ንዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ንዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 እምነት ክሕደት ቃል ንምስማዕ ዝተቆፀረ ምኺኑ ፈሊጥኩም ኣብ ቆፀሮኹም ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኻኑ ፈሊጥኩም ንክትቐርቡ ቤት ፍርዲ ከተማ ዓድዋ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ ዓድዋ ወረዳ**
**ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ሰ/ምዕራብ

ኸሳሲ፡- ኣይተ ዞመይ ስዩም ኣ/ሻ ከተማ ሽረ-እ/ስላሴ ቀበሌ 04 ጠበቓ በሪሁ በረቀ

ተኸሳሲት፡- ወ/ሮ ኣስካል ጉዕሽ ኣ/ሻ ከተማ ሽረ-እ/ስላሴ ቀበሌ 04 ሞንጎ ኣብ ዘሎ ናይ ገዛን ቦታን ሓዳር ፍትሕ ቀ/ቆልዓ ይቃረፀለይ ክርክር ጉዳይ ተኸሳሲት ዝተኸሰስክን ምኺንክን ፈሊጥኪን በዚ መሰረት ንስኽን ኣብቲ ዝቀረበልክን ክሲ መለስክን ብ 3ተ ገፅ ኣዳልክን ናብ ወረዳ ሽረ-እ/ስላሴ ቤት ፍርዲ ንዕለት 11/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርባ እንተዘይቐሪብክን ግና መልሲ ናይ ምቕራብ መሰልክን ተሓሊፉ ናብቲ ዝቕፅል ስነ - ስርዓት ዝስገር ምኺኑ ወረዳ ሽረ እ/ስላሴ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ**
**ሽረ እንዳስላሴ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ 1. ኣይተ ኣብርሃ ተስፋይ ማርየ ምንጎ ብዘሎ ናይ ፈተነ ከቢድ ቅትለት ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 08/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተ ዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽረ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ክብሮም ኣለቡ ተሰማ ኣ/ሻ/ወ/ፀ/ስ/ማርያም ኣብ መንጎ ብዘሎ ብናይ ክ/ክትራን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምል ክታ ሪኢኹም ንዕለት 8/12 /2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ፀለምቲ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ፀለምቲ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ዓ/ሕጊ ሽረ- እ/ስላሰ

ተኸሳሲ 1. ኣይተ ክብሮም ፍሰሃ እምባየ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ፈተነ ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 25/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽረ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዞባ ሰ/ምዕ/ዓ/ሕጊ፣ ተኸሰስቲ 1. ተስፋይ ሃይለ ጎበዛይ ፣ 2. ፊልሞን ደበሳይ ትከቡ ፣ 3."ዞሚ ኣረፋይነ ዮሃንስ ኣብ መንጎ ብዘሎ ናይ ክ/ስርቂ ክሲ መሰረት ተኸሰስቲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 8/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እን ተዘይ ኾይኑ ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽረ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽረ ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ 1.ኣይተ ልኡል ተከላይ ኣድራሻ ከ/ሽራሮ ጣብያ ሰድር ቁ-ኩሕለን ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ቅትለት ፈተነ ገበን ክሲ መሰረት ተኸሳሲ ጉዳይኹም ቀሪብኹም ክትከታተሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ኣብ ቆፀሮ ዕለት 05/12/12 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይ ቐሪብኩም ግን መዝገብኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ምድብ መጋባእያ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ።

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽራሮን ታ/ኣድያቦን ምድብ መጋባእያ**

ይግ/ባሃሊ ዓ/ሕጊ፣ ይግ/መ/ዋሃብቲ 1.ኣይተ ብርሃነ ግተት ኣድ/ታ/ኣ/ጣ/ማይ ኣባይ ፣ 2.ኣይተ ዜናዊ ተኽላይ ኣድ/ወ/ወርዒ ለኸ ፣ 3.ኣይተ ሃይለይ ገ/መስቀል ኣድ/ታ/ኣድያቦ ጣ/ማይ ኣባይ ፣ 4.ኣይተ ሙሉ ወላይ ኣድ/ወረዳ ወርዒ ለኸ

መንጎ ኣብ ዘሎ ናይ ህፁፅ ኣዋጅ ምጥሓስ ገበን ይግባይ ክርክር መሰረት ይግ/መ/ዋሃቢ ጉዳይኹም ቀሪብኩም ክትከታሉ ስለ ዘይኸኣልኩም ነዚ ምልክታ ሪእኹም ንቓል ክትዕ ተዳሊኹም ኣብ ቆፀሮኹም ዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ቅረቡ እንተዘ ይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ዞባ ሰ/ምዕ/ማእ/ቤት ፍርዲ ሽራሮ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሰ/ምዕራብ**
**ከተማ ሽራሮን ታ/ኣድያቦን ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ተኸሳሲ፡- ኣይተ ተስፋይ ገ/የሱስ ሃደራ ኣድ/ወ/ላ/ኣድያቦ ጣብያ ሓደግቲ ቁሸት ማይ ሽሩ ኣብ ምንጎ ዘሎ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ክርክር ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኹም ስለዝተሳኣንኩም ነዚ ምልክታ ሪኢኹም ንዕለት 7/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኺኑ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ዓዲ ዳዕሮ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ፡- ኣባዲ ፍስሃ፣ ኣፈ/ተኸሳሲት ኣምለሱ ወንድማየሁ ኣብ ምንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ ክርክር መሰረት ኣብ ከተማ እ/ጉና ቀበሌ 02 መንደር 1 ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቅ ኢብራሂም ኣብርሃ ብምዕራብ ፅርግያ ብሰሜን ኣለማዊ ብደቡብ ለተብርሃን ስፍሓቱ 10*25 ሜ/ካሬ ዝኾነ ቅድሚት ክልተ ክፍሊ ድብድብ ሰርቪስ ሓደ ድብድብ ምስ መሳልል ዝኾነ ብመበገሲ ዋጋ ብር 315294.95 /ሰለስተ ሚኢትን ዓሰርተ ሓሙሽተን ሽሕን ክልተ ሚኢትን ቴሰዓን ኣርባዕተን ምስ 95/100 ሳንቲም ንዕለት 18/12/2012 ዓ/ም ከም ዝጫረት ወ/ኣስ/ፅምብላ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ**
**ቤት ፍርዲ**

መመልከቲት፡- ወ/ሮ ኣምለሰት ግደይ ታደለ ኣድራሻ ሽረ-እንዳስላሴ ቀበሌ 04 ተፀዋዒ ብዓል ሓዳረይ ዝነበረ ኣይተ መዋእል ተወለ ይሕደጎ ኣድራሻ ሽረ-እንዳስላሴ ቀበሌ 04 መ/ር 3ተ ሓቢርና እንትነብር ካብ ወርሒ መስከረም 2010 ዓ/ም ጀሚሩ ናብዚ ከዱኩ ኢሉ ከይነገረኒ ሰለዘይተመለሰ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ይዋሃበኒ እላ ስለዘመልከተት በዚ መሰረት ኣለኹ ብሃሊ እንተሃልዩ ወይ ነዚ ዝቃወም ኣካል እንተሃልዩ ናብ ወረዳ ሽረ-እንዳስለሴ ቤት ፍርዲ ንዕለት 07/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ዝቐረበ ተቓዉሞ ከምዘየለ ተሓሲቡ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ዝዋሃብ ምኺኑ ወረዳ ሽረ እ/ስላሴ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ቤት ፍርዲ ከተማ**
**ሽረ-እንዳስላሴ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት፡- ወ/ሮ ፅገ ሓጎስ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ሽሻይ ኣርኣያ ምንጎ ብዘሎ ናይ ኣፈፃፀም ክሲ ክርክር መሰረት ኣብ ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ጣብያ ሕፃፅ ከተማ ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ብምብራቕ ኣመተ ብርሃነ በርሀ ብምዕራብ ፅርግያ ብሰሜን ገ/መድህን ጎበዛይ ብደቡብ መ/ር በሪሁ መጠን ስፍሓቱ 150 ሜ/ካሬ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ነዚ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ ብር 125,664.46 ሳንቲም ኣጫሪቱ ንኣፈ/ኸሳሲት ፍርቃ ክመቕላ ስለዝደለየ ነዚ ገዛን ቦታን ዝጫረት እንተሃልዩ ንዕለት 04/13/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ ሰዓት 6፡30 ኣብ ዘሎ ቐሪቡ ክጫረት ክብል ወረዳ ማይ ሓንሰ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ወረዳ ማይ ሓንሰ ቤት ፍርዲ**




## ጨረታ

ኣፈ/ ኸሳሲት፡- ወ/ሮ መሰሉ ጣዓመ፣ ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ፃድቅ ገ/መስቀል ኣብ መንጎ ንዘሎ ናይ ኣፈፃፅም ክርክር ኣፈ/ተከሳሲ በቲ ዝተወሰነሎም መሰረት ክፍፅሙ ስለዘይኸኣሉ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ኣይተ ገ/ፃድቕ ገ/መስቀል ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ሓድነት ጣብያ መትከል ዝርከብ መዋሰኒኡ፡- ብምዕራብ ወ/ሮ መክበብ ብሰሜን ኣይተ ኣሰፋ ኣበበ ፣ ብምብራቕ ወ/ሮ ለተሚካኤል በርሀ፣ ብደቡብ ፀርጊያ ስፍሓቱ 150 ካ/ሜ ዝኾነ ብሰብ ሞያ ብዝገመትዎ መሰረት ብመበገሲ ዋጋ 166,518.04 /ሓደ ሚእትን ሱሳን ሽድሽተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ዓሰርተ ሸሞንተ ቅርሺ 04/100 / ቅርሺ ተጫሪቱ ንክሸየጥ ስለ ዝተደለየ ተጫረቲ መከበሪ ጨረታ ናይ መበገሲ ዋጋ ቅድሚያ 20% ብጥረ ገንዘብ የትሒዙ እቲ ዝተገለፀ ገዛን ቦታን ዝጫረት እንተሃልዩ ንዕለት 02/13/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ንጉሆ ክሳብ 6፡00 ሰዓት ቀትሪ ኣብቲ ጨረታ ዝካየደሉ እቲ ገዛን ቦታን ኣብ ዝርከበሉ ተረኺብኩም ክትጫረቱ ትኽእሉ ምኧንኩም ሓድነት ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓድነት**
**ምድብ መጋባእያ**

ብሽም ኅይትኦም ማሞ መልኣኩ ኣብ ጣብያ መለስ ነባር ትሕዝቶ ኮሚቴ ብነባር ትሕዝቶ ዝሓዝዎ መሬት ይግበኦም እዩ ይፅነዕሎም ኢሉ ወሲኑ ስለዘሎ ኣብ ክ/ከተማ ሰሜን ገዛን ቦታን ብነባር ትሕዝቶ ይፅናዕ ስለዘሎ ተቓዋሚ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክቐርብ እንተዘይኪእሉ ግና ብሽም ኅይትኦም ማሞ መልኣኩ ዋኒነት ተሰሪሑ እነመሓድሮም ምኧና ንሕብር፡፡

**ክ/ከተማ ሰሜን ቤት ዕሕፈት ከተማ ልምዓት**
**ክ/ስ/መ/ም/ማናጅመንትን**

ኸሳሲ ቢሮ ኮንስትራክሽን መንገድን ትራንስ ፖርትን ክ/ትግራይ፣ ተኸሳሲ፡- 1. ኩላትና ኮንስት ራክሽን ሓ/ዝ/ው/ማሕበር መንጎ ብዘሎ ናይ ገንዘብ ክትዕ ጉዳይ ክሲ ቀሪብኩም ተኸሳሲ ብኣድራሻኹም ተኣልሽኩም ስለዝተሰኣንኩም ንዕለት 25/01/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቀሪብኹም ግና ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ዝውሰን ምኧኑ ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ከተማ መቐለ ማእኸላይ**
**ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ፡- ኣይተ ወ/ገብርኤል ካሕሱ

ኣፈ/ተኸሳሲት፡- ወ/ሮ ንግስቲ ተካ ኣብ መንጎ ንዘሎ ናይ ሓባር ሃፍቲ ክርክር ኣፈ/ተከሳሲት በቲ ዝተወሰነሎም መሰረት ክፍፅሙ ስለዘይኸኣልኩ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ንግስቲ ተካ ዝፍለጥ ኣብ ክ/ከተማ ሓድነት ጣብያ ስምረት ዝርከብ ኮንደምንየም ገዛ ባዓል ሓደ መደቀሲ ብሎክ 32 ፍሉይ ሽሙ ዓዲ ሓውሲ ዝርከብ ብመበገሲ ዋጋ 142,808.15 /ሓደ ሚኢትን ኣርባዓን ክልተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትን ሸሞንተ ቅርሽን/ ምስ 15 ሳንቲም ስለ ዝሸወጥ ተጫራቲ ኣካል /ኣባል ናብ ጨረታ ዘኣትው 20% ናይ መበገሲ ዋጋ ውሕስና ዘትሕዝ ክጫረት ዝደሊ ቀሪቡ ንክጫረት ኣብ ከተማ መቐለ ሓድነት-ስምረት ዝርከብ ብሰብ ሞያ ብዝገመትዎ መሰረት በቲ ልዕል ኢሉ ዝተውሃበ ግምት ፣ ተጫሪቱ ንክሸየጥ እቲ ዝተገለፀ ዝጫረት እንተሃልዩ ንዕለት 15/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ሰዓት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብቲ ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብ ከተማ መቐለ ክ/ከተማ ሓድነት ጣብያ ስምረት ፍሉይ ሽሙ ዓዲ ሓውሲ ብሎክ 32 ቁፅሪ ገዛ 756 እቲ ኮንደምንየም ገዛ ኣብ ዝርከበሉ ተረኺብኩም ክትጫረቱ ትኽእሉ ምኧንኩም ሓድነት ምድብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ሓድነት**
**ምድብ መጋባእያ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ መርሃዊ ኣብርሃም ገ/መድህን ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ክትራን ገበን ንምፅራይ ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 06/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኧኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ፡- ሰለሞን ሓጎስ ገ/ስላሴ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኧኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ናትናኤል ሃይለ ባህረስላሴ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ስርቂ ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ተመስሪትኩም ብነፃ ተሰናቢትኹም ብይግባይ ናብ ዞባ መቐለ ማእኸል ቤት ፍርዲ ከይደ ብነጥቢ ስለዘተመለሰ ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ቀሪብኩም ጉዳይኹም ንክትከላኸሉ እንተዘ ይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ከምዝወሃብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ**
**ወያነ ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ፡- ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ተወልደ ገ/ኪዳን ኣብርሃ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኧኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ፡- ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ፀጋይ ገ/ማርያም ገ/ጨረቀስ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ገበን ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኧኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ ወያነ**
**ቤት ፍርዲ**

ኸሳሲ ዓ/ሕጊ ፣ ተኸሳሲ ፍላጎት ኣስማረ ሙልየ ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ከቢድ ኣካል ጉድኣት ምብፃሕ ገበን ንምፅራይ ተኸሳሲ ብዓቃቢ ሕጊ ክትራን ብዝብል ኣብ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ክሲ ስለዝተመስረተኩም ንዕለት 05/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 8፡00 ንክትቐርቡ እንተዘይቀሪብኹም ግን ጉዳይኹም ብዘየለኹምሉ ተራእዩ ውሳነ ዝውሃብ ምኧኑ ቐዳማይ ወያነ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክፍለ ከተማ ቐዳማይ**
**ወያነ ቤት ፍርዲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲ፡- ኣይተ ለማ ሰለሙን፣ ኣፈ/ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣስማረት ገ/ሂወት ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፅም ክትዕ ጉዳይ ኣመለኪቱ ብሽም ኣፈ/ኸሳሲ ዝፍለጥ ኣብ ክ/ከ/ ሓድነት ቦታ ቁፅሪ 128 ዝርከብ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ፡- ብምዕራብ ቁ130 ፣ ብሰሜን ቁ127 ፣ ብምብራቕ ቁ126 ፣ ብደቡብ መንገዲ ጠቕላላ ስፍሓቱ 250 ካ/ሜትር ዝኾነ ብመበገሲ ዋጋ ብር 817,955.38 / ሸሞንተ ሚእትን ዓሰርተ ሸውዓተን ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ሓምሳን ሓሙሽተን ቅርሺን ምስ 38 ሳንቲም/ ቤት ፍርዲ ክጫረት ስለዝኣዘዘ ጨረታ ዘካየደሉ ዕለት ድማ 29/12/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ኾይኑ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ግዜን ቦታን ተረኺብኩም ንክትጫረቱን ሰዓራይ ጨረታ 25% ንግዝኡ ከትሕዝ ዝኽእልን እቲ ዝተረፈ ድማ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጠቕሊሉ ክኸፍል ዝኽእልን ምኧኑ ሓወልቲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ክ/ከ ሓወልቲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሳሲት፡- ወ/ሮ ኣዜብ ኣታክልቲ፣

ኣፈ/ተኸሳሲ፡- ኣይተ ፅጋቡ ገብሩ ኣብ መንጎ ዘሎ ናይ ኣፈፃፅም ክትዕ ጉዳይ ኣመልኪቱ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ዝፍለጥ 70 ካሬ 1ይ ዙር ኣብ ዝርከብ ብሽም ፅላል ዳዕሮ ክ/ከ/ ዓይደር ማሕበር ኣባይቲ ዝፍለጥ ገዛን ቦታን መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ መንገዲ ፣ ብምዕራብ ፀጋይ ገ/ሂወት ፣ ብሰሜን ኪሮስ መዝገበ ፣ ብደቡብ መንገዲ ብሎክ 311 ቁፅሪ 11 ዝርከብ G+1 ገዛን ቦታን ጠቕላላ ስፍሓቱ 84 ካ/ሜትር ዝኾነ ብመበገሲ ዋጋ ብር 494,140.74 / ኣርባዕተ ሚኢትን ቴስዓን ኣርባዕተን ሽሕን ሓደ ሚኢትን ኣርባዓን ቅርሺ ምስ 74 ሳንቲም/ ቤት ፍርዲ ክጫረት ስለዝኣዘዘ ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት ድማ 18/01/2013 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ክሳብ 6፡00 ኾይኑ ዝጫረት ኣካል እንተሃልዩ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ግዜን ቦታን ተረኺብኩም ንክትጫረቱን ሰዓራይ ጨረታ 25% ንግዝኡ ከትሕዝ ዝኽእልን እቲ ዝተረፈ ድማ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ጠቕሊሉ ክኸፍል ዝኽእልን ምኧኑ ሓወልቲ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ ፡፡

**ቤት ፍርዲ ክ/ከ ሓወልቲ**

## ጨረታ

ኣፈ/ኸሰስቲ፡- ወ/ሮ ያይኔ ኣበባ ወ/ገብርኤል

ኣፈ/ተኸሳሲ፡- ፍሳሃ ወ/ልኡል ኣፈፃፅም ክትዕ ጉዳይ ብሽም ኣፈ/ተኸሳሲ ዝተመዝገበ ገዛን ቦታን ኣብ ክ/ከተማ ሰሜን ጣብያ መስፍን ፍሉይ ሽሙ ገረብቡ መዋሰኒኡ፡- ብምብረቕ B ፣ ብምዕራብ ክፍቲ ፣ ብሰሜን ክፍቲ ፣ ብደቡብ መንገዲ ኣብ ውሽጢ 218 ካ/ሜትር ዝርከብ 78.10 ካ/ሜትር ዝዓረፎ ህንፃ ብመበገሲ ጨረታ ዋጋ 286,594.38 / ክልተ ሚኢትን ሰመንያን ሽድሽተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ቴስዓን ኣርባዕተን ብር ምስ 38/100 ሳንቲም/ ብጨረታ ክሸየጥ ስለዝተደለየ ክጫረት ዝደሊ ሰብ እንተሃልዩ ድማ ንዕለት 3/13/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡30 ክሳብ 5፡30 እንትኸውን ውፅኢት ጨረታ ዝቐርበሉ ድማ በቲ እዋን ኮይኑ ሰዓት 8 ፡00 ይኸውን ጨረታ ሰዓራይ ድማ ወድያዉን ናይ ዝሰዓሮ 25% ኣታዊ ክገብር ዝኽእል ዝተረፈ ገንዘብ ድማ ኣብ ውሽጢ 10 /ዓሰርተ መዓልቲ/ ክኸፍል ዝኽእል ጨረታ ናይ ሹም መዘዋወሪ ጨረታ መሸነፊ ይሽፍን ክብል ክ/ከ/ሰሜን ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ክ/ከ/ሰሜን ቤት ፍርዲ**

## ዞባ ደ/ምብራቕ

ኸሳሲ፡-ዓ/ሕጊ ወረዳ 20 ዓዲ ወጀራት

ተኸሳሲ፡- ኣይተ በርሀ ሃይለ ኣድሓኖም ኣድረሻ ወረዳ ሕ/ወጀራት ጣብያ ፀሓፍቲ ብዝተኸሰስኩምሉ ከቢድ ስርቂ ገበን ክሲ ኣብ ቐፀሮ ዕለት 08/12/2012 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ወጀራት ንክትቐርቡ ኣብቲ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን እንተዘይቐሪብኩም ግና ጉዳየኹም ብዘየለኹምሉ ዝርአ ምኻኑ ንክትፈልጡ ቤት ፍርዲ ወረዳ ወጀራት ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ 20**
**ዓዲ ወጀራት**

መመልከቲት፡- ወ/ሮ ኣዝመራ መሓሪ ተፀዋዒ ኣይተ ተስፋይ ኣድሃና ገ/ሂወት ኣድራሻ ወረዳ እንደርታ ጣብያ ለምለም ቑሸት ኣኸዛ ብዘሎ ናይ ምጥፋእ ውሳነ ብኣድራሻኹም ስለዝተሳኣንኩም ንዕለት 19/1/2013 ዓ/ም ሰዓት 3፡30 ንክትቐርቡ እንተዘይቐሪብኩም ግና ቤት ፍርዲ ኣብ ልዕሊኹም ናይ ምጥፋእ ውሳኔ ከም ዝህብ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ፡፡

**ቤት ፍርዲ ወረዳ ድድባ ደርጋዓጀን**
**ምድብ መጋባእያ**

## ግልፂ ጨረታ

ኣፈ/ከሰስቲ እኒ ወ/ሮ ካልኤታ ምሩፅ 4ተ ቁፅሪ ሰባት ወኪል ካልኤታ ሙሩፅ፣ ኣፈ/ተኸሰስቲ እኒ ወ/ሮ ኣሰገደች ሃደራ 2ተ ቁፅሪ ሰባት

ኣፈፃፀም ተኸሳሲ ኣብ ቤትፍርዲና ብዘለዎም ዕዳ ንምፍፃም ኣብ ከተማ ሒዋነ ቐጠና 2ተ ዝርከብ ብሽም ኣይተ ምሩፅ ሐረጎት ዝፍለጥ ገዛን ቦታን ብጨረታ ምሻጥ ኣድላይ ኾይኑ ስለ ዝተረኸበ ዝኾነ ሰብ ንክጫረት ንገልፅ ፡፡

**ዓይነት ንብረት**

ኣብ ከተማ ሕዋነ ቐጠና 2ተ ዝርከብ ገዛ መዋሰኒኡ ፡- ብምብራቕ - መንገዲ ፣ ብምዕራብ ዓ/ቃድር ግደይ ፣ ብሰሜን - መርጌታ ግደይ ፣ ብደቡብ - ካልኤታ እያሱ ዘዋሰኖ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ኾይኑ

መበገሲ ዋጋ 1. 300,158.32 /ሰለስተ ሚኢትን ሽሕን ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሸሞንተን 32/100/ 3ተ ገዛን ሓደ ግድግዳ ዝሓዘ 155.85 ካሬ ሜትር

ረቛሒታት ጨረታ ፡-

2.ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 3/13/2012 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 – 6፡00 ንጎሆ ፣

3.ቦታ ኣብ ከተማ ሒዋነ ኣብቲ ዝጫረት ገዛ ኣብ ባዕሉ ኾይኑ ውፅኢት ጨረታ ንዕለት 14/1/2013 ሰዓት 3፡00 ምኧኑ ፣ 4.እቲ ጨረታ ብግልፂ ይካየድ ፣

5.ናይቲ ጨረታ ውፅኢት ወድያውኑ ይንገር ፣

6.ነቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ናይቲ መበገሲ ዋጋ 25% ኣብቲ ጨረታ መዓልቲ ወድያው ከትሕዝ ኣለዎ ፡፡

7.ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15ተ መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ገንዘብ ጠቕሊሉ ይኸፍል ፡፡

8.እቲ ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ ኣብ 15 መዓልቲ ውሽጢ ነቲ ጠቕላላ ገንዘብ እንተዘይደኣ ኸፊሉ እቲ ኣቐዲሙ ዘትሓዞ 25% ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ተገይሩ እቲ ጨረታ ይስረዝ፡፡ ነዞምረቛሒታት ዘማልእ ሰብ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ዕለትን ሰዓትን ቦታን ቐሪቡ ክጫረት ይኽእል፡፡

9. ጨረታ ዘሸነፈ ሰብ እቲ ገዛን ቦታን ብናይ ሊዝ ደንቢ ናብ ሽሙ ዝዞር ይኸውን ክብል ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ፡፡

**ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ**
**ምድብ መጋባእያ ዓ/ጉደም**

ኸሳሲ ወ/ሳ/ሳምረ ዓ/ሕጊ፣ ተኸሳሲ ኣይተ ፅጋቡ ኣድማሱ ይግዛው ኣድራሻ ጣብያ ዓ/ወያነ ቁሸት እንዳ ማርያም ዝኾንኩም ብዝተኸሰስኩምሉ ናይ ክ/ኣ/ጉድኣት ገበን /ፍትሃብሄር ንዕለት 14/01/2013

ናብ ገፅ 6 ይዘውር ...

# መረፃና መረፃ መኸተ ንምግባር

**ብይርጋ ኣብርሃ**

ኮሚሽን መረፃ ትግራይ ስርሑ ብዕሊ ካብ ዝጅ ምር መዓልቲታት ተቐፂሮም ኣለው። እቲ ኮሚሽን ብመሰረት ኣዋጅ መረፃ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 351/2012 ዓ/ም ስርሑ ብመሰረት እቲ ዝወፀ ኣዋጅ ይትግብር ኣሎ።

መረፃ ትግራይ 2012 ፍፁም ሰላማዊ፣ ዴሞ ክራሲያዊ፣ ፍትሓውን ተኣማንን ንክኾን እቲ ብሓ ልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግ ራይ ዝሕተም ጋዜጣ ነጋሪት ትግራይ ዘውፅአ ኣዋጅ ንሰላማውነት እቲ መረፃ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ኣዋጃት ኣውፂኡ ኣሎ።

መረፃ ትግራይ 2012 ንምህዋኽ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ዝተፈላለዩ ሽርሒታት ብምክ ያድ ከተዓናቕፎ ይፍትን ከምዘሎ ግሁድ እዩ። ይኹን'ምበር ሕጋዊ መዝገብ ጌሮም ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከቡ ውድባት ፖለቲካ ኮኑ መንግስቲ ትግራይን ህወሓትን እቲ መረፃ ሰላማዊ ዴሞክራሲያውን ፍትሓውን ከምኡ'ውን ብህዝቢ ተኣማናይ ንክኾን ኣብ ዘኽእሎም ፅላል ሕገ መንግስቲ ትግራይ ዓሲ ሎም መረፃ ትግራይ ዝኾነ ሓይሊ ከየዐንቅፎ ይቃለሱ ኣለው።

እዚ ኣዋጅ መረፃ ትግራይ እውን ተናሓናሕቲ ውድባት ፖለቲካ ክኽተልዎ ዝግባእ ስነ ምግባርን ከኽብርዎ ዝግባእ ዘይጠሓስ ሕግን ንኹሎም ፖለቲካዊ ውድባት ብማዕረ ዘገልግልን ዘይሻራዊ ሕጊ እዩ ኣውፂኡ።




ምስ ከይዲ መረፃ ትግራይ ተኣሳሲሩ እቲ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 118 ምስ ኣጠቓቕማ ምልክት ውድባት ፖለቲካ ኣተኣሳሲሩ ዝደንገጎ ኣዋጅ ትእምርቲ ወይ ምልክት መረፃ ካልኦት ውድባት ፖለቲካ ኣመሳሲልካ ምጥቃም፣ ናውቲ ፖለቲካ ወይ ምልክት መረፃ ካልኦት ውድባት ምስራቕ፣ ምልክት ምልዓል፣ ምብልሻው፣ ምጥፋእ ከምዘይከኣልን ደገፍቱ ኣብዚ ክፍሊ ዝተኸልከሉ ዝኾነ ይኹን ተግባር ክፍፅሙ ከለዓዕል ኣይኽእልን ኢሉ ኣቐሚጡ ኣሎ።

ቀፂሉ ኣብ ዓንቀፅ 119 ምፍርራሕን ምልዕዓል ዓመፅን ዝተኸልከለ ምዃኑ ከምዝስዕብ ይድንግግ። ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ ቁፅሪ 1 ከምዝተቐመጠ ዝኾነ ውድብ ዝኾነ ዓይነት ምፍርራሕ ወይ ምንግልታዕ ዝተኸልከለ ከምዝኾነ ምስ ኣቐመጠ ካብ "ሀ" ክሳብ "መ" ዝተቐመጠ ድንጋገ ሓለፍቲ ውድብ፣ ሕፁያቱ፣ ኣባላቱን ደገፍቱን ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ዘፈራርሕ፣ ዘሸቑርርን ዘዳፍእን ተግባራት ንከይፍፅሙ ዝኽልክሉ መምርሕታት ከውፅእ፤ ዓመፅን ንዓመፅ ዘልዕል ተግባርን ክቃ ወምን ንኣባላቱ ከምህርን፤ ብሓለፍቱ፣ ሕፁያቱ፣ ኣባላቱን ደገፍቱን ዝፍፀሙ ኣዕነውቲ ወይ ሰላም ዝዘርጉ ተግባራት ወይ እዚ ዝዕድም ፈኸራን ብም ቅዋም ከምህር፣ መሰል ንብረትን ጥቕሚን ካልእ ውልቀ ሰብ ኮነ ውድብ ፖለቲካ ከኽብር ከም ዘለዎ እዩ ዘቕምጥ።

ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ድማ ዝኾነ መራሒ ውድብ ፖለቲካ፣ ሓለፍቲ፣ ሕፁያት፣ ኣባላትን ደገፍትን ውድቡ ንፖለቲካዊ ሰልፊ ደገፍ፣ ንኣኼባ፣ ንጉዕዞ እግሪ፣ ወይ ሰላማዊ ሰልፊ እንትወፁ ዝኾነ ይኹን ባህላዊ ኮነ ዘመናዊ መሳርሒ ኲናት ምሓዝ ዝተ ኸልከለ ምዃኑ ከምህር ከምዝግባእ እዩ ዘቕምጥ።

ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3, ሀ,፣ለ፣,ሐ፣ ድማ ኣብ ዝኾነ ህውከት ወይ ምንቅስቓስ ዓመፅ ክሳተፍ ወይ ንኽካየድ ክፈቅድ ከምዘይብሉ፤ ኣብ ልዕሊ ንብረት ህዝቢ ወይ ውልቀ ሰባት ዕንወት ንከይበፅሕ ዝከኣሎ ኩሉ ብምግባር ክከላኸል ከምዘለዎን ደገፍቱ ኣብዚ ክፍሊ ዝተደንገጉ ዝኾነ ይኹን ክልከላታት ንኽጥሕሱ ከለዓዕሎም ከምዘይብሉ ብግልፂ ኣቐሚጥዎ ንረኽቦ።

ኣዋጅ መረፃ ትግራይ 2012 እቶም ልዕል ኢሎም ዝተቐመጡ ድንጋገታት ነቲ ከይዲ ፍፁም ሰላማውነትን እቲ መረፃ ድማ ፍትሓዊ፣ ተኣማኒ፣ ብህዝቢ ተቐባልነት ዘለዎን ዴሞክራሲያውን ንክኾን ዘኽእል እዩ።

ቀፂሉ ኣብ ዓንቀፅ 121 ተግባር ግዕዝይና ኣመልኪቱ ኣብ ዘውፅአ ኣዋጅ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣2ን 3ን፤ ሓይሊ ብምጥቃም ወይ ገንዘብ ኮነ ካሊእ ዓይነት መማለዲ ብምሃብ መራፂ ህዝቢ ድምፁ ንሓደ ውድብ ወይ ሕፁይ ንኽህብ ወይ ንኸይህብ ወይ ድምፂ ካብ ምሃብ ንክዕቀብ ክገብር ከምዘይብሉ ይድንግግ።

ሓይሊ ብምጥቃም ወይ ገንዘብ ኮነ ካሊእ ዓይነት መማለዲ ብምሃብ ሰባት ሕፁይ ተወዳዳሪ ኮይኖም ንኽቕርቡ ወይ ንኸይቕርቡ ወይ ካብ ሕፀ ተወዳዳርነት ንኽወፁ ወይ ካብ ሕፀ ተወዳዳርነት ንኸይወፁ ክገብር የብሉን ኢሉ ብግልፂ የቐምጥ።

ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ መማለዲ ዝኾነ ሓላፊ ስራሕ ወይ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ዝመርሖ ትካል ግቡእ ዘይኮነ ደገፍ ወይ ሓገዝ ብምጥቃም ሕፁይ ተወዳዳሪ ንምፍላጥ ወይ ዕድል ምፍላጥ ካልኦት ተወዳደርቲ ከተዓናቕፍ ከምዘይብሉ እዩ ዝድንግግ። ኣብቲ ኣዋጅ ኣብ ንኡስ ክፍሊ ሰለስተ ጥሕሰታት ስነ ምግባርን ዝውሰዱ ስጉምትታትን ኣመልኪቱ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ጥሕሰታት ስነ ምግባር ዝምልከት ኣብ ዘሰፈሮ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 127 ማመለዲ ምሃብን ሓይሊ ወይ ስልጣን ብዘይኣግባብ ምጥቃምን ዝምልከት ግልፂ ድንጋገ ኣቐሚጡ ኣሎ።

ሓደ ውድብ ፖለቲካ ወይ ተወዳዳሪ ውልቀ ሕፁይ፣ ከምኡ እውን መራሒ ውድብ ፖለቲካ፣ ሓላፊ፣ ሕፁይ፣ ኣባል፣ ወኪል ወይ ተፀዋዒ፤ ዝኾነ ይኹን መማለዲ ወይ ብላዕ ዝሃበ ወይ ዝተቐበለ፣ ኣብ ከይዲ ምሃብ ድምፂ ወይ ቆፀራ ጣልቃ እንትኣትዩ ወይ እንተሃዊኹ፣ ሓይሊ ብምጥቃም፣ ወይ ብኻሊእ ብዝኾነ ዓስቢ መራፂ ህዝቢ ንሓደ ውድብ ወይ ሕፁይ ድምፂ ንክህብ ወይ ንከይህብ ወይ ካብ ምሃብ ንኽዕቀብ ዝገበረ፤ ንጣብያ መውሃቢ ድምፂ ብሓይሊ ዝተቖፃፀረ ወይ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ድምፂ ክረክብ ዝፈተነ፣ ስልጣኑ መኸተ ብምግባር ዝተጠቐመ፣ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ብምጥቃም፣ መማለዲ ብምሃብ ወይ ብዝኾነ ዓይነት ተግባር ሰባት ሕፁያት ተወዳደርቲ ኮይኖም ንኽቕርቡ ወይ ንኸይቕርቡ ወይ ካብ ሕፁይ ተወዳዳርነት ንኽወፁ ወይ ንኸይወፁ ዝገበረ፤ ሰራ ሕተኛ መንግስቲ ወይ ሓላፊ ኮይኑ ኣብ ሰዓት ስራሕ መንግስትን ሓላፍነትን ቤት ዕዮኡ ብምጥቃም ሕፁያት ዘፋለጠ ወይ ካልኦት ሕፁያት ባዕሎም ብሕጋዊ መን ገዲ ንከየፋልጡ ዘተዓናቐፍ፣ ንብረት መንግስቲ ንመንስንሲ መረፃ ዝተጠቐመ፣ ጥሕሰት ስነ ምግባር ከምዝፈፀመ ይቑፀር ኢሉ ደንጊጉ ኣሎ።

እቲ ኣዋጅ፤ ምትእጉጓል ምንቅስቓስ መረፃ ንከይፍጠር፣ ሰላምን ፀጥታን ዘናግዕ መልእኽቲ ከይሓልፍ፣ ብዝኾነ ይኹን ዓይነት መንገዲ ምንቅ ስቓስ መረፃ ከይህሉ ኣብቲ ኣዋጅ ብግልፂ ኣቐሚጡ ይርከብ።

ብድማር ኣዋጅ መረፃ ትግራይ 2012 ነፃ፣ ፍትሓዊ፣ ሰላማዊ፣ ዴሞክራሲያውን ብህዝቢ ተኣ ማናይ ኮይኑ ክዛዘም ንውድባት ፖለቲካ፣ ንው ልቀ ተወዳደርቲ ሕፁያትን፣ ንደገፍቶምን ኣባላ ቶምን መሰልን ግቡእን ብግልፂ ኣቐሚጡ ኣሎ።

ነዚ ኣዋጅ ብዝግባእ ብምትግባር መረፃ 2012 ዓ/ም መረፃ መኸተ ምዃኑ ብምግንዛብ፣ ትግራይ ነቲ ብደገን ብውሽጥን ይእለመላ ዘሎ ሽርሒ ኣም ኪኑ ዓርሰ ምሕደራ ትግራይ ክረጋገፅ ኩሉ ህዝቢ ኣባል ውድባት ፖለቲካን ደገፍቶምን ወይ ውልቀ ሕፁይ ነቲ ኣዋጅ ከኽብሩ ይግባእ።

መረፃ ትግራይ መረፃ መኸተ ኮይኑ ሕገ-መንግስታዊ መሰል ህዝቢ ትግራይ ብምርግጋፅ ክዛዘም ኩሉ ትግራዋይ ታሪኻዊ ሓላፍነቱን ሕገ-መንግስታዊ መሰሉን ግቡእን ክዛዝም ትፅቢት ይግበር። መረፃ ትግራይ ዘይተርፍ ዋኒን ህዝብና ስለዝኾነ ብመራፃይነት ተሳቲፍና ትግራይ ካብ ክባን ሽርሒ ፖለቲካን ተናጊፉ ሰላማን ድሕንነታን ውሑስ ንምግባር መረፃ ትግራይ ንምትዕንቃፍ ዝግበሩ ሽርሕታት ብኣጋ እናፍሸልና ንቕድሚት ንመርሽ።

# ስሙር ቃልሲ ንውሕስቲ ትግራይ

**(ፎረም ውድባትን ማሕበራትን ትግራይ)**

## 1ይ ክፋል

ምውዳድ ይርጋ ኣብርሃ

ህዝቢ ትግራይ ብተደጋጋሚ ኣብ ህልውንኡ ዘጋጠምዎ ሓደጋታት ብጥሙር ቕልፅሙ እናሰዓረ ደሕንነቱን ህልውንኡን ኣውሒሱ እዩ። ሓድነቱ ኣብ ዝላሕለሑሉን ኣብ ናይ ውሽጡ ምፍሕፋሕ እንትፅመድን ውሽጣዊ ፀገማቱ ተተርኢሶም ፀላእቱ ከቢድ ሓደጋታት ኣብፂሖምሉ እዮም።

ኣብ መዋእል ህዝቢ ትግራይ ዓርሰ ምሕደራን ብመንነትካ ተኸቢርካ ምንባርን እቶም ቀንዲ ሕቶታት ኮይኖም ትውልድታት እናተቓለሱሎም መፂኦም እዮም። ካብዞም ቃልስታት ህዝቢ ትግራይ ዝማዕበለ ጎይታ ባዕልኻ ኮይንካ ምንባር ኣብ ሰራውር ወለዶታት ትግራይ ዝተኸተበ ክብሪ ኾይኑ፤ ነዚ ክብሪ ክብሉ ድማ ወለዶታት ትግራይ ክቡር ህይወቶም ገቢሮም መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብና ኣውሒሶም ሓሊፎም።

ብኣንፃሩ ድማ መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብሒቱ “ንዓይ መሲልኩም ኣብ ትሕተይ ንበሩ” ዝብል ገባቲ ሓይሊ ኣብ መዋእል ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ዓርሰ ምምሕዳርን ብሄራዊ ሓርነቱን እናዘመተ ብዙሕ ኪሳራ ኣስዒብሉ እዩ። እዚ ኣሃዳዊ ሓይሊ ነዚ ኣብ ሰራውር ወለዶታት ህዝቢ ትግራይ ዘሎ ጎይታ ባዕልኻ ናይ ምኻን ክብሪ ንምጥፋእን ህዝቢ ትግራይ መንነቱ ጠፊኡ ብመንነት እቲ ሓይሊ ተኸዊሉን ተዘሚቱን ኣብ ባርነት ክነብር ዘይገበሮ ነገር ኣይነበረን። ይኹን እንበር ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር እዚ ሓይልን ኣተሓሳስባን ተሰሊፉ ነዘበናት ተቓሊሱ እዩ። እዚ ቃልሲወለዶታ ትግራይ ፍረ ኣፍርዩ ኣብ 1983 እቲ ኣሃዳዊ ሓይሊ ብደቂ ህዝቢ ትግራይ ተሳዒሩ፤ ኣብ 1987 ዓ.ም ድማ መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝበታትን ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢዋሕስ ረኺቡ።

ቅድሚ ኽልተ ዓመት ብፈረስ እቶም ኣሃዳውያን ሓይልታት፣ ለውጢ ዝደለየ መንእሰይ፣ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቦም ብዝበለፀ ክወሓሰሎም ዝደለዩ ሓይልታት፣ ኣሃዳዊት ዝኾነት ሃገር ንረብሕኦም ትጠቅሞም ዝመሰሎም ሃገራትን ንጥፍኣት ህዝቢ ትግራይ ዝተሰለፉ መንግስታት እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ ናብ ስልጣን ደይቡ።

እዚ ሓይሊ ኣብ ስልጣኑ ምስተደላደለ ኣንፃር እቶም መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ብምዝማት ኣሃዳዊ መንግስቲ ንምትኻል ተንቀሳቒሱ። በዚ መሰረት ድማ ብዘይካ ትግራይ ኩለን ክልላዊ መንግስታት ብምፍራስ ምስለነ ኣመራርሓ ኣቐሚጡ። ናይ ፌዴራል ትካላት ናይቲ ኣሃዳዊ ሓይሊ መጥሓሲ ሕገመንግስቲን መናውሒ ስልጣኑን ኾይነን ኣለዋ። ኣብተን ትካላት ዝሰርሑ ዝነበሩ ኣንፃር እቲ ኣሃዳዊ ሓይሊ ክስለፉ ይኽእሉ እዮም ዝተብሃሉ ተጋሩ ቐንፂሉ፣ ኣሲሩ፣ ካብ ሓላፍነቶም ኣልዒሉን ኣባሪሩን።

እዚ ኣሃዳዊ ሓይሊ ገና ናብ ስልጣን ቅድሚ ምምፅኡ ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝቢ ትግራይ ናይ ሕሶት ዘመተ በዝተፈላለየ መንገድታት ይገብር ነይሩ። ኣብ ስልጣን ምስደየበ እዉን እዚ ተግባሩ ኣጠናኺሩ መንግስታዊ ቅረፂ ክህልዎ ገይርዎ እዩ። እዚ ናይ ፀለመ ዘመትኡ ፍረ ኣፍርዩ ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዝነብሩ ተጋሩ ቅትለት፣ ኣካል ምጉዳል፣ ናይ ዕንወት ንብረትን ስርቅን ምፍንቃልን ኣስዒቡ እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ እዚ ኣሃዳዊ ሓይሊ እተን ንማዕርነት ዝተጣየሻ ትካላት ፌደራል ብምጥቃም ንትግራይ ከንበርኽኽ ብዙሕ ፈተነታት ይገብር ኣሎ። እዞም ፈተነታ ብኢኮኖሚ ሽርሕታትን ዕዕንቶታትን፣ ብፓለቲካዊ ፀቕጥታት፣ ናይ ፀጥታ ሓደጋታት ብምፍጣር፣ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ክልሕልሕ ብምስራሕ፣ ብዘይሕጋዊ መንገዲ (ብናዕቢ) መንግስቲ ንምቕያር ምስራሕን ይግለፁ። ካብዚ ብተውሳኺ ሚድያታት ብምጥቃም፥ ገንዘብ ብምንዛሕ ፍትሓዊ ናይ ምሕደራን ዴሞክራስን ህዝቢ ሕቶ ጨዊኻ ናዕብን ዕግርግርን ምልዕዓል ኣሎ።

እዚ ኣሃዳዊ ሓይሊ ብመሰረቱ ሕቶታት ህዝቢ ክምልስ ስለዘይመፅአ ኣብ ዝሓለፉ ኽልተ ዓመታት ዘጋጠሙ ጥሕሰት ሕገ መንግስቲ፣ ኣብ መላእ ሃገር ዘሎ ናይ ፀጥታ ፀገማት፣ ምውዳቕ ኢኮኖሚ ሃገር፣ ኢድ ኣእታውነት መንግስትታት ወፃኢ፣ ጉዳይ ህዳሰ ግድብን ነዚ ኣሃዳዊ ሓይሊ ካብ ህዝቢ ነፂሉ ናብ ውፁእ ውልቀ መላኽነት ኣሰሰጋጊርዎ እዩ።

ውልቀ መለኽቲ ህዝባዊ ሕቶታት እንትብርትዑ ኹሉ ፀገማት እታ ሃገር ናብ ሳልሳይ ወገን እዮም ዘሰክሙ። ህዝቢ ኣብ ፍልፍል ፀገሙ ከየተኩር ፀላኢ ብምፍጣር ትኹረቱ ንክቕይርን በዚ ኣቢሉ ‘ውን ዘበነ ስልጣኑ ከናውሕ ምፍታኑ ኣይተርፍን። ህዝቢ ትግራይ ብቀዳምነት ንምኽባር ሕገመንግስትን መሰል ዓርሰ ውሳነን ጠጠው ምባሉ እዚ ሓይሊ ንስልጣኑ ከም ቀንዲ ፀላእኡ ቆፂሩ እናተንቀሳቀሰ ፀኒሑ እዩ። እዚ ኣንፃር ህዝቢ ትግራይን ካልኦት ህዝብታትን ኢትዮጵያ ጠጠው ዝበለ ኣሃዳዊ ሓይሊ ብቀጥታ ኩሉ ሜላታት ተጠቒሙ ንትግራይ ንምንብርካኽ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ እዋን በፂሕና ኣለና።

እዚ ኣሃዳዊ ሓይሊ ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ኣብ ቁፅፅሩ ዘሎ ኩሉ ሜላ ዝጥቀም ዋላ እንተኾነ ብተወሳኺ ’ውን ኣብ ትግራይ ዘለዉ ዘይተፈትሑ ፀገማትን ኣብ ኣፈታትሕኦም ዘሎ ኽፍተት ግና ከም ቀንዲ መሳርሒ ክጥቀመሎም ይኽእል እዩ።

ስለዝኾነ እዚ ፎረም ካብዚ መንግስትነት ጨቢጡ ዘሎ ኣሃዳዊ ሓይሊ ዝመፅእ ዝኾነ ይኹን ጥቅዓት ካብ ምምካት ሓሊፉ እቶም ኣብ ንህልውናን ደሕንነትን ህዝብና ሓደጋ ክኾኑ ዝኽእሉ ፀገማት ብስርዓት፣ ብሓድነትን ሓላፍነትን ክፍትሑ እጃሙ ከወፊ ኣለዎ። ነዚ ክምቺ ‘ውን እቶም ሓደጋታት ፈሊኻ ከከም ኣመፃፅኦም ምምካት ኣድላዪ ይገብሮ። ብምዃኑ’ውን ኣብዚ ፅሑፍ እዞም ሓደጋታት ኣብ ሰለስተ ኽፊልና ከንርእዮም ሞኪርና ኣሎና።

### ግዳማዊ ሓደጋታት ካብ ኣሃዳዊ ሓይሊ ዝመፅእ ናይ ፀጥታ ሓደጋ

ስልጣን ብሒቱ ዘሎ ናይ ትምክሕቲ ሓይሊ እቲ መሰል ዓርሰ ውሳነ ዝዕምፅፅ ኣሃዳዊ መንግስቲ ንምትካል ኣብዛ ሃገር ክግበሩ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ምሕሳብ ዘይከኣል ኩሉ ገይሩ እዩ። እዚ ሓይሊ ዕላምኡ ንምፍፃም ዘኽእሎ ኹሎም ካብ ምግባር ዓዲ ኣይወዓለን። ኣብ ትግራይ እውን ቀጥታዊ ወራር ኣየካይድ እንበር ዓቕሚ ትግራይ ከዳኽመለይ እዩ ኢሉ ዝሓሰቦ ፈተነታት ኹሉ ፈቲኑ እዩ።

ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዘይኮነ ጠቐር ምልካይ ጅሚሩ ታሪኽና ከምናሃቱ እናገበረ ምትራኽን ምፅሓፍን፤ ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት እናጣየሸን ብዘይሕገመንግስታዊ መንገዲ ህጋዊ ዝብል ክዳን እናኸደነን ብዝተፈላለዩ ሹማት ዝንቀሳቐሱ “ኣስመላሽ ጉጀለታት” ብምንቅስቓስ፤ ምስ ግዳማዊ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ከም ሻዕብያ ዝኣመሰሉ መንግስታት ብምሕባርን ካልኦትን ብዙሓት ዘየቋርፁ ስነልቦናዊ ፀቕጥታት ኣብ ህዝቢ ትግራይ እናብፀሐ ይርከብ።

ብቀንዱ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብና ንምብሓት እውን እንተኾነ እዚ ኣሃዳዊ ሓይሊ ካብ ውሽጥን ወፃእን ኣብ መፃብብ ይኣቱ ስለዘሎ ኩሉ ሕመቓት እቶም ስርዓታት ንትግራይ ብምስካም ናይ ዓቕሊ ፅበት ኣብ ትግራይ መጥቃዕቲ ክፍንው ይኽእል እዩ።

### ቁጠባዊ ሽርሕታትን ማሕበራዊ ፀቕጥታትን

ኢኮኖሚ ናይዛ ሃገር ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፈአ ደረጃ ይኸይድ ኣሎ። ሃገራዊ ዕብየት በቢዓመቱ እናወረደ ይኸይድ ኣሎ። ብፍላይ እቶም ወሰንቲ ዘርፍታት ኢንድስትርን ሕርሻን ዝመርሖም ዝድግፎም ስኢኖም ንድሕሪት ይምለሱ ኣለው። ናህሪ ዋጋ መሰረታዊ ሸቀጣት ኣዕርዩ ይውስኽ ኣሎ። እቲ ትሑት እቶት ዘለዎ ሕብረተሰብ ናይ ምግዛእ ዓቕሙ ኣዕርዩ ይዳኸም ኣሎ። ሃገራዊ ሰደድ ‘ውን ብዘይ ምቁራፅ ይወርድ ኣሎ። ካብ ደገ ብዜጋታት ዝመፅእ ገንዘብ (ሃዋላ) ‘ውን ደው ይብል ኣሎ። በዚ ምኽንያት ናይ ወፃኢ ሸርፊ ቁልፊ ፀገም ኮይኑ ኣሎ። ቀጥታ ኢንቨስትመንት ወፃኢ (FDI) ብዝገርም ቁልቁል እናወረደ ይኸይድ ኣሎ።

እቲ ካሊእ ናይ ወፃኢ ዕዳ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናተቆለለ ይኸይድ ኣሎ። ብመንግስቲ ዝተጀመሩ ሜጋ ፕሮጀክታት ዳርጋ ኩሎም ስርሖም ደው ዘበሉ ‘ዮም። ኣብዚ እዋን ኩለን ባንክታት ሃገርና ተራእዩ ዘይፈልጥ ሕፅረት ገንዘብ ኣጋጢምወን ከምዘሎ ዝፍለጥ ‘ዩ። ብፍላይ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ኣብዚ ዓመት ብዘጋጥም ሕፅረት ገንዘብ ከቢድ ቅልውላው ኣስዒቡ ህዝቢ ተደናጊፁ ከምዝነበረ እንዝክሮ ጉዳይ ‘ዩ። ሕዚ ‘ውን እቲ ፀገም ብመጠኑ ተቓሊሉ ‘ምበር ክቕፅል ዝኽእል ፀገም ‘ዩ።

በዚ ልዕል ክብል ዝራኣናዮም ኩሎም መዐቀንታት ዘርፊ ፋይናንስ ናብ ፀገም ዝኣቱ ምህላው ‘ዩ። ናይ ሃገርና ማክሮ ኢኮኖሚ ፀገም ብምፍጣር ኣብዛ ሃገር ብቀሊሉ ዘይምለስ ቅልውላው ፋይናንስ ኣብ ሓፂር ግዜ ክረአ ‘ዩ። ብጭቡጥ ‘ውን እቲ ሓደጋ ምርኣይ ጅሚሩ ‘ዩ። ብሓፈሻ ኢኮኖሚ ኢትዮጵያ ሓደ ኢኮኖሚ ኣብ ቅልውላው ከምዘሎ ዘርእዩ ልሙዳት ምልክታት የርኢ ኣሎ። ካብቲ ክሳብ ሕዚ እናራኣናዮ ዝመፃና ተበጊስና ኢኮኖሚ ሃገርና ናብ ከቢድ ጥፍኣት ኣትዩ ኣሎ።

ኣብታ ሃገር ዘሎ ናይ ኢኮኖሚ ፀገም ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ኣሃዳዊ ሓይሊ ትግራይ ንምንብርኻኽ ዝተፈላለዩ ናይ ኢኮኖሚ ሽርሕታትን ፀቕጥታትነ ክገብር ፀኒሑ እዩ። ንኣብነት ናብ ትግራይ ዝመፁ እንቨስተራት ኢንቨስት ከይገብሩ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ምኽ ልካል፣ ኣብ ትግራይ ዝስርሑ ፕሮጀክት ፌዴራል ከም ናይ ባቡር፣ መንገዲ፣ ማይ ዝኣመሰሉ ምድንጓይን ምስራዝን፤ ሰብሃብቲ ተጋሩ ልቓሕ ከይረኽቡ፣ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ከይረኽቡን ዘይግቡእ ግብሪ ክኸፈሉን ፀቕጢ ምግባር፤ ናይ ትእምት ትካላት ብዝተፈላለዩ ሽርሕታት ክዳኸማ ምግባርን ካልኦት ዝተፈላለዩ ቁጠባዊ ፀቕጥታት ኣብ ትግራይ ክበፅሕ እናሰርሑ ፀኒሖም ሕጂ’ውን ኣብርቲዖም ክቕፅሉሉ ዝኽእሉ ጉዳይ እዩ። እዞም ፀቕጥታት ህዝብን መንግስትን ብሓባር ኣብ ምምካት ዋላኳ ብዙሕ እንተተሰርሐ እቲ ፀቕጢ ኣብቲ ኢኮኖሚ ፅልዋ ምርኣዩ ኣይተርፈን።

ህዝቢ ትግራይ ድምፂ ክስእንን ዝገብሮ ዘሎ ቃልስታትን ክኹለፍን ካብ ማሕበራዊ ሜድያታት ምዕፋን ሓሊፉ እተን ብበጀትን ሃፍትን ህዝቢ ትግራይ ዝመሓደራን ነቲ ወኪል ህዝቢ ዝኾነ ቤት ምኽሪ ተፀዋዕቲ ዝኾና ሜድያታት ዋላ ንነዊሕ እዋን ኣይሳኻዓሉ እምበር ንምዕፋን ዝኸዶ ርሕቐት ከም ህዝቢ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከምዘሎናን እዚ ናይ ትምክሕቲ ሓይሊ ናዓና ንምስኳን ኩሉ ክገብሮ ዝኽእል ካብምግባር ዓዲ ከምዘይውዕልን ፀረ ህዝብ ሕጊ ዘየኽብርን ምኻኑ ካሊእ ተውሳኺ መረጋገፂ ተግባሩ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ካልኦት ከምዚኦምን ዘይግመቱን ነገራት ክገብር ከምዝኽእል ብምእማት ምንቅስቓስ ኣገዳሲ ይኸወን።

### ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ዝሸርሽሩ ውሽጣዊ ሓደጋታት

ህዝቢ ትግራይ ዝተወደበ፣ ጥርኑፉን ሓበራዊ ረብሓ ንምድንፋዕን ሓባራዊ ስግኣት ንምፍሻል ወይ ፀላኢ ንምስዓር ብሓድነት ዝዓስል ብምዃኑ ኣብ ታሪኹ ዝገጠምዎ ውሽጣውን ደጋውን ፈተነታት ብዓወት ኣፍሺሎዎም እዩ። ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ኣብዚ መድረኽ ዝገጠምዎ ፈተነታት ዘሰጉሞ ዘሎ ቃልሲ እውን ብዓወት ክዛዝሞ ምድንፋዕ ሓድነነትን ሓድነታዊ ቅልፅም ህዝቢ ትግራይን ወሳናይ እዩ።



# መናእሰይን ስፖርትን



ዝተፈላለየ ንጥፈታት መናእሰይን ስፖርትን ዘተኣናግድ መደብ

## ንሃገረይ እንታይ ገይረላ እምበር...!

ብግርማይ ተ/ብርሃን

ንሓንቲ ሃገር ኩሉ መዳይ መሰረታ ኣብ ሕድ ሕድ ገዛ ዘሎ ኣተሓሳስባን ተግባርን እዩ። ሕድ ሕድ ሰብ ቅቡል ብዝበሃል ስርዓትን ኣሰራርሓን ዝዓበየን እንተኮይኑ፣ ህዝቢ እታ ክልል ኮነ ሃገር ሓደ ኮይኑ ክንቀሳቀስ ይራኣይ እዩ። ህዝቢ ሃገርና ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ ዝገልፅዎም ልምድታትን እሴትን ሓደ ተሓጋጊዝካ ምንባር እዩ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ እዋን ታሕጓስ፣ ፀገምን ሓዘንን ብእድር፣ ዕቁብን ካሊእን ይተሓጋገዝ ነይሩን ኣሎን። እዚ ሎሚ ዋላ እኳ ከምቲ ናይ ኣያታትና እንተዘይኮነ ሎሚ ናብ ንቡር ልምዲ ኣያታትና ንምምላስ ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ዝተባባዕ እዩ። ነዚ ኣስፊሕካን ልምዲ ጌርካን ምኻድ ኣድላይን ንፅባሕ ዘይበሃልን ጉዳይ እዩ።

ኣብዘን ክልተ ዓመታት ተረፈመረፍ ስርዓት ደርግ ሰልጣን ብምሓዙ ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ዘይገበሮን ዘይሓሰቦን ነገር የለን። እዚ ንህዝቢ ትግራይ ከም እምኒ ዓረ ክሓብር ጌርዎ እዩ። ዓሚ ትግራይ ዘድልያ ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት ንምቅልጣፍ እቶት ምትእኽኻብ ምኽያዱ ዝፍለጥ እዩ። በዚ ህዝቢ ትግራይ ዘርኣዮ ሓድነት ንዓና ኣደሚሙና ፀላእትና ደው ኢሎም ክሓስቡ ገይርዎም። ህዝቢ ትግራይን ፈተዉትናን ንልምዓት ትግራይ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ 650 ሚልዮን ብር ሓገዝ ክገብር ቃል ኣትዩ፣ ቃሉ ተግቢሩ። በቲ ገንዘብ 96 ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታት ልምዓት ይሳለጡ ኣለዉ። ቫይረስ ኮሮና ምስተራኣየ እውን ህዝቢ ትግራይ ነንባዕሉ ዝገብሮ ዘሎ ምትሕግጋዝ ኣዝዩ ዝናኣድን ዘስደምምን እዩ። ክልቲኦም ተግባራት ሓንሳብ ተራእዮም ከይጠፍኡ ነዚኦም ዓቂብካ ብቀፃልነት ልምዲ ጌርካ ምዕባይ ወሳኒ እዩ።


ኣገልግሎት ሰናይ ተበግሶ ብዘይዝኮነ ኣፈላላይ መንፈስ ሰብኣውነት ብምሓዝ ዝግበር ድጋፍ እዩ። መንፈስ ሰብኣውነት ዘለዎም ኣብ ከባቢኦም ካሊእን ዝነብሩ ውልቀ ሰባትን ማሕበ ረሰብን ብጉልበቶም፣ ፍልጠቶምን ንፁጉማት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ብምሃብን ኢሉ እውን ገንዘባዊ ሓገዝ ብምግባርን ይፍፀም። እዚኣቶም ንዝሃብዎ ኣገልግሎት ክፍሊት ከይሓተቱ ብናፃ ይሰርሑ።

ብብርኪ ዓለም ታሪኻዊ ኣመፃፅኣ ኣገልግሎት ሰናይ ተበግሶ ንፁር ሓበሬታ የለን። ኮይኑ ግና ውልቀ ሰባት ኣብ ዝተፈላለዩ ጊዝያትን ቦታታትን ብድሌቶም ንዝተፀገሙ ንምሕጋዝ ሰብኣዊ ኣገል ግሎት ይህቡ ምንባሮም ይንገር። ኣብነት ብሰናይ ተግባሮም ስሞም ካብ ዝገነኑ ሓደ ስዊዛዊ ሄነሪ ዱና እዩ። ካብ ዓዱ ናብ ጣልያን ከይዱ ንክነግደሉ ዝሓዞ ገንዘብ፣ ብኲናት ዝተጎድኡ ሰባት ብምርካቡ፣ ገን ዘቡ መሳርሕታት ሕክምና ብምግዛእ ክሕከሙ ገይሩ። ድሕሪኡ እውን ብብርኪ ዓለም ትካል ቀይሕ መስቀል ክኽፈት ገይሩ።

ረብሓ ኣገልግሎት ዓርሰ ተበግሶ ዓብዪን ሰፊሕን እዩ። ነዚ ዝተረዳኣ ሃገራት ህዝበን ኣብዚ ዘለዎ ግንዛበ ኣዕብዩ ክኸትት ንምግባር ብዙሕ ሰሪሐንን ኣዝዩ ልዑል ጥቕሚ ዝረኸባሉ ኣለዋ። ንኣብነት ሃገረ ኣሜሪካ ብ2015 ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ በብእዋኑ ህዝባ ብምኽታት፣ ከባቢ 184 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወፃኢ ንሃገሮም ከድሕኑ ክኢሎም




መናእሰይ ኣብ ምልጋስ ደምን ክረምታዊ ወፍርን



እዮም ይብሉ ኣብ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይን ስፖርትን ክልል ትግራይ በዓል ሞያ ምዕባይ ተሳትፎ መናእሰይ ኣይተ የማነ ገ/ሚካኤል።

ኣብዛ ሃገር ዝነበሩ ስርዓት መሳፍንትን ምልካዊ ስርዓት ደርግን ምስተደምሰሰ ብ1996 ዓ/ም ዝወፀ ሃገራዊ ፖሊሲ መናእሰይ፣ ኣብ ክፍሊ ሓሙሽተ ግልጋ ሎት ሰናይ ተበግሶ መናእሰይ ዝተመስረተ ጥንኩር ስራሕቲ ስነ-ከባብያዊ ሓለዋን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ክሳተፉ ከም ዝግባእ ብዝርዝር ተቀሚጡ ይርከብ።

ኣብዛ ሃገር ካብ ዘሎ መንእሰይ ጉልበቱን ፍልጠቱን ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ረብሓ ንክ ውዕል፤ እቲ ሃገራዊ ፖሊሲ ምትግባር፣ ንመናእሰይ ብሜላ ምምራሕ ኣብ ክልሎም፣ ህዝቦምን ስራሕን ዘለዎም ፍቕሪ ክዓቢ ብምግባር መስደመሚ ስራሕ ክሰርሑ ምግባር ይካኣል እዩ። መናእሰይ ኣብ ልምዓት ዓዶም ሓገዝቲ ንክኾኑ ኣብ ሓጋይ ወርሒ መስከረም፣ ኣብ ክረምቲ ነሓሰ ወፍሪ ዓርሰ ተበግሶ ክወፍሩ ትፅቢት ይግበረሎም።

በዚ መሰረት መናእሰይ ክልልና ጊዚኦም፣ ጉልበቶምን ፍልጠቶምን ንረብሓ ህዝቦምን ክልሎምን ከውዕሉ ንምግባር ዓሚ ኣብ ዝነበረ ክረምታዊ ወፍሪ ኣገልግሎት ዓርሰ ተበግሶ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምስረሖም ልዕሊ 24 ሚልዮን ብር ወፃኢ ካብ ምኺን ኣድሒኖም። ሎሚ ዓመት ብፍሉይ ኣምበጣ ናብ ክልልና ምስ ኣተወ ኣብ ዘራእቲ ፀገም ከየብፅሐ ክጠፍእ ገይሮሞ እዮም። መንግስትን ህዝብን ትግራይ ካብ መንእሰይ ዝፅበዮ ከምዚኦም ዝበሉ መስደመምቲ ስራሕቲ ብምስራሕ ልምዕቲ ትግራይ ንምፍጣር ኣብ ዝግበር ዘሎ ርብርብ መራሕትን ተሳተፍትን ክኾኑ ከምዝግባእ ገሊፆም።

ሎሚ ክራማት ነዚ ንምስፋሕን ንምዕባይን 400 ሽሕ መናእሰይን ተምሃሮ ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ኣብ 13 ዓይነታት ስራሕቲ ከም ንኣረጋዉያን ኣካል ጉዱኣትን ምሕብሓብ፣ ገዝኦም ምፅጋን፣ ዝዘርእዎም ዘራእቲ ምፅሃይ፣ ንተምሃሮ ክረምታዊ ትምህርቲ /ቲቶርያል/ ምሃብ፣ ጉድጓድ ፈልስታት ምኹዓት፣ ፈልስታት ምትኻል፣ ደም ምልጋስን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፅሕፈት ኣትዮም ህዝቢ ስሉጥ ግልጋሎት ክረ ክብ ብምግባርን ካልኦትን ልዕሊ 24 ሚልዮን ብር ካብ ወፃኢ ንምድሓን ተተሊሙ ኣሎ።

ስራሕቲ ኣገልግሎት ዓርሰ ተበግሶ ነቶም ተሓገዝቲ ጥራሕ ከይኮነስ እቶም መናእሰይ እውን ብዙሓት ረብሓታት ይረኽብሉ እዮም። ፈለማ ካብ ኣያታቶም ዝተፈላለዩ ትምህርቲ ይወስዱ፣ ፍቕሪ ህዝቢ ክልሎምን ሃገሮምን የዕብዩ፣ ማሕበራዊ ርክቦምን ናብረኦምን የዕብዩ፣ ተሓጋጊዝካ ምንባር ይለምዱ፣ ኣድለይቲ ካብ ዘይኾኑ ቦታታት ይርሕቑ፣ ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ዕግበቶም ካብ ዝኾነ ጊዜ ንላዕሊ ይዓብን ይቐስንን ኮታስ ብዙሕ ረብሓ ይረኽብሉ።

ኣብዘን ክልተ ዓመታት ኣብ ክልልና ምትሕግጋዝ ዓብዩ ኣሎ። እዚ ኣብ ሓደ እዋን ጥራሕ ተራእዩ ዝጠፍእ ክኾን የብሉን። ቐፃልነት ንክህልዎ፣ ምውዳድ ኣብያተ ፅሕፈት ወሳንን ንፅባሕ ዘይባሃልን ጉዳይ እዩ። እዚ እናሃለወ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣመራርሓ ግና ከምቲ ዝድለ ተዋዲዱ ዝሰርሕን ዘስርሕን ኣይኮነን። እቲ ስራሕ ናይ ሓደ ቤት ፅሕፈት ጥራሕ ጌርካ ምርኣይ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ኣመራርሓ ብምህላዉ፤ ክረምታዊ ወፍሪ መናእሰይን ተምሃሮም ከምቲ ዝድለ ውፅኢት ከይርከቦ ይገብሮ ምህላዉ ብምርዳእ ኣመራርሓ ፀገሞም ተረዲኦም ከማዓራርዮ ከምዝግባእ ኣይተ የማነ ሓቢሮም።

እቲ ክረምታዊ ወፍሪ ከምቲ ዝተተለመሉ ውፅኢታዊ ንክኾን ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ መናእ ሰይን ተምሃሮን ልምዲ ገይሮሞ ክዓቢ ንምግባር ወረዳታትን ከተማታትን ንተሳተፍቲ ኣገልግሎት ዓርሰ ተበግሶ ዝወሃብ ምስጋና ወረቀት ብብርኪ ክልል ክብ ንክብል ባይታ ምምዕርራይ ከምዘድሊ ኣይተ የማነ ገሊፆም።<

ኣብዛ ዓለም ብጥበቦም፣ ፖለቲካዊ መሪሕ ነቶምን ካሊእን ዓበይቲ ዝተበሃሉን ኩልሻብ ብህዝቢ ሃገሮምን ዓለምን እናተዘከሩ ዝነብሩ ሙሁራት፣ ፈላስፋታትን ፖለቲከኛታትን ግዚኦም፣ ፍልጠቶም ፀንቂቖም ንሃገሮምን ህዝቦምን ዘውዓሉ እዮም። ካሊእ መግለፂኦም ድማ ፍሉይ ፍቕርን ሓልዮትን ህዝቦምን ሃገሮምን ብተግባር ዘርኣዩ እዮም። ስለውልቃዊ ድሌቶምን ጥዕነኦምን ከይተ ጨነቑ ሓሚሞም እናሃለው እውን ንዓዶምን ህዝ ቦምን ጥራሕ ብምሕሳብ ቀትርን ለይትን ዝሰርሑ እዮም።

እዚኣቶም ሓንሳብ ተራእዮም ዝጠፍኡ እንተይኮኑስ፤ ኩልሻብ ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰባት ከምፀሓይ በሪሆም ስሞም ብደሚቕ ዘፅሓፉ እዮም። እዚኣቶም ዝበዝሑ ዝጥቀምሉ ኣበሃህላ ድማ ኣሎ። ንሱ እውን ኩሉ ሰብ ክኽተሎ ዝግባእ እዩ። “ኣነ ንዓደይን ህዝበይን እንታይ ገይረሎም እምበር ዓደይ እንታይ ገይራትለይ ኣይብሉን” ዝብል እዩ።

እወ እሞ መናእሰይ ትግራይ ጀሚርክምዎም ዘለኹም ንኣረጋውያንን ፅጉማትን ምሕጋዝ፣ ሓድነት ምጥንካር፣ ከባቢካ ምሕላውን ካልኦትን ፎኰስቲ ኣይኾኑን። እዚኣቶም ብምሕያል ኣሰር እቶም ብህዝቢ ዓለም ዝዝከሩን ዝከበሩን ኣተሓሳስበኦምን ተግባሮምን ብምስዓብ ንክልልኩምን ንህዝብኩምን ቀትርን ለይትን ብምስራሕ ሽምኩም ብደሚቕ ታሪክ ክተፅሕፉ ኣለኩም። ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ወፍርታት ካብ ምስታፍ ብተወሳኺ ውልቃዊ ረብሓ ዳሕረዋይ ብምግባር ፈለማ ንህዝብካን ክልልካን ኢሉ እውን ሃገርካ ኢልካ ምንባር ልምዲ ክትገብሩ ይግባእ ክንብል ንፈቱ።

ሕዚ’ውን መስመርና ኣፅኒዕና ንመኸተ !